# ጸሎት እምነትን ምግባርን

ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላክ ብቅድስቲ ሥላሴ እናኣመንኩን እናተማሕፀንኩን ኣብ ቅድሚ እዛ እኖይ ዝኾነት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ሰይጣን እኽሕደካ ኣለኹ። ንሳ'ውን ናይ ዘልዓለም ጸግዐይን ምስክረይን ዝኾነት ማርያም እያ ኣሜን።

## ኣሚኖም ዝጽልይዎ ናይ ሃይማኖት ጸሎት

፩ኛ- ንኩሉ ብዝሓዘ ሰማይን ምድርን ዘርኣን ዘይርኣን ብዝፈጠረ ብሓደ ኣምላክ እግዚኣብሔር ኣብ ንኣምን፡፡

፪ኛ- ብሓደ ጐይታ ብኢየሱስ ክርስትስ ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ወልደ ኣብ ዋሕድ'ውን ንኣምን ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብ ሓቀኛ ኣምላክ ዝተረኽበ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝተወልደ እምበር ዘይተፈጥረ። ብመለኮቱ ምስ ኣብ ማዕረ ዝኾነ ኹሉ ብእኡ ዝተፈጥረ ብዘይካኡ ግን ኣብዚ ምድሪ ዘሎ ይኹን ወይስ ኣብ ሰማይ ዘሎ ይኹን ወላ ሓደ ዝተፈጥረ የልቦን። ምእንታና ምእንቲ ሰብ ምእንቲ ምድሓንና ካብ ሰማያት ዝወረደ ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ሥጋ ለቢሱ ሰብ ኮነ። ሰብ ኮይኑ ድማ ብዘመነ ጴንጤናዊ ጲላጦስ ምእንታና ተሰቅለ መከራ መስቀል ተቐበለ፡ ሞተ ተቀብረ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተጻሒፉ ከም ዘሎ ድማ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምዉታት ተፈልዩ ተንሥአ። ብምስጋናን ብክብርን ናብ ሰማያት ዓረገ ኣብ የማናይ ኣቦኡ ድማ ተቐመጠ ንህያዋንን ንምውታትን ክፈርድ ብክብሪ ክመጽእ እዩ። ንመንግሥቱ'ውን መወዳእታ የብሉን።

፫ኛ- ጐይታን መሕወይን ብዝኾነ ካብ ኣብ ብዝሰረጸ ብመንፈስ ቅዱስ'ውን ንኣምን ምስ ኣብን ወልድን ንሰግደሉን ነመስግኖን ንሱ ድማ ኣብ ነብያት ሓዲሩ ዝናገር እዩ፡፡

፬ኛ. ልዕሊ ኩሉ ብዝኾነት ናይ ሃዋርያት ጉባኤ ብሓንቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ንኣምን፡፡

፭ኛ. ንሕድገት ኃቲኣት ንምስትስራይ ብሓንቲ ጥምቀት ውን ንኣምን»

፮ኛ- ትንሣኤ ሙታንን ንዘልዓለም ዓለም ንዝመጽእ ሕይወትን ተስፋ ንገብር ኣሜን፡፡

## ኣምላክ ዝወለደት ናይ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ጸሎት

ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኸይ በቲ መድኃኒየይ ባህ ይብላ ውርደት ባርያኡ ርእዩ እዩኡ'ሞ እንሆ ካብ ሕጂ ኩሎም ወለዶ ብጽእቲ ክብሉኒ እዮም እቲ ኩሉ ዝክእል ዓበይቲ ነገራት

ገይሩለይ እዩ’ሞ ዝፈርሕዎ ንውሉድ ወለዶ እዩ ብቅልጽም ሥልጣኑ ኃይሊ ገበረ ንዕቡያት ሓሳባት ልቦም በተነሎም ንኃያላት ካብ ዝፋኖም ኣውረዶም ንዝተዋረዱ ከኣ ልዕል ኣበሎም ንጥሙያት ካብ በረኸቱ ኣጽገቦም ንሃብታማት ከኣ ዕራቅቶም ሰደዶም።

ከምቲ ንኣቦታትና ንኣብርሃምን ንዘርኡን ዝነገሮም ንዘልዓለም ምሕረቱ እናዘከረ ንእስራኤል ባርያኡ ተቐበሎ። ንኣብ ንወልድ ንመንፈስ ቅዱስ ንዘልዓለም ዓለም ምስጋና ይኹን ኣሜን። (ሉቃ፩፥ ፵፮-፭)

## ካብ ቅዱስ ያሬድ መዝሙር

ንቤተ ክርስቲያን እንክትብል ብኣደባባይ ብጽፍዒት ዝተጸፋዕካ ወየ።

እዚ ምግባርካ ንዓዓ ብዘኽበረ ስምካ ንኽትቅድሳ እዩ።

ስሌኣ ክብል ተኣሲሩ ዝተጎተተ።

ዝበደሎ በደል ከይሃለወ ርኩስ ምራቅ ክትፍኦ እንከሎ ዝተዓገሰ።

ኣምላክ ኣብ ዕንጨይቲ መስቀል ተሰቅለ።

## ንስኻትኩም’ሲ ከምዚ ጸልዩ

ክትጽልዩ ከሎኹም ከም ግቡዛት ኣይትኹኑ. . . ንስኻስ ክትጽሊ ከሎኻ ናብ ቤትካ እቶ ማዕጾኻ ዕጾ፡ ነቲ ብሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ድማ ብግህዶ ኪኽሕሰካ እዩ ክትጽልዩ ከሎኹም ከኣ ኣህዛብ ብምብዛሕ ዘረባኦም ዚስምዑ ይመስሎም እዩ እሞ ከማታቶም ብኮንቱ ኣይትድገሙ። . . . ንስኻትኩም’ሲ ከምዚ ኢልኩም ደኣ ጸልዩ

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ስምካ ይቀደስ መንግሥትኻ ትምጻእ ፍቃድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ ከምኡ’ውን ኣብ ምድሪ ይኹን። ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና ንሕና ንዝበደሉና በደሎም ከም ዝሓደግናሎም በደልና ሕደገልና ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር ኣብ ፈተና ኣይተእትወና። መንግሥትን ሓይልን ክብርን ንዘልዓለም ናትካ እዩ’ሞ ኣሜን። (ማቴ ፮፡ ፭-፲፫)

ኦ እግዝእትየ ማርያም ብናይ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ሰላምታ ሰላም እብለኪ ። ብህልናኺ ድንግል ኢኺ፡ ብሥጋኺ’ውን ድንግል ኢኺ፡ እኖ እግዚኣአብሔር ጸባኦት ጐይታ ሠራዊት ሰላም እብለኪ ኣለኹ ንስኺ ካብ ኣንስቲ ብርኽቲ ኢኺ። ፍረ ከርስኺ’ውን ብሩክ እዩ። ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ፣ ኦ ፍስሕቲ ደስ ይበልኪ ሓጢኣትና ከስተስርየልና ናብ ፍቁር ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ጸሊኺ ምእንታና ምሕረት ለምንልና።

## ሓደ ኣምላክ ናይ ኩሉ ኣቦ ኣሎ

ከምቲ ብሓንቲ ተስፋ ጽውዓኹም ድማ ሓደ ሥጋን ሓደ መንፈስን እዩ፣ ሓደ ጐይታ ሓንቲ እምነት ሓንቲ ጥምቀት፣ እቲ ልዕሊ ኩሉን ብኹሉን ኣብ ኩሉን ዘሎ ሓደ አምላኽን ኣቦ ኩሉን ንሱ እዩ። (ኤፌ ፬፡ ፬-፮)

## እምነትካ ብሥራሕ ኣርኢ

ኣሕዋተየ ሓደ ሰብ እምነት ኣላትኒ እንተ በለ ግብሪ ግና ካብ ዘይህልዎ እንታይ ይጠቅም፣ እዛ እምነት እዚኣ'ዶ ኸተድሕኖ ትኽእል እያ፧

ሓው ወይ ሓብቲ እንተ ዐረቑ ናይ ዕለት ምግቢ ውን እንተ ሰኣኑ እሞ ንሥጋኦም ዜድሊ ኸይሀብኩምዎም'ሲ ሓደ ካባኻትክም ብሰላም ኪዱ ሙቑ ጽገቡ እንተበሎም እንታይ ይጠቅም፡ ከምኡ ከኣ እምነት ግብሪ እንተ ዘይብላስ ንርእሳ ምውትቲ እያ።

ግና'ኸ ሓደ ሰብ ግዳ እምነት ኣላትካ ኣነ ግብሪ ኣሎኒ ይብል ይኸውን እምበኣርሲ እምነትካ ብዘይ ግብሪ ኣርእየኒ ኣነ'ውን ብግብረይ ገይረ እምነተይ ክርእየካ እየ። ንስኻስ አምላኽ ሓደ በይኑ ምዃኑ ትኣምን ኣሎኻ። ጽቡቅ ገበርካ ኣጋንንቲ'ውን ይኣምኑን ይንቅጥቀጡን እዮም። ግናኸ ኣታ ከንቱ ሰብ እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ ምዃና ክትፈልጥ'ዶ ትደሊ ኢኻ። ኣብርሃም ኣቦ ናይ ንይስሓቅ ወዱ ኣብ መሰውኢ ምስ ኣቅረቦ፡ ብግብሪ ኣይጸደቀን፡ እምነት ምስ ግብሩ ኮይና ከም ዝዐየየት እምነት ብግብሪ ገይራውን ከም እተፈጸመት ትርኢ ኣሎኻ። እቲ ኣብርሃም ንኣምላኽ ኣመኖ ንጽድቂ ኾይኑ ተቖጽረሉ፡ ዝብል ጽሑፍ ተፈጸመ ፍቁር አምላኽ'ውን ተባህለ።

ሰብ ብግብሪ ከም ዝጸድቅ ብእምነት ጥራይ ከም ዘይኮነ ትርእዩ ኣሎኹም። ከምኡ ከኣ ረኣብ እታ ኣመንዝራ ነቶም ልኡኻት ምስ ተቐበለቶም ብካልእ መንገዲውን ምስ ኣውጽኣቶም ብግብሪ'ዶ ኣይጸደቐትን፧ እምብኣርስ (ስለዚ) ሥጋ ብዘይ መንፈስ ምውት ከም ዝኾነ ከምኡ'ውን እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ እያ።(ያዕ ፪፡ ፲፬-፳፮)

## ሕገ ኦሪትን ሕገ ወንጌልን

### ዓሠርተ ቃላተ ኦሪት

፩- ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ፣ ኣብ ሰማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ካብ ዘለዉ ምስልን ስእሊ ዘበለን ንዓኻ ኣይትግበር። ኣይትስገደሎምን ኣይተምልኮምን ድማ።

፪- ናይ እግዚኣብሔር አምላክካ ስም ብከንቱ ኣይትጸውዕ።

፫- መዓልቲ ሰንበት ክትቅድሳ ዘክር ሹድሽተ መዓልቲ ዕየ ተግባርካ ኩሉ ግበር። እታ ሳብዐይቲ መዕላቲ ግና ናይ እግዚኣብሔር አምላኽካ ሰንበት እያ።

፬- ኣቦካን እኖኻን ኣኽብር

፭- ኣይትቕተል

፮- ኣይትመንዝር

፯- ኣይትስረቕ

፰- ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር

፱- ናይ ብጻይካ ቤት ገንዘብ ዘበለ ኩሉ ኣይትተምነ

፲- ንብጻይካ ከም ርእስካ ኣፍቅሮ

(ዘፀ ፳፡ ፪-፲፯ ዘሌዋ ፲፱፡ ፲፰)

## ሕገ ወንጌል ( ንሳውን ናይ ፍጹምነት ናይ ትሩፋት ሕጊ እያ)

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሕገ ርትዕን

በሕገ ትሩፋት ብምፍጻም ናይ ሰማይ ኣቦኹም ፍጹም ከም ዝኾነ ፍጹማን ኩኑ እንዳበለ ዘምሃሮ ናይ ፍቅርን ናይ ፍጹምነትን ሕጊ ፮ቱ ቃላተ ወንጌል እንሆ፥

፩- ነቶም ቀዳሞት እቲ ዝቐተለ ክፍረዶ እዩ እሞ ኣይትቕተል ከም እተባህሎም ሰሚዕኩም ኣለኹም።

ኣነ ግን ንሓው ኣታ ተኸዳኒ ጨርቂ ዝብሎ ድማ ኣብ መጋባእያ ክፍረዶ፣ ኣታ ዓሻ ዝብሎውን ንገሃነም ሓዊ ክፍረዶ እዩ. . .

፪- ኣይትዘሙ ከም እተባህለ ሰሚዕኩም ኣለኹም ኣነ ግና ንሰበይቲ ርእዩ ዝበሃጋ ኩሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ::

፫- ንሰበይቱ ዝፈትሓ ጽሕፈት መፍትሒኣ ይሀባ ተባህለ ኣነ ግን ብዘይ ምኽንያት ዝሙት ንሰበይቱ ዝፈትሓ ዘበለ ኩሉ ዘማዊት ገበራ፡ እቲ ፍትሕቲ ዘእቱ ድማ ዘመወ እብለኩም ኣለኹ። (ንስሓ ምእታዋ'ውን ናይ ንስሐ ኣቡኣን ጎረባብታን መስኪረናላ ተእቱ ኢሎም ሊቃውንቲ ይትርጉሙ) (ትርጓሜ ወንጌለ ማቴዎስ ፭፡ ፴፪)

፬- ነቶም ቀዳሞት ማሕላኻ ንእግዚኣአብሔር ሀቦ እምበር ብሓሶት ኣይትምሓል ከም እተባህለ

ሰሚዕኩም ኣለኹም። ኣነ ግን እብለኩም ኣለኹ ፈጺምኩም ኣይትምሓሉ. . . ብርእስኻ'ውን ኣይትምሓል

ነገር ግን ቃልኩም (ነገርኩምሲ) እወ እወ ኣይኮነን ኣይኮነን ደኣ ይኹን። ካብዚ ዝበዝሐ ካብቲ ክፉእ እዩ።

፭- ዓይኒ ክንዲ ዓይኒ፣ ስኒ ክንዲ ስኒ ማለት ዓይኒ እንተጠፍአ ዓይኑ ይጥፋእ፣ ስኒ እንተሰበረ ስኒ ይስበር ዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣለኹም (ዘፀ ፳፩፡ ፳፬, ዘሌ ዘሌ ፳፬ ፥፳ ዘዳ ፲፱፥፳፩።...

ወእንሰ እብለከሙ ኢትትቃወምዎ ለእኩይ በእኩይ (፩ይ ቆሮ ፮፡፯) (ትርጓሜ ወንጌለ ማቴ ፭፡ ፴፱) ኣነ ግን እብለኩም ኣለኹ ንክፉእ ብክፉእ እይትቃወምዎ። ወኢትማየ ለእኩይ በእኩይ፣ ንክፉእ ሰብ ብክፉእ ግብሪ ከጥፍኦ ኢየ ኣይትበል። “ኣላ ማየ

ለእኩይ በገቢረ ሰናይ"። ከፉእ ግብሪ ብጽቡቅ ግብሪ ኣጥፍኣዮ እምበር ንከፉእ ሰብ ብጽቡቅ ግብሪ ሰዓሮ ደኣ። ናይ ግእዝ ንባብ ምስ ትርጓሜ ሮሜ ፲፪፡ ፳፩)

፯- ብጻይካ ፍቶ ጸላኢኻ ጽላእ ከም እተባህለ ሰሚዕኩም ኣለኹም። ኣነ ግን እብለኩም ኣለኹ፣ ጸላእትኹም ፍተው ንዝረገመኩም መርቑ። ውሉድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ክትኮኑ ንሱ ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ፀሓይ የብርቕ ንጻድቃንን ንኃጥኣንን ድማ ዝናም የዝንም እዩ እሞ፡ ንዝጸልኡኹም ጽቡቕ ግበሩ፣ ስለቶም ዝጸርፉኹምን ዝሰጉኹምን ጸልዩ። ነቶም ዝፈትውኹም እንተ ፈቶኹም እንታይ ዓስቢ ኣሎኩም፣ ቀረጽትስ (ተገውትስ) ከምኡ'ዶ ይገብሩ ኣይኮኑን፣ ነሕዋትኩም ጥራይ ብጽቡቕ እንተ ተቐበልኩም እንታይ ሓለፋ ገበርኩም ኣህዛብሲ ከምኡዶ ይገብሩ ኣየለውን እምብኣር'ከ ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኩም ፍጹም ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ውን ፍጹማት ኩኑ። (ትርጓሜ ወንጌል ማቴ ፭፡ ፵፯-፵፰) ማቴ ፭፡ ፳፩-፵፰)

## ነቲ እከይ ብሰናይ ሰዓሮ

ፍቁራተይ ምፍዳይ ሕነ ናተይ እዩ ኣነ ክፈድዮ እየ፡ ይብል እግዚአብሔር ጽሑፍ እዩ እሞ ነቲ መዓት'ሲ ስፍራ ሕደግሉ እምበር ባዕላትኩም ሕነ ኣይትፍደዩ። ጸላኢኻ እንተ ጠመየ ግና ኣብልዓዮ እንተ ጸምኤ ውን ኣስትዮ። እዚ ብምግባርካ ጉሁር ሓዊ ኣብ ርእሱ ክትከምር ኢካ። ነቲ እከይ ደኣ ብሰናይ ጌርካ ስዐሮ እምበር በቲ እከይ ኣይትስዓሮ (ሮሜ ፲፪፡ ፲፱)

## ፪ቲኡ ትእዛዛት ንኣምላኽካ ኣፍቅሮ ንብጻይካ ኣፍቅሮ

ካባታቶም ሓደ ምሁር ህጊ ክስዕቦ ደልዩ መምህር እታ ዓባይ ትእዛዝ ኣብ ሕጊ ኣየነይቲ እያ ኢሉ ሓተቶ። ኢየሱስ ከኣ ንእግዚኣአብሔር ኣምላኽካ ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅሮ፡፡

እዚኣ እቲኣ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እያ። እታ እትመስላ ካልኣይታ ድማ ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ እያ። ኣብዘን ክልተ ትእዛዛት እዚኣተን ብዘሎ ህግን ነብያትን ተሰቒሉ ኣሎ በሎ። (ማቴ ፳፪፡ ፴፯-፵)

## ፍቅሪ ናይ ሕጊ ፍጻሜ ኢዩ

እቲ ንብጻዩ ዘፍቅር ንሕጊ ፈጺምዎ እዩ እሞ እታ ንሓድሕድኩም ምፍቃር እንተዘይኮይና ንገለ እኳ ዕዳ ኣይሃሉኹም።ኣይትዘሙ፣ ኣይትቕተል፣ ኣይትስረቕ፣ ብሓሶት ኣይትመስክር፣ ኣይትመነ እተባህለ ካልእ ትእዛዝ ውን እንተኮነ በዚ ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ ዝብል ቃል ክቱት እዩ። ፍቅሪ ንብጻያ እከይ ኣይትገብሮን እምብኣርሲ ፍቅሪ መደምደምታ ሕጊ እያ። (ሮሜ ፲፫፡ ፰-፲)

## ሓውካ እንተበደለካ እንታይ ትገብር?

ሓውካ እንተ በደለካ ኪድ ንስኻን ንሱን ኣብ በይንኹም ግንሓዮ። እንተ ሰምዓካ ንሓውካ ረባህኻዮ። እንተዘይሰምዓካ ግን ብኣፍ ክልተ ወይ ሠለስተ ምስክር ኩሉ ነገር ክጸንዕ ሓደ ወይ ክልተ ምሳኻ ውሰድ። ንዓታቶም እንተ ዘይሰምዖም ከኣ ንማኅበር ንገራ ነታ ማኅበር እንተ ዘይሰምዓ ግና ከም ኣረምን ከም ተጋውን (ቀራጺን) ርአዮ።

ሽዑ ጴጥሮስ ቅርብ ኢሉ ጐይታት ሓወይ እንተ በደለንስ ክንደይ ሳዕ ክሓድገሉ ክሳዕ ሾብዓተ'ዶ በሎ። ኢየሱስ በሎ ክሳዕ ሰብዓ ጊዜ ሾብዓተ እምበር ክሳብ ሾብዓተ ጊዜ ኣይብለካን። (ማቴ ፲፰፡ ፲፭-፳፪)

## ኣቀዲምካ ምስ ሓውኻ ተዓረቕ

እምብኣርከ መባእካ ናብ መሠውኢ እንተ ኣምጻእካ ሃውካ ሓዚኑልካ ምህላው ከኣ ኣብኡ እንተ ሓሰብካ ነቲ መባእካ ኣብኡ ኣብ ቅድሚ መሠውኢ ሕደጎ ኪድ ቅድም ምስቲ ሃውካ ተዓረቕ ደሓር ድማ ተመሊስካ መባእካ ኣቕርብ። ምስ መባእስትኻ ድማ ገና ኣብ መንገዲ ከሎኻ ቀልጢፍካ ምስኡ ተዓረቕ እንተዘይኮነስ እቲ መባእስትኻ ንፈራዲ ኣሕሊፉ ከይህበካ ፈራዲውን ንጊልያኡ ናብ ቤት ማሕዩር (ማእሰርቲ) ከኣ ትኣቱ። እታ መወዳእታ ቆድራንቴን (ሳንቲም) ክሳዕ እትፈዲ ካብኣ ከም ዘይትወጽእ ብሓቂ እብለካ ኣለኹ። (ማቴ ፭፡ ፳፫-፳፮)

## ኣቕዲምካ ካብ ዓይንኻ ጉንዲ ኣውጽእ

ብዝፈረድኩምዎ ፍርዲ ክፍረደኩም ብዝሰፈርኩምሉ መስፈር ውን ክስፈረልኩም እዩ እሞ ከይፍረደኩም ኣይትፍረዱ።

ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጉንዲ ዘይፈለጥካስ ንምንታይ'ከ ኣብ ዓይኒ ሓውኻ ዘሎ በሰር እትርኢ፣ ወይስ ከመይ ጌርካ ንሓውኻ ካብ ዓይንኻ በሰር ከውጽኣልካስ ሕደገኒ ትብሎ፡ እንሆ ጉንዲ ኣብ ዓይንኻ ኣሎ፡ ኣታ ግብዝ ቅድሚ ካብ ዓይንኻ ጉንዲ ኣውጽእ። ሽዑ ካብ ዓይኒ ሓውካ በሰር ንምውጻእ ኣጸቢቕካ ትርኢ። (ማቴ ፯፡ ፩-፭)

## ፯ተ ቃላተ ወንጌል ዘይፈጸሙ ይፍረዶም

(ብናይ መወዳእታ ናይ ፍርዲ መዓልቲ ጐይታ ንኃጥኣን ከምዚ ይብሎም)፥ ጠምየ ኣየብላዕኩምንን፣ ጸሚኤ ኣየስተኹምንን፣ ገይሽ ኣይተቐበልኩምንን፣ ዓሪቐ ኣይከደንኩምንን፣ ሓሚመ ተኣሲረ ኣይበጻሕኩምንን።

ንሳቶም ውን ሽዑ ይምልሱ፥ ጐይታይ መዓስ ጠሚኻ ርኢናካ ወይ ጸሚእካ ወይ ጋሻ ኬንካ ወይ ዓኣሪቕካ ወይ ሓሚምካ ወይ ተኣሲርካ ዘየገልገልናካ ኢሎም ይምልስሉ። በቲ ጊዜ እቲ

ካብዞም ናኣሽቱ ንሓደ ዘይገበርኩምሉ ንዓይ ከም ዘይገበርኩሙለይ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ ኢሉ ይምልሰሎም። እዚኣቶም ናብ ናይ ዘለዓለም ስቃይ፡ ጻድቃን ግን ናብ ናይ ዘለኣለም ሕይወት ክኣትዉ እዮም። (ማቴ ፳፭፡ ፵፬-፵፮)

## ናሁ ቃለ ዐዋዲ ዘይሰብክ በገዳም

## (እነሆ ናይ ኣዋጅ ነጋሪ ቃል ብገዳም ዝሰብኽ)

ናይ እግዚአብሔር ቃል ናብ ወዲ ዘካርያስ ናብ ዮሐንስ ኣብ ምድረ በዳ መጽአ። ብነቢይ ብኢሳይያስ ቃለ መጽሓፍ ጎደና እግዚአብሔር ጽረጉ መንገዱ ኣቅንዑ ኩሉ ጉድጓድ ይምላእ፣ ኩሉ እምባን ኮረብታን ትሕት ይበል ኩሉ ጥውይዋይ ዝኾነ ይቅናዕ ድንጉር ይተኻኸል፣ ኩሉ ሥጋ ዝለበሰ ውን ምድሓን እግዚአብሔር ይርአ፣ ተባሂሉ ከምዝተጽሕፈ

ዮሐንስ ነቶም ክጥመቑ ናብኡ ዝመፁ ሰባት ኣቱም ውሉድ ኣትማን ካብቲ ዝመጽእ ቁጥዓ ከተምልጡኽ መን ሓበረኩም፤ እምበኣርከስ ንንስሓ ዝበቅዕ ፍረ ኣፍርዩ እምበር ብልብኹም ኣብርሃም ኣቦ ኣለና ብምባል ኣይትዘሃሩ፣ እግዚአብሔር ንኣብርሃም ካብዘን ኣእማን እዚኣተን ውሉድ ከተስኣሉ ከም ዝክእል እነግረኩም ኣለኹ። እንሆ ማሕፀ ኣብ ሱር ኣእዋም ተቐሪቡ ኣሎሞ ኩሉ ፅቡቅ ፍረ ዘይፈሪ ኦም ክቁረፅ እዩ፣ ናብ ሓዊ ውን ክድርበ እዩ ይብሎም ነበረ።

እቶም ህዝቢ ድማ እንታይ ደኣ ንግበር፤ ኢሎም ጠየቅዎ ንሱ ከኣ ክልተ ክዳን ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይሃቦ፣ ምግቢ ዘለዎ ውን ከምኡ ይግበር ኢሉ መለሰሎም። ተቐበልቲ ቐረፅ ድማ ክጥመቑ መፂኦም “አ መምህር ንሕና’ኸ እንታይ ንግበር፤” ኢሎም ጠየቕዎ። ንሱ ድማ “ካብቲ ዝተኣዘዘልኩም ሕልፊ ኣይትውሰዱ” በሎም። ወታደራት ድማ ንሕና’ኸ እንታይ ንግበር፤ ኢሎም ጠየቕዎ። ንሱ ከኣ “ንሓደ’ኳ ኣይትግፍዑ፣ ብሓሶትውን ኣይትኽሰሱ፣ ደመ ወዝውን ኣይትኽልእዎም በሎም።

እቶም ህዝቢ ኣብ ትዕቢት ነበሩ’ሞ ኩሎም ንዮሐንስ “እዚ እቲ ክርስቶስ ‘ዶ’ኾን ይኸውን፧” እናበሉ ብልቦም ይሓስቡ ነበሩ ዮሐንስ ከኣ “ኣነ ብማይ እየ ዘጥምቐኩም ዘለኹ እቲ ካባይ ዝብርትዕን ኣነ መእሰሪ ኣሳእኑ ንምፍታሕ ዘይበቅዕን ግን ይመፅእ ኣሎ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ከጥምቐኩም እዩ።

ንሱ ዓውዱ ዘፅርየሉ፣ እኽሉ ናብ ቆፎኡ ዝኸተሉ መስአ ኣብ ኢዱ ሒዙ ኣሎ ነቲ ሓሰር ግን ብዘይጠፍእ ሓዊ ከቃጽሎ እዩ ኢሉ መለሰሎም።

ካልእውን ብዙሕ ነገር፣ ነቶም ህዝቢ ይምህሮምን ወንጌል የበስሮምን ነበረ። (ሉቃ ፫፪–፲፰)

## ናይ ኣዋጅ ነጋሪ ናይ መጥምቅ ዮሐንስ ምስክርነት

ኣይሁድ ድማ ንስኻ መን ኢኻ ኢሎም ጠየቅዎ።....... እሱ ድማ (ዮሐንስ መጥምቅ) "ኣነስ ከምቲ ነቢይ ኢሳይያስ መንገዲ እግዚኣብሔር ኣቕንዑ እናበለ ኣብ ምድረ በዳ ዝእውጅ ድምፂ እየ" በሎም።

ንፅባሒቱ ዮሐንስ ንኢየሱስ ናብኡ ክመፅእ እንከሎ ምስ ረኣዮ "ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቕ ናይ እግዚኣብሔር በጊዕ እንሆ በለ"። እቲ ኣነ ብዛዕባኡ እቲ

ብድሕረይ ዝመፅእ ቅድመይ ዝነበረ እዩ'ሞ ንሱ ካባይ ኣመና ይዓቢ ኢዩ ዝበልኩኹም እዚ እዩ ኣነ ኣይፈልጦን ነይረ፣ ንሱ ግና ንእስራኤል ምእንቲ ክግለፅ ኣነ ብማይ እናጥመቕኩ መፃእኩ። መሊሱ'ውን ዮሐንስ ከምዚ ኢሉ መስከረ መንፈስ ቅዱስ ካብ ሰማይ ከም ርግብ ክወርድ እንተሎ ረኣኹ ኣብ ልዕሊኡ'ውን ሓደረ እቲ ብማይ ከጥምቕ ዝለኣኸኒ መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ኣብ ልዕሊኡ ክቕመጥ እንተሎ እትሪኦ ንሱ እዩ ብመንፈስ ቅዱስ ዘጥምቕ ኢሉኒ ደኣ እምበር ኣነስ ኣይፈልጦን ነይረ። ኣነ ባዕለይ ከኣ ረኣኹ፣ ንሱ ወዲ እግዚኣብሔር ምዃኑ ድማ መስከርኩ።( ዮሐ.፩፥፲፱–፴፬)

## ኣውጅ ንህዝበይ ምትሕልላፎም ንገር

ብሓይሊ ዓው በል፣ ኣይትቐጥብ ድምፅኻ ከም መለኸት ዓው ኣብል፣ ንህዝበይ በደሎም ንቤት ያዕቆብ ድማ ኃጢኣቶም ንገሮም በብመዓልቲ ግና ንኣይ ይደልዩ፣ መንገድታተይ ክፈልጡ ድማ ይፈትዉ፣ ከምቲ ፅድቂ ዝገብርን ሕጋጋት ኣምላኹ ዘይሓደገን ህዝቢ ቅኑዕ ፍርዲ ይልምኑኒ ናብ እግዚኣብሔር ክቐርቡ ውን ይደልዩ።

ንምንታይ ጾምና፣ ንስኻውን ኣይተመልከትካናን፣ ስለ ምንታይ'ከ ነፍስና ኣሕሰርና፣ ንስኻውን ኣይፈለጥካናን ይብሉ እንሆ ብመዓልቲ ጾምኩምስ ድልየትኩም ኢኹም እትገብሩ ንግዙኣትኩም ድማ ትገፍዕዎም ኣለኹም እንሆ ንፅልእን ንክርክርን ትጾሙ ኣለኹም ብሕሱም ጉስጢት ውን ትዋቕዑ ኣለኹም። ድምፅኹም ኣብ ላዕሊ ከም ዝስማዕ ጌርኩም፥ ሎሚ ኣይትጾሙን ዘለኹም። እቲ ኣነ ዝመረፅክዎ ጾም እዚይ ድዩ፣ ሰብከ ንነፍሱ ዘሕሰረሉ ብከምዚይ ዝበለ መዓልቲ ድዩ፣ ከም ሰልሰለት ርእስኻ ምድናንን ወጮ ተኸዲንካ ሓመድ መንፀፍካ ምግባርን ድዩ፣ ብሓቂ ነዚይ ዲኻ ብእግዚኣብሔር ዝተፈተወ መዓልቲ ጾም እትብሎ ዘለኻ፣

እምበኣር ኣነ ዝመረፅክዎ ጾም እዚይ'ዶ ኣይኮነን፥ ናይ ግፍዒ ሰንሰለት ክትፈትሁ ንማእሰርቲ ኣርዑት ክትፈትሑ ንጭቁናት ሓራ ከተውፅኡ ንኩሉ ኣርዑት ክትሰብሩ'ዶ ኣይኮነን፣ እንጀራኻ ንጥሙይ ከተካፍል ነቶም ዝተሰደዱ ድኻታት ኣብ ቤትካ ከተእቱ ዕሩቕ እንተ ርኢኻ ክትኸድን ካብ ዘመድ ሥጋኻ ውን ከይትሕባእዶ ኣይኮነን፣ ሽዑ ብርሃንካ ከም ጱራ ወጋሕታ ክበርህ ፈውስኻውን ቀልጢፉ ክበቍል ጽድቅኻ ቀቅድሜኻ ክኸይድ ክብሪ እግዚኣብሔር ድማ ብድሕሬኻ ኮይኑ ክሕልወካ እዩ። ሽዑ ክትፅውዕ ኢኻ እግዚኣብሔር ከኣ ክምልሰልካ እዩ። ከተእዊ ኢኻ ንሱ ድማ እነሆኹ ክብለካ እዩ። (ኢሳ ፶፰፥፩-፱)



## ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን

# ቃለ ዓዋዲ






ማር ፩፡ ፲፭

ናይ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ሓድነትን ኣስተዳደርን ንምጥንካር

ብ ፳፻፱ ዓ.ም ንራብዓይ ጊዜ ተመሓይሹ ዝወጸ

ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ደንቢ (ሥርዓት)

## ስለ ማኅበረ እስጢፋኖስ ምርጫ፤ ስለ ማኅበረ ምእመናን ናይ ገንዘብ

## ኣስተዋጽኦን ስለ ፍትሕ መንፈሳዊ

## ስለ ማኅበረ እስጢፋኖስ ምርጫን ሹመትን

ሽዑ እቶም ዓሠርተ ክልተ ሐዋርያት ንኹሎም ደቀ መዛሙርት ኣኪቦም፥ “ንሕና መኣዲ ክንሰርዕ ክንብል ቃል እግዚአብሔር ምስባኽ ክንሓድግ ኣይግብኣናን እዩ ስለዚይ ኣቱም ኣሕዋትና ነዚ ጉዳይ እዚይ ክንሸሞም ካባኻትኩም ብፅቡቕ ዝተመስከረሎም መንፈስ ቅዱስን ጥበብን ዝመልኦም ሸውዓተ ሰባት ሕረዩ፣ ንሕና ግና ኣብ ጸሎትን፣ ኣብ ምምሃር ቃሉን ክንተግህ ኢና” በልዎም። እዚ ዘረባ እዚይ፥ ንኹሉ እቲ ህዝቢ ኣሐጎሰ፣ ነቲ እምነትን መንፈስ ቅዱስን ዝመልኦ ሰብ እስጢፋኖስን ንፊልጶስን ንጰሮኮሮንን ንኒቃሮናን፣ ንጢሞናን፣ ንጳርሜንና ነቲ ናብ እምነት ኣይሁድ ኣትዩ ዝነበረ ኒቆላዎስ በዓል ኣንፆኪያን ድማ ሓረዩ። ነዚኣቶም ኣብ ቅድሚ ሐዋርያት ኣቆምዎም ንሳቶም ውን ጸለዩሎም ኣእዳዎም ከኣ ኣንበሩሎም(ግብ. ሐዋ ፮፥፪-፮)

## ስለ ማኅበረ ምእመናን ናይ ገንዘብ ኣስተዋጽኦ

እቶም ዝኣመኑ ኩላቶም ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ነበሩ፣ ንብረቶም ብምሉኡ ናብ ሓባር ደኣ ነበረ እምበር ካብኣቶም ሓደ’ኳ እዚይ ናተይ እዩ ዝብል ኣይነበሮምን። ሃዋርያት ከኣ ብዛዕባ ትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዓብዩ ኃይሊ ይምስክሩ ነበሩ፣ ኣብ ኩሎም ድማ ዓብዩ ሞገስ ነበረ። ኩላቶም መሬት ወይ ኣባይቲ ዘለዎም ሸይጦም ዋጋ እቲ ዝተሸጠ ኣምፂኦም ኣብ ጥቃ እግሪ ሐዋርያት የንብርዎ ነበሩ። ንሳቶም ውን ንነፍሲ ወከፍ ከከምዘድልዮ ይመቅልዎ ነበሩ። ስለዚይ ሓደ እኳ ዝሸግሮ ሰብ ኣይነበሮምን። (ግብ ሐዋ ፬፡፴፪-፴፭)

ብዛዕባ እቲ ነቶም ቅዱሳን ክኸውን ዝዋፃእ ገንዘብ ድማ ኣብ ገላትያ ንዘለዉ ምእመናን ከም ዝሰራዕኽዎ፥ ንስኻትኩም ውን ከምኡ ግበሩ። እቲ ምውፃእ ገንዘብ ኣነ ምስ መፃእኩ ምእንቲ ከይከውን ነፍሲ ወከፍኩም ከከም እቶቱ ኣዋህሊሉ ኣብ ገዝኡ የቐምጥ። ኣነ ምስ መፃእኹ ድማ ነቲ ውህብቶኹም ናብ ኢየሩሳሌም ምእንቲ ከብፅሑ ነቶም ዝሓረኹምዎም ሰባት መልእኽቲ ኣትሒዘ ክሰዶም እየ። ኣነ ክኸይድ ዘድሊ እንተ ኮይኑ ድማ ምሳይ ይኸዱ።

ብመቄዶንያ ክሓልፍ እየ’ሞ ናብ መቄዶንያ እንክሓልፍ ናባኻትኩም ክመፅእ እየ። ናብቲ ዝኸዶ ዓዲ ምእንቲ ከተፋንዉኒ ምናልባሽ ምሳኻትኩም እፀንሕ ወይ እከርም እኸውን እየ።(፩ይ ቆሮ ፲፮፡ ፩-፮)

## ስለ ፍትሒ መንፈሳዊ

ቅዱሳን ንዓለም ከም ዝፈርዱ’ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፤ ንዓለም

እትፈርዱ ካብ ኮንኩም ደኣ ነዚ ኣናእሽተይ ነገራት ንምፍራድ ከመይ ዘይትበቕዑ፧ ኣብ መንጎ ኣመንቲ ክዓርቅ ዝኽእል ለባም ሰብ’ዶ የብልኩምን፧ እኳ ደኣ ሓው ንሓው ኣብ ቅድሚ እቶም ዘይኣምኑ ይኸስስ ኣሎ።

ኣብ ነንሕድሕድኩም ምክሳስ ምህላው ብርግፅ ውርደት እዩ እንተትብደሉ’ዶ ኣይምሓሸን፧ እንተትግፍዑ’ዶ ኣይምሓሸን፧ መሕልፎ ንስኻትኩም ነሕዋትኩም እንተዘይተረፈ ትብደሉን ትገፍዑን ኣለኹም። (፩ይ ቆሮ ፮፡ ፩-፰)

# (መውጽኢ)

መእተዊ.......................................................................................................................ሀ

## <u>ምዕራፍ ፩</u>

## <u>ጠቕላላ ድንጋጌታት</u>

### <u>ዓንቀጽ ፩</u>

ሓጺር ኣርእስቲ .........................................................................................................፩

### <u>ዓንቀጽ ፪</u>

### <u>ትርጓሜ</u>

፩.“ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ” ማለት ......................................................................፩

፪. “ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ” ማለት ብኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን......፪

## <u>ምዕራፍ ፪</u>

በብደረጅኡ ዝተቛቛሙን ዝቛቖሙን ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ናይ ውዕል ውሳኔታት (ድንጋጌታት).............................................................................፫

### <u>ዓንቀጽ ፫</u>

ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ምቋቋም ........................................................................................................................፫

### <u>ዓንቀጽ ፬</u>

ናይ ሰበካ መንፈሳውያን ጉባኤታት ምድርጃው (ምውቅቓር)...................................፬

### <u>ዓንቀጽ ፭</u>

ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዕላማ.........................................................................፬

### <u>ዓንቀጽ ፮</u>

ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ተግባር......................................................................፭

## ምዕራፍ ፫

ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣመሠራርታን ምውቓርን.....፯

## ዓንቀጽ ፯

፩. ኣመሠራርታ.........................................................................................................፯

፪. ኣወቓቕራ.............................................................................................................፯

## ዓንቀጽ ፰

ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣፈጻጽማ ሥራሕ.................፰

## ዓንቀጽ ፱

ናይ ኣምራጺ ኮሚቴ ተግባርን ኣፈጻጽማ ሥራሕን..................................................፲

## ዓንቀጽ ፲

ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ኣባላት..........................................................................................................፲፩

፩. ናይ ኣባላት ዓይነትን ዝሓትን.......................................................................፲፩

፪. ናይ ኣባላት ኣመራርጻ..............................................................................................፲፪

## ዓንቀጽ ፲፩

ንምርጫ ምምሕያሽ፡ ምስዓርን ምጽዳቅን ስለ ተመረጽቲ ናይ ኣገልግሎት ዘመን..........................................................................................................................፲፬

## ዓንቀጽ ፲፪

ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ሥልጣንን ተግባርን..........................................................................................፲፯

## ዓንቀጽ ፲፫

ናይ ኣጥቢያ ሰበካ ቤተክርስቲያን ኣማሓዳሪ ሥልጣንን ተግባርን.........................፳፩

**ዓንቀጽ ፲፬**

ናይ ኣጥቢያ ምምሕዳር መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ም/ኣካቢ (ጠርናፊ) ሥልጣንን ተግባርን........................................................................................................................፳፫

**ዓንቀጽ ፲፭**

ስለ ገዳማት ምምሕዳርን ሥርዓተ ምንኩስናን...........................................................፳፬

**ምዕራፍ ፬**

ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤትን ክፍልታት ሥራሕን (ናይ ሥራሕ ክፍልታትን)...........................................................................................፳፱

**ዓንቀጽ ፲፮**

ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤትን ናይ ሥራሕ ክፍልታት ምቁቋምን፣ ናይ ሥራሕ ኃለፍቲ ምርጫን ናይ ኣገልግሎት ዘመንን..፳፱

**ዓንቀጽ ፲፯**

ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ዋና ጸሓፊ ሥልጣንን ተግባርን........................................................................................................................፴፩

**ዓንቀጽ ፲፰**

ናይ ስብከተ ወንጌል ሥራሕን ሓላፍነትን.................................................................፴፫

**ዓንቀጽ ፲፱**

ናይ መንፈሳዊ ትምህርቲ ክፍሊ ሥራሕን ሓላፍነትን..............................................፴፬

**ዓንቀጽ ፳**

ናይ ካህናት ኣገልግሎት ክፍሊ ሥራሕን ኃላፍነትን...................................................፴፯

**ዓንቀጽ ፳፩**

ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ሰንበት...................................................፴፱

**ዓንቀጽ ፳፪**

ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ናይ ዕቅድን ልምዓትን..................................................፵፩

**ዓንቀጽ ፳፫**

ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ናይ ምግባረ ሠናይ (ገባሪ ሠናይ)................................፵፪

**ዓንቀጽ ፷፬**

ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ሕጊ........................................................................................፵፬

**ዓንቀጽ ፷፭**

ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ናይ ንብረት፣ ናይ ንዋየ ቅድሳትን ናይ ቅርሳ ቅርስን..............................................................................................................................፵፭

**ዓንቀጽ ፷፮**

ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ሕሳብ......................................................................................፵፮

**ዓንቀጽ ፷፯**

ሥራሕን ኃላፍነትን ገንዘብ ቤት........................................................................................፵፯

**ዓንቀጽ ፷፰**

ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ቁጽጽር.....................................................................................፵፱

**ዓንቀጽ ፷፱**

ሥራሕን ኃላፍነትን ናይ ክፍሊ ሥራሕ ሕንጻን ጽገናን ምሕዳስን..........................፶፩

**ዓንቀጽ ፸**

ኃላፍነትን ሥራሕን ክፍሊ ኣኃዛዊ መረዳእታ (ስታትስቲክስ)................................፶፬

**ምዕራፍ ፭**

ስለ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤትን ናይ ሥራሕ ክፍልታትን.....................፶፭

**ዓንቀጽ ፸፩**

ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ናይ ክፍልታት ሥራሕን ሥልጣንን ተግባርን ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣመሠራርታን ኣቋምን.......................፶፭

**ዓንቀጽ ፸፪**

ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት..........................................................................፶፮

**ዓንቀጽ ፸፫**

ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ሥልጣንን ተግባርን...........................................፶፯

**ዓንቀጽ ፸፬**

ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ኣባላት..............................................................................................................................፶፰

**ዓንቀጽ ፸፭**

ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ (ናይ ሥራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ) ሥልጣንን ተግባርን.......................................................................................................፶፰

**ዓንቀጽ ፴፮**

ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ጽ/ቤት......................................................................................፷

**ዓንቀጽ ፴፯**

ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ ሥልጣንን ተግባርን..................................፷፩

**ምዕራፍ ፮**

ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ቤት-ጽሕፈት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ሥልጣንን (መዝነትን) ተግባርን..............................................፷፫

**ዓንቀጽ ፴፰**

ኣመሠራርታን ኣወዳድባን ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ...............................................................................................................................፷፫

**ዓንቀጽ ፴፱**

ኣባላት ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ..................................፷፬

**ዓንቀጽ ፵**

ሥልጣንን (መዝነትን) ተግባርን (ዕማምን) ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት........................................................................................................፷፭

**ዓንቀጽ ፵፩**

ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ኣባላት ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ)........................................................................................፷፮

**ዓንቀጽ ፵፪**

ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሥልጣንን ዕማምን ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ)........................................................፷፯

**ዓንቀጽ ፵፫**

ቤት ጽሕፈት መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት..........................................................፸

**ዓንቀጽ ፵፬**

መዝነትን (ሥልጣንን) ዕማምን (ተግባርን) ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት....................፸፩

**ዓንቀጽ ፵፭**

መዝነትን ተግባርን ኣካያዲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት.....................................................፸፫

**ምዕራፍ ፯**

ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ..................................................፸፬

**ዓንቀጽ ፵፮**

ኣመሠራርታን ኣወዳድባን ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ..........................................................................................................................፸፬

**ዓንቀጽ ፵፯**

ኣባላት ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ..................................፷፭

**ዓንቀጽ ፵፰**

ሥልጣን (መዝነትን) ዕማምን ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ.....................................................................................................፷፮

**ዓንቀጽ ፵፱**

ኣባላት ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ (ኮሚቴ ፈጻሚ ሥራሕ).....................................................................................................፷፯

**ዓንቀጽ ፶**

ሥልጣንን ዕማምን ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ (ኮሚቴ ፈጻሚ ሥራሕ)..........................................................................፷፰

**ዓንቀጽ ፶፩**

ቤት ጽሕፈት ጠቅላሊ ቤተ ክህነት መንበረ ፓትርያርክ ብመሠረት ዓንቀጽ ፩ ሕገ ቤተ ክርስቲያን.....................................................................................................፷፱

**ዓንቀጽ ፶፪**

ሥልጣንን (መዝነትን) ዕማምን ፓትርያርክ.................................................................፸

**ዓንቀጽ ፶፫**

መዝነትን ዕማምን ጠቅላሊ ኣካያዲ ሥራሕ...............................................................፸፩

**ዓንቀጽ ፶፬**

ብዛዕባ ምክትል መራሒ ሥራሕ ጠቅላሊ ቤተ ክህነት..........................................፸፫

**ምዕራፍ ፰**

ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት.........................................................................................፸፫

**ዓንቀጽ ፶፭**

ሥነ ሥርዓት ኣመራርሓን (መሪሕነትን) ተወሳኺ ናይ ኣኼባ ግዜ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት.......................................................................................፸፫

**ዓንቀጽ ፶፮**

ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ኣታዊታት ቤተ ክርስቲያን.......................................................፸፬

**ዓንቀጽ ፶፯**

ብዛዕባ ዝተፈላለየ ወጻኢታት ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን................................................፸፯

**ዓንቀጽ ፶፰**

ኣመዘጋግባን ኣታሕዛን ንዋያትን ታሪኻዊ ሓድግታትን..........................................፸፰

**ዓንቀጽ ፺፱**

ብዛዕባ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዝሽየሙ ዝቖጸሩን ብወለንታ ዘገልግሉን................፹፱

**ዓንቀጽ ፻**

መሰልን ግቡእን ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ካህናትን ካልኦት ሠራሕተኛታትን................................................................................................፺፫

፩. መሰል................................................................................................................................፺፫

፪. ግቡእ (ግዴታ)................................................................................................................፺፭

**ዓንቀጽ ፻፩**

መሰልን ግቡእን ናይ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ምእመናን............................................፺፯

፩. መሰል.................................................................................................................................፺፯

፪. ግዴታ................................................................................................................................፺፰

**ዓንቀጽ ፻፪**

ናይ ኣገልገልቲ ካህናት ብዝሒ ስለምውሳን................................................................፺፱

**ዓንቀጽ ፻፫**

እዚ ቃለ ዓዋዲን ሕገ ቤተክርስቲያንን ኣብ ልዕሊ ዝተሓላለፍ ዝወሃብ ውሳኔ....፻

**ዓንቀጽ ፻፬**

ናይ ኣፈጻጽማ ሥነ ሥርዓት.........................................................................................፻፩

**ዓንቀጽ ፻፭**

ናይ ኣፈጻጽማ ወሰን...........................................................................................................፻፫

**ዓንቀጽ ፻፮**

ምምሕያሽ ቃለ ዓዋዲ..........................................................................................................፻፫

**ዓንቀጽ ፻፯**

ቃለ ዓዋዲ ዝደንዓሉ ጊዜ..................................................................................................፻፫

# <u>በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ</u>

## <u>ናይ ቅድስቲ ቤተክርስቲያን ሓድነትን ምምሕዳርን ንምጥንኻር ብ፳፻፱ ዓ.ም ንራብዓይ ግዜ ተመሓይሹ ዝወጸ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ቃለ ዓዋዲ</u>

## <u>መእተዊ</u>

ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ብካህናትን ብምእመናንን ኅብረት ብሰበኻ ጉባኤ ንክደረጀው ተሓሲቡ ብትእዛዝ ኣዋጅ ቁጽሪ ፹፫/፳፰ ተፈቒዱ ጥቅምቲ ዕለት ፲፰ ፲፱፻፳፰ ዓ.ም ተሓቲሙ ዝወጸ ቀዳማይ ዓመት ቁጽሪ ፮ ቃለ ዓዋዲ፣ ሚያዝያ ዕለት ፲፱ ፲፱፻፸ ዓ.ም ተመሓይሹ ዝወጽአ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መመሓየሺ ቃለ ዓዋዲ፣ ታሕሣሥ ዕለት ፲ ፲፱፻፸፬ ዓ.ም ተሓቲሙ ዝወጸ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መመሓየሺ ደንቢ፣ ግንቦት ዕለት ፱ ፲፱፻፸፯ ዓ.ም ዝወጽአ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መመሓየሺ ናይ ውሽጢ ደንቢ (ሕጊ)፣ ብ ፲፱፻፺፩ ዓ.ም ንሣልሳይ ጊዜ ዝተመሓየሸ ቃለ ዓዋዲ ከምኡ'ውን በብጊዚኡ ዝተሓላለፉ መምሪሕታት ምምሕያሽን ብሓድነት ንኽጠቃለሉ ምግባር ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ቤተ ክርስቲያን ብማኅበረ ካህናትን ምእመናንን ምድርጃዋ ብሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ምምሕዳር ምምርሓ፣ ካብ ጥንቲ ዘሎ እምበር ሓድሽ ዘይምዃኑ ብታሪክ ቤተክርስቲያንን ብቅዱሳት መጻሕፍትን ዝተጻሕፈን ብፍላይ ንግብረ ሐዋርያት መሠረት ብምግባር፣

ኣመራርሓን ምምሕዳራን ብሐዋርያት ኣብ ኢየሩሳሌም ኣብ ዝተገብረ ጉባኤ ተመክሮን ተወሲኑ ብዝተሃላለፈ ሕግን ሥርዓትን ይምራሕን ብማኅበር ካህናትን ምእመናንን ጠቕላላ (ብሓፈሻዊ) ጉባኤ ብዝተመረጹ ቅዱስ መንፈስ ብዝሓደኖም ኃለፍቲ ሥራሕ ኣፈጻጽማ ይካየድ ከም ዝነበረ ብምግንዛብ (ግብ.ሐዋ ፲፭፡ ፮-፲፭)።

ሃብታን ንብረታን ካብ ምእመናን ብኣስተዋጽኦ ተኣኪቡ ንኣገልገልታ መመሓደሪ፣ ንሐዋርያዊ መካየዲ ሥራሕን፣ ንዝተሸገሩ

መርድኢ ንኽውዕል ምግባሩ ብምርዳእ (ግብ.ሐዋ ምዕ ፬፡፴፪፡ ምዕ ፭፡፲፩፡ ፩ይ ቆሮ ምዕ ፲፮፡ ፩-፲፩)


ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን ዘይምርድዳእ ተተፈጢሩ መንፈሳዊ ፍትሂ ምርኣይን ምውሳንን ዘለዎ ኮይኑ ብምግንዛብ (፩ይ ቆሮ ምዕ ፮፡፩-፰)

ብቅዱሳት መጻሕፍቲ ማለት (ብኦሪት ዘሌ ምዕ ፳፯፡ ፳፮-፴፫፣ ዘዳ ምዕ ፲፬፡፳፪፣ ዘኁ ምዕ ፲፰፡፳-፳፱፣ ትን. ሚል ምዕ ፫፡፯-፲፪፣ መጽ. ሲራክ ምዕ ፯፡፴፩-፭፪፣ ፴፪፡፲-፲፫፣ ፩ይ ቆሮ ምዕ ፲፮፡፩-፭፣ ግብ.ሐዋ ምዕ ፬፡፴፪-፴፮) ከም ዝተደንገገ ካህናትን ምእመናንን ካብ ዝርከቡ ካብ ኩሉ ሃብትን ንብረትን ንቤተ መቅደስ እግዚአብሔርን ንኣገልገልታ ካህናትን፣ ቀዳምያትን፣ ኣሥራትን፣ በኲራትን ምክፋል ክርስቲያናዊ ግዴትኦም ንምኽኑ ንምፍላጥ፣

ብሓፈሻ ቤተ ክርስቲያንና ብምምሕዳር ብፍትሒ መንፈሳዊ፣ ብሸነኽ ኣገልግሎትን ብምጣኔ ሃብትን ብናታ ሕግን ሥርዓትን ብኣመራርሓን ብምድርጃው ንኽትሠርሕ ንምግባር።

በብደረጅኡ ንዝተቋቋሙን (ንዝተደረጀውን) ንዝቋቆሙ ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ነናይ ርእሶም ሕጋዊ ምድርጃው ንምጥንኻርን ድርጅታት ብዝተፈላለየ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ንምምላእ፣ ዝግብኦምን ሥልጣንን ተግባርን ብቤተ ክርስቲያን ሲኖዶስ ሕግን ደንብን ምድንጋግ (መውሳን) ኣድላይ ስለ ዝኾነ።

ናይ ኩሉ ሕግጋት በዓል ቤት ብዝኾነ ብልዑል እግዚአብሔር ሓገዝ (ሓጋዝነት) ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝበሎ መንፈሳዊ ሥልጣን መሠረት ካብዚ ቀጺሉ ዝተመከተ ቃለ ዓዋዲ ኣውጺኦም።


ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጠቅላላ ጉባኤ
ኩሉ ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን
ናይ ካህናትን ምእመናንን ጠቅላላ ኣኼባ
ናይ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ
(ናይ ሥራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ)
ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ጽ/ቤት
(ናይ ቤተ ክርስቲያን ጽ/ቤት)
ናይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ክፍሊ
ናይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ክፍሊ
ናይ ስብከተ ወንጌል ክፍሊ
ናይ ካህናት ኣገልግሎት ክፍሊ
ናይ ቁጽጽር ኣገልግሎት ክፍሊ
ናይ ሰንበት ት/ቤት ክፍሊ
ናይ መንፈሳዊ ትምህርቲ ክፍሊ
ናይ ምግባረ ሠናይ ክፍሊ
ናይ ንብረተን ታሪኻዊ ቅርስን ክፍሊ
ናይ ገንዘብ ቤት
ናይ ሕሳብ ክፍሊ
ናይ ሕንጻ ሥራሕ ጽገናን ሕድሳትን ክፍሊ
ናይ ስታቲስቲክስ ክፍል

# ስለ ካህናት ተልእኾን ስለ ሢመተ ክህነትን

## ናይ ካህናት ተልእኾ

እንሆ ኣነ ከመባጊዕ ናብ ማእከል ተኹሉ እልእኸኩም ኣለኹ ስለዚ ከም ተመን ለባማት ከም ርግቢት'ውን የዋሃት ኩኑ (ማቴ ፲፡ ፲፮)

ከምዚ'ውን በሎም " ናብ ኩሉ ዓለም ኪዱ ንኹሉ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹ እቲ ዝኣመነን ዝተጠምቐን ክድሕን እዩ፣ እቲ ዘይኣመነ ግን ክኹነን እዩ (ማር ፲፮፡ ፲፭-፲፮)

"እምበኣር ኪዱ እሞ ንኩሎም ኣህዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈሳ ቅዱስን እናጥመቕክምዎም፣ ነቲ ኩሉ ዝኣዘዝኩኹም ደቀ መዛሙርት ግበርዎም እንሆ ኣነ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩልሻዕ ምሳኻትኩም እየ። (ማቴ ፳፰፣ ፲፱-፳)። "ሽዑ እቶም ዓሰርተ ክልተ ሓዋርያት ንኩሎም ደቀ መዛሙርት ኣኪቦም "ንሕና ማኣዲ ክንሰርዕ ክንብል ቃል እግዚአብሔር ምስባኽ ንክሓድግ ኣይግብኣናን እዩ ንሕና ግና ኣብ ጸሎትን ኣብ ምምሃር ቃሉን ክንተግህ ይግብኣና (ግብ.ሓዋ ፮፡ ፪-፬)።

"ግና'ኸ ብእኡ እንተዘይ ኣመኑ ከመይ ኢሎም ክፅዕዎ እዮም፤ ብዛዕባኡ እንተዘይ ሰምዑ'ኸ ከመይ ገይሮም ብእኡ ክኣምኑ እዮም፤ ብዘይ ሰባኺ'ኸ ከመይ ገይሮም ክሰምዑ እዮም፤ ከምቲ መጽሓፍ "ኣእጋር እቶም ሰናይ ዜና ዘበስሩ ከመይ ፅቡቓት እየን" ዝበሎ እንተ ዘይተልኣኹ'ኸ ከመይ ገይሮም ክሰብኩ እዮም፤ ግና ከምቲ ኢሳይያስ "ጐይታይ ንምስክርነትና መን ኣመኖ፤ ዝበሎ ኩላቶም ንቃል ወንጌል ኣይተኣዘዙን እምበኣር ምእማን ካብ ምስማዕ እዩ፣ እቲ ምስማዕ'ውን ብቃል እግዚአብሔር እዩ (ሮሜ ፲፡ ፲፬-፲፯)

ኢየሱስ ንስምኦን ጴጥሮስ "ስምኦን ወዲ ዮና ካብዚኣቶም ትፈትወኒ ዲኻ፤" በሎ ንሱ ከኣ "እወ ጐይታ፣ ኣነ ከም ዝፈትወካ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ" ኢሉ መለሰሉ። ኢየሱስ ከኣ "መሓሲኣይ ሓሉ በሎ። ንካልኣይ ጊዜ ከኣ ኣባጊዐይ ሓሉ በሎ ንሳልሳይ ጊዜ ድማ ኣባጊዐይ ኣብልዕ በሎ። (ዮሐ ፳፩፡ ፲፭-፲፯)።

ነቲ ምሳኻትኩም ዘሎ መጓሰ ኣምላኽ ጓስይዎ ብፍታው ከም ፍቓድ ኣምላኽ እምበር ብግዲ ኣይኹን ብታሕጓስ እምበር ምእንቲ

ከንቱ ረብሓውን ኣይኹን፡ ነቲ መጓሰ ኣርኣያ እናኮንኩምዎ እምበር ኣብተን ማሕበራት ከም ጐይቶት ኣይትኹኑ። እቲ ሓለቓ ጓሶት ምስ ተገልጸ ድማ ዘይጽምሉ ኣኽሊል ክብሪ ክትቅበሉ ኢኹም። (፩ጴጥ ፭፡፪-፬)።

ስለዚ ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ናይ እግዚአብሔር ቤተ ክርስቲያን ክትጓስዩ መንፈስ ቅዱስ ጳጳሳት ገይሩ ንዝሾማ ንመጓሰ ኩሉን ንዓኹምን ሓልው። (ግብ.ሓዋ ፳፡፳፰)

**ሢመተ ክህነት**

፩. "እሙን ነገር" ነገሩ ጽቡቅ ኢዩ። ዘይፈቅድ ይሾም ጳጳስ ሠናየ ግብረ ፈተወ (ግብ.ሓዋ ፳፡፳፰)- ቅስና ክሽየም ዝፈተወ ጽቡቅ ገበረ ተፈቲዩ ኣይኮነን በቂው ምስ ዝርከብ ኢዩ።

፪. ወባሕቱ ርቱዕ ይሠየም ጳጳስ ዘኢይደሉ ለገጽ (ዘሌ ፳፺፣ ቲቶ ፩፡፺-፺)

ነገር ግን ብፍርዲ ብጸሎት ብትምህርቲ ብምጽዋት ገጽ ሪኡ ዘየዳሉ ክሽየም ይግባእ። ዘኣልቦ ምኽንያት ምኽንያት ሓጢኣት ዘይብሉ። ዘአሐተ ብእሲተ ኣውሰበ ዘይደጋገመ (ድንግል ኣይሾም ኣይበለን)። ብእሲ ንቁህ ከንዋመ ሐኬት ዝነቅሐ። ወጠቢብ በሊሕ ኣስተውዓሊ። ወመፍቀሬ ነግድ። ተቀባሊ ጋሻ። ዘአንጽሀ ርእሶ። ሰውነቱ ካብ ሓጢኣት ዝፈለየ (ዘንጽሐ) መምህር ወመገሥጽ ዝመክር ዝግሥጽ።

፫. ዘኢያበዝኅ ሰትየ ወይን (ዘሌ ፲፰፡፱፣ ቲቶ ፩፡፺) መስተ ዘየብዝሕ። ዘኢያፈጥን እዴሁ ለዘቢጥ። ቀልጢፉ ዘይዋቓዕ። ኣንድም ቀልጢፉ ዘይግዝት ባቁዕ። መኺሩን ኣስተምሂሩን ዝረብሕ ዝጠቅም። ዘኢይትገዓዝ ብዘይረብሕ ብዘይጠቅም ነገር ዘይከራኸር። ዘኢያፈቅር ንዋየ። ሓላፊ ንብረት ዘይፈቱ።

፬. ዘሠናይ ሥርዓተ ቤቱ። ናይ ሓዳሩ ሥርዓት ዝተመላኣሉ። ዘቦ ውሉድ ዘይትኤዘዙ በኩሉ ንጽሕ። (፩ሳሙ ፪፡፲፪) ብንጽሕና ኮይኖም ዝተሰርሑ ዝተቐጽዑ ውላድ ዘለዎ።

፭. ወዘሰ ኢይክል ሠሪዓ ቤቱ እፎኑ ያስተሓምም ቤተ እግዚአብሔር። ንስድርኡ ሠሪዑ ቀጺዑ ከማሓድር ዘይከኣለ እንድሕር ኮይኑ በርባዕተ መኣዝን ንዘለው ምእመናን ሰሪዑ ቀጺዑ የማሓድር ኢሎም ከመይ ገይሮም ይሸምዎ፧

፺. ወኢይኩን ዘእምሓዲስ ተክል ካብ ሓደስቲ ኣመንቲ ወገን ኣይሾም። ከመ ኢይትዓበይ። ንከይዕበ ካባይ ንላዕሊ ሲኢኖም ኢዮም እኮ ሽይሞምኒ ኢሉ (ከይብል)
ወኢይጸለል ብድንቁርና ከይትሓዝ ወኢይደቅ ውስተ መሥገርተ ሰይጣን ሰይጣን ብዝተትሓዘ መጻወዲ ንኸይትሓዝ (ኢሉ) ትዕቢት ኢዩ።
፻. ወዓዲ ርቱዕ ዘሰብእ አፍአ ይንዕድዎ (ም. ፫.፲) ካልኣይ ምግባር ካብ ሃይማኖት ብደገ ዘለው ሰባት ዘመስግንዎ ከኸውን ይግባእ ከመ ኢይደቅ ውስተ ጽእለት (፩ቆሮ ፫.፲፪.፲፫) ብጸርፊ ንኸይወድቅ ማለት ተነቒፉ ንምእመናን ከየንቅፍ ወመስገርተ ሰይጣን ሰይጣን ንሰብ ብዝጸምደሉ መጽመዲ ንኸይትሓዝ።

## ስለ ዲያቆናት

፰. ወዲያቆናትኒ ከማሁ ንጹሓን ከምኡ'ውን ዲያቆናት ከም ካህን ንጹሃን ይኹኑ። ወእስትርኩባን ኣብ ሓደ ቦታ ዝተወሰኑ። ኣንድም ህዋሳቶም ዝኣከቡ ይኹኑ እለ ኢያበዝኑ ሰትየ ወይን መስተ ዘየብዝሑ ይኹኑ (ኢሉ) ኢያፈቅሩ ረብሐ ከንቶ (ፊልጵ ፩፥፩፣ ግብ.ሓዋ ፮፥፫)። ንሓላፊ ገንዘብ ዘየፍቅሩ ይኹኑ።
፱. እለ የዐቅቡ ምክረ ሃይማኖቶሙ ብልብ ንጹሕ ነገሩ ኣቀዲሞም ይፈትንዎም ወእምዝ ይትለኣኩ እምከመ ኅሩያን እሙንቱ ድሕርዚ በቒዖም ምስተረኽቡ ይሾሙ።

## ስለ ዲያቆናውያት ደቀንስትዮ

፲፩. ወኣንስትኒ ከማሁ እለ ኣንጽሐ ርእሶን (ቲቶ ፪፥፫)። ሕጂ ዲያቆናት ደቂ ተባዕትዮ ንጹሃን ይኹኑ ከም ዝበልኩ ዲያቆናውያት ደቀንስትዮ'ውን ሰውነተን ካብ ሓጢኣት ዝፈለያ ይኹና እለተምህራ ሥርዓተ ሥርዓት ቤተ ክርስቲያን ዝተመሃራ። እለያስተዳጉጻ ነገር ፈጢረን ንሓደ ምስሓደ ዘየባእሳ ይኹና። ጠባባት በላሕቲ ራትዓት ቅኑዓት ይኹና ወምእመናት በኩሉ በውስጥ በኣፍአ ብኩሉ ሥራሕ ዝተኣመና ይኹና ወይትለኣካ (ይትለኣካ) ዝለኣካ ከምዚኣን ከምዚኣተን ይሾማ (ዕድሚኤን ግን ስሳ ዓመት ዝመልኣን ኢየን)

## ብግቡእ ንዘገልገሉ ዲያቆናት ዝበለጸ ይግበሩሎም

፲፪. ወብእሲኒ ዘአሐተ ብእሲተ አውሰበ ናይ ካህን ተናጊሩ ናይ ዲያቆን ኣይተናገሮን ስለ ዝነበረ ዲያቆን'ውን ዘይዲጋገመ ይሾም (ድንግል ኣይሾም ግን ኣይበለን)። ዘቦ ውሉድ እሩማት ዝተቀጽዑ ቆልዑ ዘለውዎ ዘሠናይ ግዕዘ ቤቱ ቁ. ፪ ናይ ገዝኡ ሥርዓት ዝተኸናወነሉ።

፲፫. ወእለሰ ሠናየ ይትለአኩ እንተ ተዐቢ ሢመተ ይግበሩ ሎሙ (ማቴ ፳፫፥፳፩) (ሎሙ ለእለ ይትለአኩ ጽቡቅ ኣገልግሎት ንዘገልገሉ) ዲያቆናት ዝበለጸ ይግበሩሎም (በለ) ካብ ዲቁና ናብ ቅስና ካብ ቅስና ናብ ኤጲስ ቆጶስነት የዕብይዎም ብብዙሕ ሞገስ ብሃይማኖተ ኢየሱስ ክርስቶስ።

(፩ዮሐ ፫፥፳፩) በኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚኑ ንዝስየሙ ብዙሕ መዓርግ ሀብት ስለዘሎ እንተ ተዐቢ ሢመተ ይግበሩ ሎሙ። ኣንድም ብኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ዝሥርሑ ብዙሕ ምግባር ትሩፋት ስለዘሎ ይቅድሙ አመክሮቶሙ እምከመ ኅሩያን እሙንቱ። (ናይ ግእዝ ንባብ ምስ ትርጓሜ ፩ ጢሞ ፫፥፩-፲፫)

.............................................

## ዝተፈላለዩ መንፈሳዊ መልእኽትን መምርሕን

፩. እለ ሠናየ ተልእኩ ቀሲሳን ምክዕቢተ ይደልዎሙ (ሮሜ ፲፪፥፰ን ፲፫፥፳፯)። ሠናይ ኣገልግሎት ንዘገልገሉ ኣቅሽሽቲ ዕጽፊ ድርብ ዋጋ ክብሪ ይግብኦም። ወፈድፋደሰ ለእለ ይሰርሑ ብቃል ወበምህሮ ዝዓበየ'ውን በቃል ቃል ንቃል ንዝሰምዕዎ ወበምህሮ ካብ መጽሓፍ ንዝረኸብዎ ብምስትምሃር ንዘደኸሙ መማህራን ዕጽፊ ድርብ ክብሪ ይግብኦም።

፪. ወይብል መጽሓፍ ኢትፍጽሞ ኣፋሁ ለላህም ሶበ ታከይድ እክለከ (ዘዳ ፳፭፥፬፣ ፩ᵉቆሮ ፱፥፱) እኽልካ ኣብ ትወቅዓሉ (ተኪዶ) ጊዜ ናይ ላሕምኻ (ብዕራይካ) ኣፍ ኣይትእሰሮ ስለ ዝበለ። ወይደልዎ አስቡ ለዘይትቀለይ (ሉቃ ፲፥፯) ንሠራህተኛ ደሞዙ ስለ ዝግብኦ።

፫. ላዕለ ልሂቅ ኢትስማዕ ውዴተ ብቀሺ ነገር ሠራሒ ኣይትስምዓሉ ዘእንበለ ይዝልፍዎ ክልቴኡ ወሠለስቱ ሰማዕት (ዮሐ ፰፥፲፯) ክልተ ሠለስተ ሰባት ከይመስከሩሉ።

፬. ወለእለሂ ስሕቱ በቅድመ ኩሉ ገሥጾሙ (ኤፌ ፭፥፲፪-፲፫) ስሕቱ በቅድመ ኩሉ ገሥጾሙ በቅድመ ኩሉ በጉባኤ ንዝበደሉ'ውን ብጉባኤ ገሥፆም። ከመ ባዕድኒ ይፍራሕ ንካልእ ፈሪሑ ንክግሠጽ ዝሉፍ እንዘ ይትጌሠጽ ኣብድ ይከውን ማእምረ።

፭. አስምዕ ለከ በቅድመ እግዚአብሔር ኣብ ቅድሚ እግዚአብሔር ከፍርደካ ኢየ። ከመ ትዕቀብ ዘንተ እንዘ ኢታደሉ ብፍርዲ ብብያኔ ብጸሎት ብትምህርቲ ብምጽዋት ገጽ ርኢኻ ከየዳለኻ እዙይ ንክትሕሉ ክዳንየካ ኢየ። ወኢያጽድቆ ለሰብ እቅድመ ፍትሕ ንሰብ ከይተመስከሮ ከምዚ ይገብር ኢዩ ይፈልጥ ኢየ ኣይትበል። ወኢትግበር ምንተሂ በዘትትሔመይ ብትንቀፎ ነገር እትንቀፈሉ ሥራሕ ኣይትሥራሕ። ነገረኛ (ሠራሒ ነገር) እምበር ሰሚዑ ቃል ንቃል ተጻዊቱ ስለ ዝብልዎ ወኢታጽድቆ ለሰብእ ቅድመ ፍትሕ። (ኣንድም) ከይተመስከሮ ከምዘይፍጽም እፈልጥ ኢየ ኣይትበል። ወኢትግበር ምንተሂ በዘትትሔመይ ብትንቀፎ ነገር እትንቀፈሉ ሥራሕ ኣይትሥራሕ። ግቦ (መማለዲ) በሊዑ ዝምድና ሥጋ ሃሊዎ ኣዳልዩ ስለዝብልዎ።

፮. ወኢይሢም ፍጡነ ወኢመነሂ (ግብ.ሓዋ ፮፥፯) ንዝኾነ ይኹን ከይመርመርካ ቀልጢፍካ (ሃጺጽካ) ኣይትሹም። ወኢትሳተፍ በዝ ውስተ ኃጢአተ ባዕድ በዙይ ካልእ ብዝሠርሖ ሓጢኣት ንስካ ብፍዳ ከይትተሓዝ ኣኮ ዘገብረ ባሕቲቶ ዘይትኳነን አላ ዘሂ ሠምረ በኃጢአተ ዝኩ ከም ዝብል። ወአንጽሕ እንከ ርእሰከ ንሰውነትካ ካብ ሓጢኣት ፍለ። (፩ጢሞ ፭፥፲፯-፳፪) ናይ ግእዝ ንባብ ምስ ትርጓሜኡ።

## <u>ስለ ምእመናን ናይ ገንዘብ ኣስተዋጽኦ</u>
## <u>መብራህርሂ</u>

እስመ ፈቀድክሙ ወኣቅደምክሙ ትመጥው ነፍሰክሙ እምቀዳሚ ዓም

ካብ ዓምን ካብ ጥንተ ስብከትን ጀሚሩ ሀፍትኹም ንኸተውጽኡ ኣቀዲምኩም ስለ ዝፈተኹም።

፩. ይእዜሰ ንምኺኑ ሕጂ'ሽ ብምምናይ ትተርፉ፤ ግብሩሂ ንዝዋጻእ ኣዋጽኡ እስመ ፈቂድሂ እምፈቲው ቁርጺ ሓልዩ (ሓሳብ) ካብ ቁርጺ

ሓሳብ ዝተላዕለ ዝመንጨወ ሓሳብ ስለ ዝኾነ ወገቢርሂ እምረኪብ ምሃብ'ውን ካብ ምርካብ ዝተላዕለ ስለ ዝኾነ ግበሩሂ ወፈጽሙሂ።
፪. ወእምከመሰ ፈቂድ ሀሎ ይትመዘገብ በዘይትከሀሎ ብምሃብ ድሌት እንትልዩ ወአኮ በኣምጣነ ዘኢይትከሀሎ። (ምሳ ፫፥፳፰፣ ማር ፲፪፥፵፫) ንዘይብሉ ገንዘብ ሂቡ ዘይኮነ ንምሃቡ ምፍታው ጥራሕ ይምስገን።
ዘሰ ይፈቅድ ይግበር ወኢይክል ይትዔረዮ ለዘይገብር ወይክል ከም ዝብል (ዮሐንስ ኣፈወርቅ) አንድም ንዘይብሉ ብዙሕ ሂቡ (ንምሃቡ) ዘይኮነ ዘለዎ ቀሪቡ (ሒደት) ሂቡ ይምስገን።
፫. ወዘአኮ ከመ ባዕድ ያዕርፍ ኪያከሙ ያጠውቅ ነገር ግን ብናትኩም ሃፍቲ ካልእ ደስታን ሓጎስን ክገብረሉ ንዓካትኩም እነጸግም ኣይኮንናን። ዳዕሙ ተህልዉ ፅኑየ በዝ መዋእል በዚ ወርሒ (እዋን) መነባብረኹም ንክኸውን ኢዩ እምበር። እስመ ተረፈ ዚክሙ ውስተ ንትጋ እልክቱ ይከውን ናታትኩም ተረፍ ናይቲኦም ጉድለት ስለ ዝመልእ።
፬. ወተረፈ ዜሆሙ ውስተ ንትጋ ዜክሙ ይከውን ናታትኩም ተረፍ ናታትኩም ጉድለት ስለዝምላእ ከመ ይኩን ሀልዎትክሙ ዕሩየ በኩሉ። (ም. ፱፥፲፪) ኩሉ መነባብረኹም ሓደ ዓይነት ንክኸውን።
፭. እስመ ከመዝ ይቤ መጽሓፍ ዘቦ ብዙኀ ኢያትረፈ ብዙሕ ዘለዎ ኣይተረፎን። ወዘቦ ውኁድ ኢያሕፀፀ (ዘፀ ፲፮፥፲፰) ውሑድ ዘለዎ'ውን ኣይነኣሶን ኢሉ መጽሓፍ ከም ዝተዛረበ (ሓተታ) ዘቦ ብዙኀ ኣብ ኦሪት ሓምሳ ጎመር ዘእተወ ኢዩ ዘይተረሮ ውን ኣሎ ሓምሳ ኮይኑ ስለ ዝምግቦ ዘቦ ውኁድ ሓሙሽተ ጎመር (መና) ዘእተወ ኢዩ ኣይነኣሶን (ኢሉ) ሓሙሽተ ኮይኑ ይምገቦ። (ኣንድም) በቲ ሓድሽ (ዘቦ ብዙኀ) ብዙሕ ናይ ሥጋ ሃፍቲ ዘለዎም ምእመናን ኣለው፡ ተክሊ ተኪሎም ሥራሕ ሒዞም ከም መጠኑ ይነብሩ ኣይነኣሶምን ኢሉ ኣህዛብ ስለዝውስኸሎም ኣይነኣሶምን ኣንድም (ዘቦ ብዙኀ) ብዙሕ ብዕለ ነፍሰ ዘለዎም ምእመናን ኣለው ኣይተረፎምን ኢሉ ንኣህዛብ ስለ ዝጽልዩ (ዘቦ ውኁድ) ውሑድ ብዕለ ነፍስ (ናይ ነፍሲ ሃፍቲ) ዘለዎም ኣህዛብ ኣለው ኣይነኣሶምን ኢሉ ምእመናን ስለ ዝጽልይሎም (ናይ ግእዙ ንባብ ምስ ትርጓሜኡ ፪ቆሮ ፰ን ፱ን) ንቅዱሳን ዝኸውን

ስለምውጻእ ነገር በከመ ሠራዕክዎሙ ለቤተ ክርስቲያን ዘገላትያ (ገላ ፪፥፲) ንሰብ ገላትያ ከም ዝጸሓፍ ኩሎም ከም ዝኣዘዝክዎም ከማሁ ኣንትሙሂ ግበሩ ንስኻትኩም’ውን ኣዋጽኡ።

፪. በበእሁድ (ግብ.ሓዋ ፳፥፯) በበእሁድ ሰንበት ሰንበት (በበውኁድ) ውሑድ ውሑድ (በበአሐዱ) ነንሕድሕዱ። ኩሉ ብእሲ ብእሱ እምኔክሙ ይዝግብ ሎቱ ዘተሰርሐ ካባኻትኩም ወገን ኩሉሰብ ንዝደኸሞ። ኣንድም ዝቐንዖ የዋጽእ ወዘረከበ በቤቱ ይዕቀብ። ዘዋጽአ’ውን ኣብ ገዝኡ (ቤቱ) ኣቕሚጡ ይሓሉ። ከመ ኢይኩን ቅስት አመ መጻእኩ ኣብ ዝመጻሉ ጊዜ ባእስን ክርክርን ከይከውን እዚ ናተይ እዚ ናተይ ብማለት።

፫. ወአመ በጻሕኩ እፌኑ ዘኀረይክሙ ቦቱ ምስለ መልእክትየ ኣብ ዝመጻሉ ጊዜ ንዝመረጽኩምዎ ሰብ ኣትሒዛ ምስ ክታበይ ክሰደልኩም ኢየ ከመ ይትረከብ ሀብትክሙ በኢየሩሳሌም ውህብቶኹም ኣብ ኢየሩሳሌም ንክርከብ ኣብቲ ቤት ማሕበር ስለዘሎ ኢዩ። ኣንድም ኣብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ዋጋ ብምሃብ ንኽፍልጥ (፩ቆሮ ፲፮፥፩-፫)። ናይ ግእዝ ንባብ ምስ ትርጓሜኡ።

፬. ወእምዝ ኣስተዋጽኡ ኣርድእት መጠነ ይክሉ ወፈነው ለቢጾሙ እለ ይነብሩ ብሔረ ይሁዳ ምስለ በርናባስ ወሳውል ኃበ ኩሎሙ ቀሲሳን።

ድሕርዚ’ውን ምእመናን ዓቅሞም ብዝፈቐዶ ገንዘብ እንዳዋጽኡ ኣብ ብሔረ ይሁዳ ንዘለው ምእመናን ንበርናባስን ንሳውልን ኣትሒዞም ምስ ካህናት ለኣኹ። (ግብ.ሓዋ ፲፩፥፳፱) ናይ ግእዝ ንባብ ምስ ትርጓሜኡ።

## ናይታ ድኻ መበለት ኣስተዋጽኦ

ኢየሱስ ድማ ኣብ መንጽር ሳጹን ምጽዋት ተቐሚጡ እቶም ሰብ ኣብቲ ሳጹን ምጽዋት ከመይ ገይሮም ገንዘብ ከም ዘውድቑ ረኣየ። ብዙሓት ሃብታማት ብዙሕ ኣውደቑ ሓንቲ ድኻ መበለት ከኣ መጺኣ ክልተ ለብጦን ሓደ ቆድራንቴን ዝኣክል ኣውደቐት ንደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ ከኣ እዛ ድኻ መበለት እዚኣ ካብዞም ኣብዚ ሳጹን ምጽዋት ዘውደቑ ኩሎም ዝበዝሕ ከም ዘውደቐት ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ ኩሎም ካብ ተረፎም እዮም ዘውደቑ እሞ እዚኣ ግና ካብ ድኽነታ ዘለዋ ዘበለ ኩሉ ምግባ እያ ዝሃበት በሎም። (ማር ፲፪፥፵፩-፵፬)።

እግዚአብሔር ሕጉስ ወሃቢ ኢዩ ዝፈቱ እሞ ነፍሲ ወከፍ ብኣሂ ወይስ ብግዲ ዘይኮነስ ከምቲ ብልቡ ዝሓለኖ ይሀብ። (፪ቆሮ ፱፥፯)

## ንዝሓመመ ብስም ጐይታ ይጸልይሉ

ካባኹም ዝሓመመ እንተሎ ናይ ቤተ ክርስቲያን ካህናት ይጸውዕ ንሳቶም ከኣ ብስም እግዚአብሔር ቅብኢ ቅዱስ እንዳቐብኡ ኣብ ልዕሊኡ ይጸልዩ፣ እታ ናይ እምነት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተድሕኖ ኢያ። ጐይታ'ውን ከተንሥኦ ኢዩ ሓጢኣት ገይሩ እንተ ኮይኑ'ውን ክሕደገሉ ኢዩ። እምበኣርሲ ምእንቲ ክትፍወሱ ንሓድሕድኩም ሓጢኣትኩም ተኣመኑ ምእንቲ ንሓድሕድኩም'ውን ጸልዩ። ጸሎት ጻድቕ ብግብራ ብዙሕ ተስልጥ ኢያ። (ያዕ ፭፥፲፬-፲፮)

## ህጻናት ናብ ጐይታ ንከመጹ ኣይትከልክልዎም

ሕደግዎም ህጻናት ናባይ ንከመዙ ኣይትከልክልዎም መንግስቲ እግዚአብሔር ነዞም ከምዚኣቶም ዝበሉ ኢያ እሞ ኣይትከልክልዎም። ንመንግሥቲ ኣምላኽ ከም ቆልዓ ኮይኑ ዘይተቀበላ ከቶ ከምዘይኣትዋ ብሓዊ እብለኩም ኣለኹ በሎም፡ ሓቑፉ ኢዱ ኣንቢሩሎም ባረኾም (ማር ፲፥፲፬-፲፮)

## ክሥርሕ ዘይፈቱ ኣይብላዕ

ኣቱም ኣሕዋትና ካብቲ በቲ ካባና እተቀበሎ ምህሮ ዘይነብሮ ብዘይ ሥርዓት ዝመላለስ ዘበለ ሓው ክትፍለዩ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንእዝዘኩም ኣለና ኣብ ሓዴኹም እኳ ከይነኽብድ'ሲ ለይትን መዓልትን ብጻዕርን ድኻምን እናዓየና እምበር ካብ ሓደ እኳ ብኸምኡ እንጌራ ኣይበላዕናን ኣባኻትኩም ብዘይ ሥርዓት ኣይተመላለስናን እሞ ከመይ ኢልኩም ክትመስሉና ከም ዝግብኣኩም ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢኹም።

ምሳኻትኩም ከሎና'ውን ገለ ሰብ ክዓዩ ዘይፈቱ እንተ ኮይኑስ ኣይብላዕ'ውን ኢልና ኣዘዝናኩም እሞ ንዓና ምእንቲ ክትመስሉ ደኣ ንርእስና ኣርኣያ ጌርና ሀብናኩም እምበር መሰል ስለ ዘይብልና ኣይኮንናን ማለት ሓያሎ ካባኻትኩም ብዘይ ሥርዓት ከም ዝመላለሱ ዞረት እምበር ሓንቲ እኳ ከም ዘይዓዩ ንሰምዕ ኣሎና። ነዞም ከምዚኣቶም ዝመሰሉ ብህድኣት እናዓየዩ እንጌራኦም ክበልዑ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንእዝዞምን ንምዕዶምን ኣሎና። ኣቱም

ኣሕዋትና ንስኻትኩም ግና ሠናይ ንምግባር ኣይትሰልከዩ (ኣይትስነፉ) ፪ ተሰ ፫፥፮-፲፫።

ፈሪሳውያን ድማ ሰብኣይሲ ነታ ሰበይቱ ብዝኾነ ምኽንያት ክፈትሓ'ዶ ተፈቒዱሉ ኢዩ። ኢሎም ክፍትንዎ ናብኡ መጹ መሊሱ በሎም እቲ ካብ መጀመርታ ዝፈጠረ ሰብኣይን ሰበይትን ገይሩ ፈጠሮም ድማ ምእንት'ዚ ሰብኣይ ነቦኡን ነዲኡን ይሓድግ ምስ ሰበይቱ ከኣ ይሓብር ክልቲኦም ሓደ ሥጋ ይኮኑ ከም ዝበለ'ዶ ኣየንበብኩምን ደጊም ሓደ ሥጋ እዮም እምበኣር ክልተ ኣይኮኑን ነቲ ኣምላኽ ዘጻመሮስ ሰብ ኣይፍለዮ። ንሳቶም ስለምንታይ ደኣ ሙሴ ጽሕፈት መፍትሒኣ ሂቡ ክፈትሓ ኣዘዘ በልዎ። ንሱ ሙሴስ ብሰሪ ትሪ ልብኹም ምፍታሕ ኣንስትኹም ፈቐደልኩም ካብ መጀመርታ ግን ከምኡ ኣይነበረን በሎም።

ኣነ ግና እቲ ንሰበይቱ ብዘይ ምኽንያት ዝሙት ዝፈትሓ ካልእ'ውን ዘእቱ ይዝሙ እቲ ፍትሕቲ ዘእቱ'ውን ይዝሙ እብለኩም ኣለኹ። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ሥርዓት ሰብኣይን ሰበይትን ከምዚ እንተ ኮይኑስ ምትእትታው ጽቡቅ ኣይኮነን በልዎ። ንሱ ግና በሎም እዚ ነገር'ዚ ብዘይነቶም እተዋህቦም ንኩሉስ ክቕበሎ ኣይኮነሉን ካብ ከርሲ ኣዲኦም ስሉባት ኮይኖም እተወልዱ ኣለዉ ሰባት ዝሰለብዎም ስሉባት'ውን ኣለዉ ምእንቲ መንግስተ ሰማያት ኢሎም ባዕሎም እተሰልቡ ስሉባት'ውን ኣለዉ እሞ ክቕበሎ
ዝኽእል ይቀበሎ። (ማቴ ፲፱፥፫-፲፪)

መውስቦ ኣብ ኩሉ ክቡር ኢዩ እቲ መደቀሲ ኣሚን ከኣ ዘይረኽሰ ይኹን ነመንዝራታትን ንዘመውትን'ሲ እግዚኣብሔር ክፈርዶም ኢዩ። (ዕብ ፲፫፥፬)

## <u>ብሥግኡን ብደሙን ምውሳን</u>


ካብ ማእከል ምእመናን ንመንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ዝምረጹ ኣባላት ብሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዝጸንዑ ንክኮኑ ብቃለ ዓዋዲ ምዕራፍ ሠለስተ ዓንቀጽ ፲ ንኡስ ዓንቀጽ ፪ ፊደል (ለ) ቁጽሪ ፩ ዝተደንገገ ንቃል ቅዱስ ወንጌል መሠረት ብምግባር ኢዩ።

ኢየሱስ ከምዚ በሎም ናይ ወልደ እጓለ እመ ሕያው ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋ እንተዘይ በሊዕኹም ደሙ'ውን እንተዘይሰቲኹም

ህይወት ከም ዘይብልኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ’ውን ዝሰቲ ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ከተንስኦ ኢየ። ስጋይ ብልዒ ሓቂ ኢዩ እሞ ደመይ ከኣ መስተ ሓቂ ኢዩ። እቲ ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ’ውን ዝሰቲ ኣባይ ይነብር ኣነውን ኣብኡ ክነብር ኢየ። ህያው ኣቦ ከም ዝለኣኸኒ እሞ ኣነ ስለ ኣቦ ብህይወት ከም ዘሎኹ ከምኡ ከኣ እቲ ዝበልዓኒ ስለይ ብህይወት ክነብር ኢዩ።

ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዚ እዩ ከምቲ ኣቦታትኩም ዝበልዕዎ መና እሞ ዝሞቱ ኣይኮነን ነዚ እንጌራ እዚ ዝበሎ ንዘልዓለም ብህይወት ክነብር ኢዩ። (ዮሐ ፮፥፶፫-፶፱)

ከበልዑ ከለው ኢየሱስ እንጌራ ኣልዒሉ ባሪኹ ቆሪሱ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ሂብዎም እዚ ሥጋይ ኢዩ ውሰዱ ብልዑ በሎም። ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ ሀቦም እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዝፈስስ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ ኢዩ እሞ ካብዚ ኩልኹም ስተዩ። (ማቴ ፳፮፥፳፮-፳፰)


Microsoft Word (Product Activation Failed)
Drawing Tools
File
Home
Insert
Page Layout
References
Mailings
Review
View
ABBYY FineReader 11
Nitro Pro 7
Format
Paste
Cut
Copy
Format Painter
Clipboard
Font
Paragraph
Normal
No Spaci...
Heading 1
Heading 2
Title
Subtitle
Change Styles
Styles
Find
Replace
Select
Editing
ንምልከት መስቀሉ
ንኣርዌ ብርት ተመልከት
Page: 2 of 3
Words: 754
12:45 AM
8/6/2008

# መንፈስ ቅዱስ ንኣብያተ ክርስቲያናት እንታይ ይብል፤

ናብ ኣብ ኤፌሶን ዘሎ ናይ ቤተ ክርስቲያን መልኣኽ ከምዚ ኢልካ ጸሓፍ። እቲ ኣብ የማናይ ኢዱ ሸውዓተ ከዋኽብቲ ዝሓዘ ኣብ ማእከል እተን ሸውዓተ ቀወምቲ ቀንዴል ወርቂ'ውን ዝመላለስ ከምዚ ይብል ኣሎ። ግብርኻን ጻዕርኻን ትዕግስትኻን ነቶም እኩያት ሰባት'ውን ክትጾሮም ከም ዘይከኣልካን ነቶም ሃዋርያት ኢና ዝብሉ እሞ ዘይኮኑ ተዓዚብካዮምሲ ሓሰውቲ ኮይኖም ከም ዝረኸብካዮምን እፈልጥ ኣሎኹ። ትዕግስቲ ከኣ ኣሎካ ስለ ስመይ ኢልካ'ውን ተጻወርካ ኣይሰልኬኻን። ግናኸ ነታ ቀዳመይቲ ፍቕርኻ ሓዲግካያ ኢኻ እሞ እዚ ረኺበልካ ኣለኹ። እምበኣርሲ ካበይ ከም ዝወደቕካ ዘክር እሞ ተነሳሕ ነቲ ቀዳማይ ግብሪ'ውን ግበር። እንተዘይኮነስ ክመጸካ እንተ ዘይተነሳሕካ'ውን ነቲ ቀዋሚ ቀንዴልካ ካብቲ ስፍርኡ ከዝብሎ ኢየ። ግናኸ ነቲ ኣነውን ዝጸልኦ ዘሎኹ ግብሪ ኒቆላውያን ንስኻ ትጸልኦ ኢኻ እሞ እዚ ግዳ ኣሎካ።

እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንኣብያተ ቤተ ክርስቲያናት ዝብለን ዘሎ ይስማዕ ነቲ ዝስዕር ካብታ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘላ ኦም ህይወት ክበልዕ ክህቦ ኢየ። (ራእ ፪፡፩-፯)

ናብ ኣብ ሎዶቅያ'ውን ዘሎ ናይ ቤተ ክርስቲያን መልኣኽ ከምዚ ኢልካ ጸሓፍ፥

ዝሑል ወይስ ምውቅ ዘይምኻንካ ግብርኻ እፈልጥ ኣለኹ ብኻ ዝሑል ወይ ምዉቕ ምኾንካ ከምዚ ልብጥ ዝበለ ብምኻንካ ኣይምውቅ ኣይዝሑል ኢኻ እሞ ካብ ኣፈይ ጡፍ ክብለካ ኢየ። ሃብታምን ብዓል ጸጋን ኢየ ሓንቲ ዝደልያ ነገር እኳ የብለይን ብምባልካ ሕሱርን ዘደንግጽን ነዳይን ዕውርን ዕሩቕን ምዃንካ ኣይትፈልጥን ኢኻ ዘለኻ። ምእንቲ ክትህብትም ብሓዊ ዝጸረየ ወርቂ

ካባይ ክትዕድግ ሕፍረት ዕርቃንካ ምእንቲ ከይትቅላዕን ክትኽደንን ከኣ ጻዕዳ ክዳውንቲ ምእንቲ ክትርኢ ነዒንትኻ ክትኮሓለሉ'ውን ኵሕሊ ካባይ ክትዕድግ እመኽረካ ኣለኹ። ኣነ ነቶም ዘፍቅሮም ዘበሉ ንገንሖም እቐጽዖም'ውን ኢየ። ደጊም ቅናእ እሞ ተነሳሕ። እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ እብል ኣለኹ። ሓደ እኳ ድምፀይ

ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ ናብኡ ክኣቱ ምስኡ ከኣ ክድረር ኢየ ንሱውን ምሳይ ከምቲ ኣነውን ዝሰዓርኩ እሞ ምስ ኣቦይ ኣብ ዝፋኑ እተቀመጥኩ ነቲ ዝስዕር ኣብ ዝፋነይ ምሳይ ክቕመጥ ክህቦ ኢየ። እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንኣብያተ ክርስቲያናት ዝብለን ዘሎ ይስማዕ። (ራእ ፫፡፲፬-፳፪)

ተርጓሚ መጋቤ ሐዲስ አማኑኤል መንግሥተአብ ናይ ኮ/ቀ/ቤ/ክ ትምህርትን መሠልጠንን ክፍሊ ኃላፊ

# ምዕራፍ ፩

# ጠቕላላ ድንጋጌታት

## ዓንቀጽ ፩

## ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ቃለ ዓዋዲ ንናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ሓድነትን ምምሕዳርን ንምጥንኻር ብ፳፻፱ ዓ.ም ንራብዓይ ጊዜ ተመሓይሹ ዝወጸ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ "ቃለ ዓዋዲ" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

## ዓንቀጽ ፪

## ትርጓሜ

## ፩. "ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ" ማለት

ሀ. ብኣጥቢያ ንዝተቋቋመን ንዝቋቋምን ናይ ቤተክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ናይ ሥራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ) ንዝድልይዎ ኣባላት ንምምራጽን ብኣባልነት'ውን ንምምራጽ ዝክእሉ ንቤተክርስቲያን ብኣፍልጥኦም፣ ብጉልበቶም፣ ብሃፍቶምን ብኣገልሎቶምን ንዝሕግዙ ካህናት፣ ምእመናንን ናይ ሰንበር ትምህርት ቤት መንእሰያት ዝርከብዎ ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ምትእኽኻብ እዩ።

ለ. ብወረዳ ንዝተቋቋመን (ንዝተደራጀወን) ናይ ወረዳ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ንዝድልይዎ ኣባላት ንምምራጽን ንምምራጽ ዝኽእሉን ናይ ኣጥቢያ ሃፍትን ኣገልግሎትን ንዘሰፋሕፍሑን ንዝቆጻጸሩ ካብ ነንሕድሕዱ ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዝተወከሉ ካህናት

ሐ. ብሃገረ ስብከት ንዝተቋቋመን ንዝቋቋምን ንመንበረ ጳጳስን ሃገረ ስብከትን መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ንዝድልይዎ ኣባላት ንምምራጽን

ንምምራጽን ካብ ነንሕድሕዱ ወረዳ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ናይ ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ዝተወከሉ ካህናት፣ ምእመናንን ናይ ሰንበት ትምህርት ቤት መንእሰያት ዝርከብዎ ናይ አንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ እዩ።

መ. ብመንበረ ፓትርያርክ ንዝተቋቖመ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ናይ ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ንዘድልይዎ ኣባላት ንምምራጽን ንምምራጽን ንዝከእሉን ንናይ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ሃፍትን ኣገልግሎትን ንዘስፋሕፍሕ ካብ ነንሕድሕዱ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ዝተወከሉ ካህናት፣ ምእመናንን ናይ ሰንበት ትምህርት ቤት መንእሰያት ዝርከብዎ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ጠቅላላ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ (ናይ ምሉእ ሃገር ጠቅላላ ናይ ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ) እዩ።

## ፪. "ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ" ማለት ብኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን

ብወረዳ፣ ብሃገረ ስብከት፣ ብመንበረ ፓትርያርክ ብጠቅላላ በብደረጃኡ ብዝተቋቋሙን ብዝቋቖሙን ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት በብርእሶም መንፈሳዊ ጉባኤ ዝምረጽን ነንሕድሕዶም ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ኣገልግሎት ዝተሠይመ ናይ ሥራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ እዩ።

## ፫. "ናይ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ኣማሓዳሪ" ማለት፡-

ሀ. ናይ ገዳም ኣበምኔት(መምህር) ወይ ድማ እመምኔት

ለ. ናይ ደብሪ (ቤተ ክርስቲያን) ሓለቓ

ሐ. ናይ ገጠር ቤተ ክርስቲያን ዋና ኃላፊ ኮይኑ ዝተሠምየ ቀሺ ገበዝ ወይ ድማ መርጌታ እዩ።

## ፬. "ኣካያዲ ሥራሕ" ማለት፡-

ሀ. ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ

ለ. ናይ ሃገረ ብስከት ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ

፳. "ጠቅላላ ኣካያዲ ሥራሕ" ማለት ናይ ጠቅላላ ቤተ ክህነት ዋና ኣካያዲ ሥራሕ ኢዩ።

## ምዕራፍ ፪

## በብደረጅኡ ዝተቋቋሙን ዝቋቖሙን

## ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ናይ ውዕል ውሳኔታት (ድንጋጌታት)

## ዓንቀጽ ፫

## ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን

## ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ምቁቋም

፩. ብኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኣብ ትሕቲ ቅዱስ ሲኖዶስ ካብ መንበረ ፓትርያርክ ክሳብ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ብቃል ዓዋዲ መሠረት ተቋቑሙ።

፪. ናኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኣብ ዘለዎ ቦታን ከምኡ'ውን ናይ ቤተ ክህነት ጽሕፈት ቤት ኣብ ዝርከቦ ኩሉ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ንክቋቋም እዚ ቃለ ዓዋዲ የገድድ።

፫. ዝተፈልጡ ናይ ሓድነት ገዳም ቅዱስ ሲኖዶስ ብዘውጽኦ ናይ ገዳማት ምምሕዳር ደንብን መምርሕን ዝመሃደሩ ስለዝኾነ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ንኽቋቋሙ ኣይግዳዱን። ኮይኑ ውን ከም ኣከባቢኡን ከም ኣድላይነቱን እንዳተርኣየ ከቋቑሙ ይክእሉ እዮም።

፬. ካብ ሓደ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ጀሚሩ ካብ ወረዳ ክሳብ መንበረ ፓትርያርክ ጠቅላላ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ በብደረጅኡ ዝተቋቋመን ዝቋቆምን ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ብፍትሐ ብሔር ሕጊ ቁጽሪ ፫፻፺፰ን ፫፻፺፱ መሠረት ንኢትዮጵያ

ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ዝተዋህባ ሕጋዊ መሠልን (መብትን) ግዴታን ኣብ ቤተ ክርስቲያና ይሥረሓሉ።

፫. ናይ ሃገረ ስብከቱ መንበረ ጵጵስና ዋና ከተማ ከም ሓደ ወረዳ ስለዝቁጸር ናይ ባዕሉ (ርእሱ) ዝኾነ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ የቋቁሞ።

## ዓንቀጽ ፬

## ናይ ሰበካ መንፈሳውያን ጉባኤታት ምድርጃው (ምውቅቓር)

፩. ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ካህናትን ምእመናንን ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ፣

፪. ናይ ወረዳ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ፣

፫. ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ፣

፬. ናይ መንበረ ፓትርያርክ ጠቅላላ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ።

## ዓንቀጽ ፭

## ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዕላማ

ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዝኽተሉ ዕላማታት ይህልውዎ።

፩. ንቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ምህላውን ኣገልግሎታ ውን ዝተማልአ ንክኸውን ምግባር፣

፪. ንናይ ቤተክርስቲያን ኣገልገልቲ ብሐዋርያዊ ተግባር ምድርጃው፣ ክእለታቶምን መነባብርኦምን ምምሕያሽ።

፫. ምእመናን ብመንፈሳዊ ፍልጠት በርቲዖም (ኀልሚሶም) ብሥነ ምግባርን ብሃይማኖትን ጸኒዖም ብክርስቲያናዊ ሕይወት ንክነብሩ ምግባር፣

፬. ንናይ ቤተ ክርስቲያን ምምሕዳር ምብርትታዕን ብኣታዊ ርእሳ ምኽኣል።

## ዓንቀጽ ፮

## ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ተግባር

ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዕላምኡ ንምፍጻምን ንምስፍጻምን ንዝከተሉ ተግባራት የከናውኑ (የመዓራርዩ)።

፩. ናይ እግዚአብሔር ወንጌለ መንግሥት ምስባኽን ትምህርቱ'ውን ምስፍሕፋሕ፣

፪. ንናይ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ናይ ኣብነትን ዘመናዊ ትምህርት ቤትን ምቍቋምን ምድርጃውን፣

፫. መንፈሳውን ማኅበራዊ ኣገልግሎትን ንኩሎም ምእመናን ምብጻሕ፣

፬. ንሰንበት ትምህርት ቤት ምቍቋምን ምጥንኻርን፣

፭. ንኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ንዘድልዩ ነገራት ኩሉ ምምላእ፣

፮. ንናይ ቤተ ክርስቲያን ምምሕዳርን ኣገልግሎትን ብመንፈሳዊ ሕግን ሥነ ሥርዓትን ምምራሕ፣

፯. ንቤተክርስቲያን ብሃብትን ብንብረትን ርእሳ ንክትክእል ምግባር፣

ናይ ቤተ ክርስቲያን ሃፍትን ንብረትን ቅዱስ ሲኖዶስ ብዘውጽኦ ሕግን ደንብን መሠረት እንዳተመዝገበ ንኽተሓዝ፣ ንክሕሎ፣ ንኽለምዕን ንኽዓብን ምግባር።

፱. ሕገ ቤተ ክርስቲያን ብዝፈቅዶ መሠረት ካብ ላዕሊ ንዝወሃቡን ሕግጋት፣ ደንብታት፣ መምርሒታትን፣ ትእዛዛትን ውሳኔታትን ምፍጻምን ንኽፍጸም ምግባርን።

፲. ብቀረባ ኾነ ብርሑቕ ዝርከቡ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ነንሕድሕዶም (ነናዕርሶም) ተሓባቢሮምን ተረዳዲኦም ከም ዝሠርሑ ምግባር፣

፲፩. ዝተፈላለዩ ናይ ምግባረ ሠናይ ድርጅታት ምቊቛምን ንኣገልግሎቶም ምምላእ፣

፲፪. ናይ ሕንጻ ሥራሕ፣ ምሕዳስ፣ ምጽጋንን ንዝመሳሰሉ ሥራሓት ኲሉ ንወቅቱ ሓልዮም ዝፍጽሙሉን ዕቅድን መርሐ ግብርን ምድላው፣ ብተግባር ምውዕዓሎም'ውን ምቁጽጻር፣

፲፫. ንናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እምነት ተከተልቲ ብዝሒ ንናይ ሰበኻ ንብረት፣ ገንዘብ፣ ኣታውን ወጻእን ንዝመሳሰሉ ኣኃዛዊ መረዳእታታት (ስታቲስቲክስ) ብወቅቱ እንዳመዝገቡ ንዘዝምልከቶም ኣካላት ብሪፖርት ንኽገልጽ ምግባር፣

፲፬. ብዘይ ቃለ ዓዋዲ መሠረት ዝኾነ ይኹን ንቤተ ክርስቲያን ንዝምልከት ጉዳይ ምፍጻምን ንክፍጸም ምግባርን።

፲፭. ኣብዚ ዓንቀጽ ካብ ተራ ቁጽሪ ፩ ክሳዕ ፲፬ ንዝተዘርዘሩ ተግባራት ብምቅዳም እንዳጽንዐ ግቡእ (እጃሙ) ምግባርን ኣድላይ'ውን ኮይኑ ምስ ዝርከብ ጉዳዩ ምስ ዝምልከቶም ግለ ሰባትን ድርጅታትን ኼንካ እንዳተዘራረበ ምፍጻምን ንኽፍጸም'ውን ምግባር።

## ምዕራፍ ፫

## ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ

## ኣመሠራርታን ምውቓርን

## ዓንቀጽ ፯

### ፩. ኣመሠራርታ

ሀ. ብሓደ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ዝርከቡ ካህናት፣ ምእመናንን ናይ ሰንበት ትምህርት ቤት መንእሰያት በቲ ቃል ዓዋዲ መሠረት

ብሓድነት ብምድርጃው ናይ ሓደ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ይምሥረቱ።

ለ. ብዘይ መንገዲ ዝተመሥረተ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ከም ኣድላይነቱ ኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ ዝእከብ ናይ ቤተክርስቲያን ኣጥቢያ ሰበኻ ካህናትን ምእመናንን ብሓድነት ዝርከብሉ መንፈሳዊ ጉባኤ ይሀልዎ።

ሐ. ናይ ኣትቢያ መንፈሳዊ ጉባኤ ቃለ ዓዋዲ ዕላማን ተግባርን ንምፍጻምን ንኸፈጽምን ከም ዝኽእል ብወርሒ ክልተ ጊዜ እንዳኣከበ ዝተዋኀቦ ናይ ሥራሕ ኃላፍነት ዘከናውን ናይ ሥራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ ይመርጽ።

መ. ብኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዘይተፈልጠን ዘይተሓቑፈን፣ ብሃገረ ስብከት ወይ ድማ ብጠቅላይ ቤተ ክህነት ወይ ብቅዱስ ሲኖዶስ ዘይተፈቅዶ ወለሓደ ዓይነት ናይ ካህናት ናይ ምእመናንን ናይ ሰንበት ትምህርት ቤት መንእሰያት ማኅበር ብኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ስም ምቁቛም ኣይክእልን እዩ።

## <u>፪. ኣወቃቕራ</u>

ሀ. ናይ ቤተ ክርስቲያን ምምሕዳር ኣካቢ ዝኾነ ሓደ መንፈሳዊ ጉባኤ፣

ለ. ንናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ኣመሓዳሪ ኣካቢ ዝኾነ ሓደ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ)

ሐ. ናይ ኣጥቢያ መንፈሳዊ ጉባኤ ጽሕፈት ቤት፣

መ. ናይ ኣጥቢያ ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ኢዮም።

## ዓንቀጽ ፰

## ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣፈጻጽማ ሥራሕ

፩. ኣብ ኣጥቢያ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ኣመሓዳሪ ወይ ከኣ ጉዳዩ ብዝምልከቶም ኣካላት ንኣጥቢያ ካህናትን ምእመናንን ጻውዒት ተገይርሉ ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን።

፪. ብናይቲ ቤተ ክርስቲያን ኣማሓዳሪ ኣካቢነት ናይ መንፈሳዊ ጉባኤኡ ኣባላት ንናይ ቤተ ክርስቲያን ሕግን ሥርዓትን ብምኽታል ንኹሉ ስርሑ'ውን ይፍጽሙ፣ የፈጽሙ፣ ድምፂ ዝዋሀብሉ ጉዳያትን ብድምፂ ብልጫ ይውሰኑ።

፫. ድምጺ ናይ ምሃብ መሠል ዘለዎም ኣባላት፣

ሀ. ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ተኸተልቲ ዝኾኑ፣

ለ. ብኣጥቢያ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ተመዝጊቦም መለለይ ካርዲ (ናይ መንነት ካርዲ) ዝወሰዱን፣ ብውሕዱ ንሽድሽተ ኣዋርሕ ብኣጥቢያ ነበርቲ ዝኾኑ።

ሐ. ናይቲ ጣቢያ ነባሪ ምዃኖም ዝገልጽ ሕጋዊ (መለለዩ) ካርዲ ዘለዎም።

መ. ኣብቲ ጣቢያ ናይ ኣባልነት ግዴትኦም ዝፈጸሙ

ሠ. ዕድሚኦም ካብ ፲፰ ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ካህናት፣ ብዘይ ናይ ቦታ ፍልልይ ምእመናንን ምእመናትን ጥራሕ እዮም።

፬. ናይቲ ጣቢያ ናይ ምርጫ ሥነ-ሥርዓት ዘፈጽም ካብ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ዝተወጻጽኡ ካህናት፣ ምእናንን ናይ ሰንበት ትምህርት ቤት መንእሰያት ዝርከብሉ ካብ ሓሙሽተ ዘይውሕዱ ካብ ሸውዓተ ዘይበዝሑ ኣባላት ዘለውዎ ኣምራጺ ኮሚቴ መሪጹ ይስይም። ኣስመራጺ ኮሚቴ'ውን ብተራ ቁጽሪ ፫ ንዝተዘርዘሩ መስፈርትታት ዘማልኡ፣ ብመንፈሳዊነቶም፣ ብጽቡቅ ሥነ ግባሮምን

ብኣስተውዓልነቶም ዝተፈልጡ፣ ብሕጊ ቤተክርስቲያን ዝጸንዑ፣ ምንባብን ምጽሓፍን ዝኽእሉ ይኾኑ።

፩. ብቃለ ዓዋዲ ኣንቀጽ ፲፩ ተራ ቁጽሪ ፬ መሠረት ሓድሽ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ምርጫ ቅድሚ ምኻያዱ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ዝጸንሓ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ምምሕዳር ኣብ ናይ ሥራሕ ዘመኑ ዝፈጸሞምን ዘፈጸሞምን፣ ብዕቅድ ዝተተሓዘ ሥራሓትን ብጠቅላላ ናይ ሥራሕን ናይ ፋይናንስ ሪፖርት ደረጅኡን ተራእዩ ንኣጥቢያ ከም ዝቐርብ ይኸውን።

፪. ብቃለ ኣዋዲ ብዓንቀጽ ፲ ዝተጠቕሱ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ናይ ሥራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ) ኣባላትን ብዕለቱ ብሕጹይነት ካብ ዝቐረቡ ኣባላት (ማእከል) ብድምፂ ብልጫ ይመርጽ።

፫. ሀ. ኣብ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ብኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴኡ) ኣቕራቢነት መንፈሳዊ ጉባኤኡ ብቃለ ዓዋዲኡ ብምዕራፍ ኣርባዕተ ብዓንቀጽ ፲፮ ዝተመልከቱ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ናይ ሥራሕ ክፍሊ ኃላፍነታትን ኣባላትን ይመርጽ።

ለ. ቀወምቲ ኣገልገልቲ ብዝተመልከተ እቲ ሃገረ ስብከት ንናይ ኣጥቢያ ናይ ኣታውን ናይ ሥራሕ ኩነት እንዳተመልከተ ኣብ ማእከል ኣሠረ ክህነት ዘለዎም፣ ብሃይማኖቶም፣ ብሥነ ምግባሮ፣ ብኣፍልጥኦምን ብሥራሕ ልምዶምን እንዳዋዳደረ ብጉባኤ ወሲኑ ይምድብ።

ሐ. ናይ ኣታዊ ዓቕሞም ንኣሽቱ ብዝኾኑ ኣብያተ ክርስቲያናት ካብ ካህናትን ካብ ምእመናንን ብዝምረጹ ኣባላት ሥርሑ ከም ዝሥራሕ ይገብር።

፬. ብኣስተዳደር ጉባኤ ተጸኒዑ ንዝቐርብን ዓመታዊ ናይ ገንዘብ ድልደላ (ባጀት) መርሚሩ ምስተሰማምዐ ንክፍቀድ ደረጅኡ (ተርትኡ) ሓልዩ ንመንበረ ጵጵስና ሀገረ ስብከት ጽ/ቤት የቕርብ።

፱. ንናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ገንዘብን ንብረትን ጠቅላላ ኣታውን ወጻእን ብዓመታዊ ባጀቱ ብመወዳእታን ብኻልእ'ውን ኣድላይ ብዝኾነ ጊዜ ብሃገረ ስብከቱ ናይ ሒሳብ በዓል ሞያ (ክኢላ) ኣድላይ ኾይኑ ምስ ዝርከብን ብሃገረ ስብከቱ ውን ምስ ዝፍቀድ ብጠቅላይ ቤተ ክህነት እሱ'ውን ሃገረ ስብከቱ ኣወዳዲሩ ብናይ ደገ ኦዲተር ከም ዝምርመር ይገብር።

፲. ካብ ኣጥቢያ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ) ንዝቐርብ ንናይ ሰበኸኡ ቤተ ክርስቲያን ናይ ገንዘብ፣ ናይ ንብረት፣ ናይ መከናወኒ ሥራሕ መግለጽን ናይ ኦዲት ሪፖርት ይስማዕ፣ ኣከራኻሪ ዝኾነ ጉዳይ ምስ ዘጋጥም'ውን ብናይ ብልጫ ድምፂ ይውሰን፡፡

፲፩. ናይዚ ጉባኤ ተጸዋዒነት ደረጅኡ ሓልዩ ንወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ምምሕዳር ጉባኤን ንወረዳ ቤተ ክህነት ጽ/ቤት ይኸውን።

## ዓንቀጽ ፱

## ናይ ኣምራጺ ኮሚቴ ተግባርን ኣፈጻጽማ ሥራሕን

፩. ኣምራጺ ኮሚቴ ንሕጹያት ብዕለቱ ኣጠቓሙ ንምርጭኡ'ውን የፈጽም። ከምኡ'ውን ብዕለቱ ንክፍጸም እንተ ዘይገይሩ ብቅጽል ሰንበት ምርጭኡ የከናውን።

፪. ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ ኣባልነት ንዝወዳደሩ ሕጹያት ኣጻርዩ ናብቲ ምርጫ ኣፈጻጽማ ኣዳልዩ ንኣጥቢያ ካህናትን ምእመናንን ንምርጫ የቅርብ።

፫. መረጽቲ'ውን ብቃለ ዓዋዲ ብዓንቀጽ ፰ ተራ ቁጽሪ ፫ ንዝተገልጸ መስፈርቲ ንምምልኦም የረጋግጽ።

፬. ናይ ምርጫ ድምፂ ኣወሃህባ ቅድሚ ምጅማሩ ኣቀዲሙ ኣስመራጺ ኮሚቴ መረጽቲ ንዝመርጽዎም ኣባላት ብዝግባእ ንክፈልጡን ብቑዕነቶም'ውን ኣመዛዚኖምን ተረዲኦምን ንምምራጽ ንክኽእሉ

ጥራሕ ንመረጽቲ ኣብ ዝተዳለወ ቦታ ትምህርትን መብራህርህን ከምዝወሃቦም ይገብር።

፫. ናይ ምርጫ ናይ ድምፂ ኣወሃህባውን ከከም ኣከባቢኡን ከም ዝጥዕም ብጽሑፍ ወይ ውን ብካርዲ ወይ ከኣ ኢድ ብምውጻእን ብምቁጻር ክኸውን ይኽእል።

፬. ናይ ኣስመራጺ ኮሚቴ ካብ ዘቅረቦም ሕጹያት ማእከል ብኣጥቢያ ካህናትን ምእመናንን ዘይተደገፉ እንተለው ብናይ ጉባኤ ሓበሬታ ካልኦት ሕጹያት ቀሪቦም ከምዝምረጹ ናይ ምግባር ኃላፍነት ኣለዎ።

፭. ናይ ኣወሃህባ ድምፂ ሥነ ሥርዓት ምስተዛዘመን ኣስመራጺ ኮሚቴ'ውን ከይተደናገየ ምስ መዝገበን ድሕሪ ምፍርራሙ ናይ ጉባኤ ኣካቢ ብዝኾነ ንቤተ ክርስቲያኑ ኣማሓዳሪ የቅርብ

፮. ናይ ቤተ ክርስቲያኑ ኣመሓዳሪ'ውን ብኣስመራጺ ኮሚቴ ዝቐረበሉ ናይ ምርጫ ቃለ ጉባኤ ጸዲቁ ብሥራሕ ንኸውዕል ንወረዳ ቤተ ክህነት የቅርብ።

## ዓንቀጽ ፲

## ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ኣባላት

ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ናይ ኣባላት ዓይነትን ብዝሕን፣ ኣመራርጻ ኣባላት፣ ናይ ተመረጽቲ ኣባላት (ኣባላት ተመረጽቲ) መምዘኒ ካብዚ ንታሕቲ ብዝተዘርዘሩ ድንጋጌታት መሠረት ይፍጸም።

### ፩. ናይ ኣባላት ዓይነትን ብዝሓትን

ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ (ኣስፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ካብዚ ቀጺሉ ከም ዝተመልከቶ ምስ ኣማሓዳሪ ቤተ ክርስቲያን ካብ ሓሙሽተ ዘይውሕዱ ካብ ትሽዓተ ዘይበዝሑ ኣባላት ይህልውዎ።

ሀ. ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ኣማሓዳሪ _ __ ___ __ __ __ ናይ ጉባኤ ኣካቢ፣

ለ. ብዘይ ተራ ቁጽሪ ብፊደል (ሐ) ን (መ) ካብ ዝተጠቕሱ ካህናትን ምእመናንን ኣባላት ማእከል ናይ ምምሕዳር ክእለት ዘለዎ ዝኾነ ኮይኑ ብሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዝጸንዓን ሠናይ ሥነ ምግባር (ሥነ ምግባር ዘለዎ) ዝኾነ ብዘይ ጉባኤ ዝምረጽ ካህን

ወይ ምእመን ዕድሚኡ ካብ ፴ ኣኣመት ዘይንእስ ካብ ፷ ዓመት ዘይበልጽ __ __ __ __ __ ናይቲ ጉባኤ ም/ጠርናፊ (ሰብሳቢ)

ሐ. ብኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ብቅድሚት ካብ ዘገልግሉ መደበኛታት ካህናት ማእከል ዝምረጹ ካብ ክልተ ዘይውሕድ ካብ ኣርባዕተ ዘይበዝሑ ካህናት __ __ __ __ __ __ ናይ ጉባኤ ኣባላት

መ. ምስ ሓደ ናይ ሰንበት ቅ/ቤት መንእሰይ ካብ ሰበካ ምእመናን ማእከል ንዝምረጹ ካብ ክልተ ዘይውሕዱ ካብ ኣርባዕተ ዘይበልጹ (ዘይበዝሁ) ምእመናን'ውን __ __ __ __ __ ናይቲ ጉባኤ ኣባላት

ሠ. ናይቲ ቤተ ክርስቲያን መደበኛ ጸሓፊ ናይ ኣጥቢያ ሰበኻ ጉባኤ ጸሓፊ ይኸውን። ነገር ግን ብውሳኔ ወቅቲ ድምፂ ኣይህልዎን፣ መደበኛ ጸሓፊ ኣብ ዘይብሎም ናይ ኣጥቢያ ኣብያተ ክርስቲያናት ካብ መደበኛ ኣገልገልቲ ማእከል ንሰበኻ ጉባኤ ኣባልነት ዝተመረጸ ካህን ናይ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ጸሓፊ __ __ __ __ ናይ ጉባኤ ጸሓፊ ይኸውን።

## ፪. ናይ ኣባላት ኣመራርጻ

ሀ. ናይ ተመረጽቲ ካህናት መምዘኒ

ካብ ካህናት ወገን ዝምረጹ ኣባላት

፩. ንምምሕዳር ሥራሕ ግቡእን ብቑዕን ዝኾኑ መደበኛ ኣገልገልቲ ካህናት፣

፪. ኢ ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር ዘይርኣየሎም፣ ዓዳውነትን ነዚኦም ዝመስሉ ተግባራት ኣተሓሳስብኦም'ውን የማዛብሎ ተባሂሎም ዘይጥርጠሩ።

፫. ካብ ትዕቢት፣ ካብ ተንኮል፣ ካብ ኣድማ፣ ካብ ስኽራን፣ ካብ ፍቅረ ንዋይ ዝረሓቑ ሠናይ ሥነ ምግባሮምን ትሕትንኦምን ዝተመስከረሎም።

፬. ንኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ብጸሎት ዝተግሁ፣ ንስብከተ ወንጌል ዝፋጠኑ።

፭. ጉድለት ገንዘብ ዘይተረኽቦም፣ ብኻልእ ወንጌል ተኸሲሶም ብጉባኤ ዘይተወሰኖም ወይ ድማ ብፍርዲ ቤት ዘይተፈረደሎም (ዘይተፈረዶም) ወይ ከኣ ብዝኾነ ኩነት እጃሞም (ግብኦም)ብሕጊ ዘይተነፍጎም ዕድሚኦም ካብ ፳፩ ዓመት ንላዕልሊ ዝኾኖም ይምረጹ።

ለ. ናይ ምእመናን ተመረጽቲ መምዘኒ

ካብ ወገን ምእመናን ናይ ፆታ ፍልልይ ከይተገብረ

፩. ብሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዝጸንዑ፣ ናይ ኢትዮጵያ ተዋሕዶ እምነት ተኸተልቲ ብሰበኻ ጉባኤ ብኣባልነት ተመዝጊቦም ግዴትኦም'ውን ዝተዋጽኡ፣

፪. ናይቲ ኣጥቢያ ነባሪ ከም ዝኾኑ ሕጋዊ ዝኾነ ናይ ነባርነት መንነት (መታወቅያ) ዘለዎም፣

፫. ኢ ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር ዘይርኣዮም፣ ዓዳውነትን ነዚኦም ዝመስሉ ተግባራት ኣተሃሳስብኦም ውን የማዛብሎ ተባሂሎም ዘይጥርጠሩ፣

፬. ካብ ትዕቢት፣ ካብ ተንኮል፣ ካብ ኣድማ፣ ካብ ስኽራን፣ ካብ ፍቅሪ ንዋይ ዝረሓቑ ብጽቡቅ ሥነ ምግባሮም ዝተመስከረሎም ናይ ገንዘብ ጉድለት ዘይተረኽቦም ብኻልእ ወንጌል (በደል) ተኸሲሶም ጉባኤ

ዘይተመስከሮም ወይ ድማ ብቤት ፍርዲ ዘይተፈረዶም ወይ ድማ ብዝኾነ ኩነት መሰሎም ብሕጊ ዘይተነፍጎም (ዘይተሓለወሎም)፣

፭. ኣብቲ ኣጥቢያ ነበርቲ ዝኾኑ ዕድሚኦም ካብ ፳፩ ክሳዕ ፸ ዓመት ዝኾኑ ምእመናንን ምእመናትን ይምረጹ።

ሐ. ካብ ሰንበት ት/ቤት ዝምረጹ ቁጽሮም ካብ ምእመናን ወገን ኮይኑ

፩. ብሰበኽኡ ሰንበት ትምህርት ቤት ብኣባልነት ዝተመዝገቡ፣

፪. ዕድሚኦም ካብ ፲፯ ክሳብ ፴፭ ዓመት ዝኾኖም፣

፫. ብቑዕ ክእለት ዘለዎምን ብኣስተውዓልነቶም ዝተመስገኑ፣

፬. ብኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ዝጸንዑ፣

፭. ብቤተ ክርስቲያን ዶግማ፣ ቀኖናን ሥርዓት ዘይጠራጠሩ መናእሰይ ናይ ፆታ ፍልልይ ከይተገብረ ይምረጹ።

## <u>ዓንቀጽ ፲፩</u>

## <u>ንምርጫ ምምሕያሽ፡ ምስዓርን ምጽዳቅን ስለ ተመረጽቲ ናይ ኣገልግሎት ዘመን</u>

፩. ንምርጫ ምምሕያሽ፣ ምስዓርን ምጽዳቅን

ሀ. ብኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ንዝፍጸም ናይ ሰበኻ ጉባኤ ምርጫ ኩሉ ብወረዳ ቤተ ክህነት ኣከባቢ ብሃገረ ስብከቱ ሊቀ ጳጳሱ ነቲ ምርጫ ብጉባኤ ርእዩ ከመሓይሽ ወይ ክስዕሮ ይክእል፣

ለ. ናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት ተመሪጾም ሥራሕ ድሕሪ ምጅማሮም ናይ ሃይማኖት ክሕደት ብክነት ገንዘብ ወይ ካልእ ሽግር ተተፈጢሩ ሃገረ ስብከቱ ብኣስተዳደር ጉባኤ ኩነታቱ ኣጽኒዑ ናይ ምስዓር ሥልጣን ኣለዎ።

፪. ንኣባልነት ዝተመርጸ ካህን ወይ'ውን ምእመን ብዝተመርጸ ኣገልግሎት ዝጸንሐሉ ጊዜ ንሠለስተ ዓመት ይኸውን፣ ካብ ክልተሳዕ ንላዕሊ ብተከታታሊ ክምረጽ ኣይክእልን።

፫. ናይ ኣጥብያኡ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ናይ ሥራሕ ዘመኑ ቅድሚ ምውድኡን ቀጻሊ ምርጫ ቅድሚ ምክያዱን ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽምኡ ሪፖርት ናይ ምቅራብ ግዴታ ኣለዎ።

፬. ኣብ ሥራሕ ዘለው ናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት ናይ ሥራሕ ዘመን ቅድሚ ምውድኡ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ናይ ሓደሽቲ ኣባላት ምርጫ ይፍጸም፣ ነገር ግን ሓደሽቲ ዝተመርጹ ኣባላት ሥርሖም ዝጅምሩ ብሥራሕ ዘለዉ ኣባላት ናይ ሥራሕ ዘመኖም ምስ በቅዐ እዩ።

፭. ንዝተመርጹ ኣባላት ስለ ቃለ ዓዋዲን ናይ ቤተክርስቲያን ሕግጋት ብምልከቶም ኣካላት ሥልጠና ይህብ።

፮. ስለ ተተካእቲ ኣባላት

ሓደ ኣባል ናይ ሥራሕ ጊዜኡ ቅድሚ ምውድኡ ብሞት ወይ ብዝውውር ምኽንያት ወይ ብዓንቀጽ ፲ ተራ ቁጽሪ ፪ ካብ (ሀ) ክሳዕ (ሐ) ንዝተዘርዘሩ ዘማልአ ምኺኑ ምስተፈልጠ ወይ ድማ ንወረድኡ ምምሕዳር ጉባኤ ብዝተመረጽዎ ወይ ብካልእ ምኽንያት ቦትኡ ክፍቲ ዝኾነ እንተኾይኑ ብዝሓለፈ ምርጫ ካብ ዝተመርጹ ኣባላት ቀጺሉ ልዑል ድምፂ ዝረኸበ ኣባል ኮይኑ ነቲ ቦታ ይትክእ። በዚ ዓይነት ዝትክእ ኣባል እንተተሳኢኑ እንደገና ብካህናቱን ብምእመናኑን መንፈሳዊ ጉባኤ ድምፂ ብልጫ ተመሪጹ ንዝተባህለ ክፍቲ ቦታ ብኣባልነት ከም ዝትክእ ይግበር። ተተካኢ ኣባል'ውን ዘገልግለሉ ናይ ዘመኑ ምርጫ ክሳዕ ዝፍጸም ይኸውን።

## ዓንቀጽ ፲፪

## ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ሥልጣንን ተግባርን

ብቃለ ዓዋዲ ብምዕራፍ ፪ ብዓንቀጽ ፷ን ፯ ንዝተዘርዘሩ ዕላማን ተግባርን እንዳፈጸመ ብተወሳኺ ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ (ኣስፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ዝከተል ሥራሕን ተግባርን ይህልዎ።

፩. ናይ ቤተክርስቲያን ሕጊ ብዝፈቕዶ መሠረት ንናይ ቤተ ክርስቲያን እምነት፣ ሥርዓትን ሲኖዶሳዊ መዋቅርን ምሕላው ንክሕሎ ናይ ምግባር ግዴታ ኣለዎ።

፪. ስለ ንዋየ ቅድሳት፣ ስለ ቅዱሳት መጻሕፍቲ፣ ስለ ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ ቅርስታት ምዕቃብ፣ ኣተሓሕዛ እናጽንዐ ይመክር ይሕሉ የሕሉ።

፫. ኣብ ኣጥቢኡ ሰበኻ ውሽጢ ንዝትንስኡን ናይ ሃይማኖትን ናይ ምሥጢራዊት ቤተ ክርስቲያን ጉዳይ ንዝምልከት ፍሉይ ናይ ካህናት ጉባኤ የቋቁም።

፬. ብሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን መርዓ ብዝፍጽሙ ኣብ ማእከል ሰብኣይን ሰበይትን ንዝቀርቡ ክስታትን ከምኡ'ውን ሥልጣነ ክህነትን ዝተፈላለዩ ንምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን ዝምልከቱ ጉዳያት ኩሉ ብፍላይ ነዚ ተባሂሉ ብዝተሰምየ ናይ ካህናት ጉባኤ ከምዝውሰን ይገብር። ጉዳዩ ካብዚ ጉባኤ ሥልጣን ንላዕሊ ኮይኑ ተተረኺቡ ደረጅኡ ሓልዩ ናብ ላዕሊ ኣካል የቕርብ።

፭. ንናይ ሰንበት ት/ቤት መንእሰያት ካብ ኩሉ ክፉእ ነገር ናይ ምሕላው፣ ዝወሃቦም ትምህርቲ ኮነ ዝዝምርዎ መዝሙር ብኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ዶግማ፣ ቀኖናን ትውፊትን መሠረት ብምኻኑን ናይ ምርግጋጽ፣ ሥርሖምን ጠባዮምን ካብ ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር ወጻኢ ከይከውን ናይ ምክትታልን ናይ ምቁጽጻርን

ሓላፍነት ኣለዎ። ብሰንበት ትምህርት ቤት ዘይተመዝገቡ መንእሰያት ከምዝምዝገቡ ብሃይማኖትን ብሥነ ምግባርን ከምዝጸንዑ ይገብር።

፮. ፩. ሀ/ ውህብቶታት ይቅበል፣ ንዝምልከቶ ክፍሊ'ውን የፍልጥ።

ለ/ ብኣጥቢኡ ቤተ ክርስቲያን ስም ይኸስስ፣ ይኽሰስ።

፪. ቃለ ዓዋዲ መሠረት ብምግባር ዕቅዱን መጽናዕቱን ንሃገረ ስብከቱ እንዳቅረበ ምስ ዝፍቀደሉ ብእጥቢያ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ስም፥

ሀ/ ውዕል ምውዕዓል

ለ/ ምኽሳስ

ሐ/ ንሥራሕ ብዘድልዮ መጠን ዝንቀሳቀስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ብውዕል ምክራይን ምኽራይን፣

መ/ ኣድላይ ኮይኑ ተተረኺበ'ውን ዘዋጽእ ንልምዓት ሥራሕ ጥራሕ ናይ ሃገረ ስብከት ኣማሓዳሪ ጉባኤ ብሊቀ ጳጳሱ ኣካብነት ምስ ዝሰማመዐሉን ሊቀ ጳጳሱ ምፍቃዶም ብጽሑፍ ምሰረጋገጹ ካብ ባንክ ገንዘብ ምልቃሕ ይክእል።

፫. ካብዚይ ንላዕሊ ንዝተወሰነ ከምዝተሓለወ ኮይኑ ብቀዋሚ ንብረትን ግምታቶም ልዑላት ብዝኾኑ ጉዳያት ውዕል ምውዕዓል ኣብ ዘድለየሉ እዋን (ጊዜ) ብሊቀ ጳጳሱ ኣካቢነት ብዝምራሕ ምምሕዳር ጉባኤ ምስተወሰነ፣ እዚይ'ውን ብጽሑፍ ምስ ዝፍቀድን ዝረጋገጽን ምውዕዓል ይከኣል።

፬. ስለ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሃብትን ንብረትን ብዛዕባ ዝርዝር ኣተሓሕዛ ጉዳይ ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝወጽእ ደንብን መምርሕን ይውሰን።

፭. ብቃለ ዓዋዲ ብዓንቀጽ ፶፮ ተራ ቁጽሪ ፩ ብዝተጠቅሰ መሠረት ናይ ሰበኸኡ ካህናትን ምእመናንን ዝኸፍልዎ መጠን ገንዘብ የፍልጥ፣ ኣታዊ ምኽኑ'ውን ይቆጻጸር።

፲. ካብ ሰበክኡ ቤተ ክርስቲያን ጠቕላላ (ሓፈሻዊ) ኣታዊ ብቓለ ዓዋዲ ብዓንቀጽ ፶፯ ተርታ ቁጽሪ ፩ መሠረት ንኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ጠቕላላ ምምሕዳር፣ ንትምህርቲ፣ ንስብከተ ወንጌል፣ ንልምዓት፣ ንምግባረ ሠናይን በብሰበኹኡ ንዝፍጸሙ ናይ ኅብረት ሥራሕ ዕቅዳትን ንዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ንዘድልዮን ገንዘብ ካብ ዝኾነ ኣታዊ ፳% (ዕሥራ ካብ ሚእቲ) ከምዝኽፈል ይገብር።

፲፩. ብደረጃ ማእከል ተፈቒዱ ሓድሽ ሕንጻ ቤተ ክርስቲያን፣ ትምህርት ቤት፣ ክሊኒክን ዝመሳሰሉ ብዝሰርሕሉ ጊዜ'ውን እንተ ኮነ ካብ ግለ ሰብ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ድርጅታትን፣ ካብ ገበርቲ ሠናይ ብርዳእታ ካብ ዝርከብ እንተዘይ ኮይኑ ካብ ልምዓት ኮነ ካብ ነንሕድሕዱ ኣታዊ ፳% (ዕሥራ ካብ ሚእቲ) ከምዝኽፈል ይገብር።

፲፪. ናይ ኣብነት ትምርቲ ቤት ብኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ንምስፍሕፋሕ ንምጥንኻር ነቶም መምህራንን ደቀ መዛሙርትን ባጀት ይምድብ።

፲፫. ካብ ኩሉ ናይ ቤተ ክርስቲያን ኣታዊ ገንዘብ ብሃገረ ስብከቱ ሊቀ ጳጳስ ፍቃድ ብዝኽፈት ባንኪ ሒሳብ ብስም ሰበክኡ ቤተ ክርስቲያን የቐምጥ።

፲፬. ሀ/ ብቓለ ዓዋዲ ብዓንቀጽ ፶፯ ዝተጠቕሰ ከም ዝተሓለወ ኮይኑ ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ዓመታዊ ናይ ገንዘብ ድልድል (ባጀት) መርሚሩ ንክፍቀድ ደረጅኡ'ውን ሓልዩ ንመንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ጽ/ቤት የቕርብ።

ለ/ ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ጽ/ቤት' ውን ንዝቐርብ ባጀት መርሚሩ ምስ ዝሰማመዓሉን ባጀቱ ኣጽዲቑ ምስ ዝልእኸሉ ኣብ ተግባር ከም ዝውዕል ይገብር።

፲፭. ናይቲ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤትን ናይ ሥራሕ ክፍልታትን የቋቑሙ።

፲፮. ካብቲ ቤተ ክርስቲያን ጽ/ቤት ብዝተወሰነሉ ጊዜ ንዝቐርብ ናይ ሥራሕ መግለጺ ናይ ሰበኩ ተቆጻጻሪ ንዘቅርቦ ናይ ሓሳብ ምርመራ ውጽኢት ተመልኪቱ ተግባራዊ ይገብሮ።

፲፯. ኣብ ውሽጢ ሰበኩ ሕንጻ ንምሥራሕ ኣድላዩ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ንዝተዓቀደ ሥራሕ ካብ ሃገረ ስብከቱ ፍቓድ ብምርካብን መምርሒ ብምቅባል ናይ ሕንጻ ኣሥራሒ ኮሚቴ የደራጁ (የቋቁም)። ናይዚይ ኮሚቴ ኣባላት'ውን ብኣጥቢኡ ቤተ ክርስቲያን ካህናትን ምእመናንን ግጉባኤ የምርጽ።

፲፰. ንሥራሕ ሕንጻ ብሃገረ ስብከቱ ፍቃድ ናይ ባንኪ ሒሳብ ቍጽሪ በዚ ዓንቀጽ ተራ ቁጽሪ ፲፫ ብዝተጠቅሰ መሠረት ብቤተ ክርስቲያኑ ስም ከምዝኽፈት ይገብር።

፲፱. ካብ ባንኪ ወጻኢ ኣብ ዝግበር ጊዜ፥

ሀ. መደበኛ (ዝውቱር) ናይ ሰበኻ ጉባኤ ወጻኢ ሕሳብ ብናይ ቤተ ክርስቲያኑ ኣማሓዳርን ብሰበኩ ም/ኣካቢ ብጣምራ ክልቲኦም ፌርማ፣ ካብ መደበኛ ወጻኢ ካልእ ገንዘብ ምውጻእ ምስ ዘድሊ ብሰበኻ ጉባኤ ተወሲኑ ኣብ ሥራሕ ከም ዝውዕል ይኸውን።

ለ. ነቲ ናይ ሕንጻ ሥራሕ ወጻኢ ምስ ዘድልይ ብኮሚቴ ተወሲኑ ብኣማሓዳርን ብኣካቢ ሕንጻ ሥራሂ ኮሚቴ ወይ'ውን ኣካቢ ኣብ ዘይብሉ ጊዜ ብም/ኣካቢ ጣምራ ፊርማ ብወጻኢ ቼክ መኣዘዚ ቼክ እንዳተፈረመ ገንዘብ ከምዝወጽእን ኣብ ሥራሕ ከምዝውዕልን ይገብር።

፳. ኣብ ውሽጢ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ዝተቋቋመ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ንዝውስንዎም ዝተፈላለዩ ጉዳያት እንዳመርመረ የመሓይሽ፣ ይስዕር፣ የጽድቕ።

፳፩. ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ኣገልገልቲ ብዘብጽሕዎ ጥፍኣት ምምሕዳራዊ ዝትንክፍ ዝኾነ'ውን ሪኡን መርሚሩ ውሳኔ ይህብ።

ወንጀል (ጥፍኣት) ዝትንከፍ ኣይነት ጉዳያት ብሕጊ ከምዝርኣዩ ይገብር።

፳፪. ካብ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ኣባላት ማእከል ንወረድኡ ጠቕላላ መፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ሓደ ካህን፣ ሓደ ምእመንን ሓደ ናይ ሰንበት ት/ቤት መንእሰይ መሪጹ ይልእኽ።

፳፫. በዚይ ቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፯ ተራ ቁጽሪ ፩ (ለ) መሠረት በብሸድሸተ ወርሒ ብዝግበር ኣኼባን ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ናይ ሥራሕ ጊዚኡ ቅድሚ ምውድኡ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ስለ ዘሰላስሎም (ዘከናወኖም) ሥራሓትን ናይ ገንዘብ ወጻኢታት ብምምልካት ብሃገረ ስብከቱ ምስተፈቕዶ ሪፖርት ንካህናትን ምእመናንን ጉባኤ ምቕራብ ኣለዎ።

፳፬. ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዓበይቲ በዓላትን በዓለ ንግሥን ጊዜ ኣብ ብዓሉ ንምጽባቅ (ንምድማቅ) ብዝብል ካብ ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ወጻኢ ንዝፍጸሙ ተግባራት ንኸይፍጸሙ ይቆጻጸር፣ ይከላኸል።

፳፭. ኣብ ቤተ ክርስቲያኑ ዓውደ ምሕረትን ኣካባቢኡን ናይ መጉልሒታት ድምፂ (በከልተ ድምጽታት) ብምጥቃም ናይ ካሴትን ካልእ ዝተፈላለዩ ዝሸየጡን ፍቃድ ካብ ዝተዋህቦም ወጻኢ ዝካየድ ልመና ከይፍጸም ይቆጻጸር።

፳፮. ብማኅሌት፣ ብጸሎተ ቅዳሴ፣ ብትምህርቲ ወንጌል መንፈሳዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝወሃበሉ ጊዜ ኣብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ብዝርከቡ ኣዳራሻትን ዝተፈላለዩ መዕቆቢታት (መጽለሊታት) ካልኦት መርሐ ግብርታት ከይካየዱ ይቆጻጸር፣ ይከላኸል።

፳፯. ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ተጸዋዒነቱ ቤተ ክህነት ጽ/ቤት ይኸውን።

## <u>ዓንቀጽ ፲፫</u>

## <u>ናይ ኣጥቢያ ሰበካ ቤተክርስቲያን ኣማሓዳሪ</u>

## <u>ሥልጣንን ተግባርን</u>

ብቃለ ዓዋዲ ብዓንቀጽ ፰ን ፺ን ዝተመልከተ ዕላማን ተግባርን ንምፍጻምን ንምፍጻምን ኣማሓዳሪ ዝከተሎ ሥልጣንን ተግባርን ይህልዎ።

፩. ናይቲ ቤተክርስቲያን ኣማሓዳሪ ናይ ቤተክርስቲያን ቀንዲ ኣፈጻሚ ሥራሕ (ኣካያዲ ሥራሕ) ብምኟን በዚ ቃለ ዓዋድን ነዚ ቃለ ዓዋዲ ተኸቲሉ ብዝወጽእ ናይ ውሽጢ ደንቢ መሠረት ስለ ሰበኽኡ ካህናትን ምእመናንን መንፈሳዊ ጉባኤን ስለ ምምሕዳሩ ጉባኤ ናይ ኣፈጻጽማ ሥራሕ ብኣጥቢያ ሰበካ ቤተክርስቲያን ንዘሎ መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ምምሕዳርን ሓላፍን ተጸዋዕን እዩ።

፪. ስለ ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ምምሕዳርን ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝወጽኣን ብዝወጽእ ደንብን መሠረት ናይ ኣጥቢያኡ ሰበኻ ቤተ ክህነት ምምሕዳርን መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ይምራሕ።

፫. ናይቲ ኣጥቢያ ሰበኻ ጉባኤ ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ ምርጫ ካብ ምክንዋኑ ኣቐዲሙ ንኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ብጠቕላላ ካህናትን ምእመናንን ናይ ምግንዛብ ትምህርቲ ይወሃብ፣ ከም ዝወሃብ'ውን ይግበር።

፬. ኣብ ኣጥቢያኡ ሰበኻ ውሽጢ ብቃለ ዓዋዲ ምዕራፍ ፬ ዓንቀጽ ፲፮ ተራ ቁጽሪ ፩ ዝተዘርዘሩ ንኡሳት ክፍልታት ከምዝደራጀውን ብትክክል ኣብ ሥራሕ ንክውዕሉ ግቡእ ክትትልን ቁጽጽርን ይገብር። ንዝተፍላለዩ ናይ ሥራሕ ሓለፍቲ የተሓባብር፣ ይቆጻጸር።

፭. ናይቲ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ኣገልገልቲ ካህናትን ምእመናንን ናይ ኣባልነት መለለይ (ማንነት) ዘለዎም ምኟኖም ብኣጥቢኡ ሰበኻ ውሽጢ ዘለው ምእመንን ኩሎም ምምዝጋቦምን፣ ናይ ጥምቀት (ናይ

ክርስትና)፣ ናይ መርዓን ናይ ሙታንን መዛግብቲ እንዳተሠርሐሎም ምኽኑን የረጋግጽ።

፯. ናቲ ኣጥቢያኡ ሰበኻ ምእመናንን ደቂ ምእመናንን ካብ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ምግባርን ንኸይወጹ የስተምህር፣ ይሕሉ፣ የሐሉ፣ ብጠቅላላ ንካህናት ብዝበለጸ’ውን ንናይ ስንሓ ኣቦታት ብምስትምሃርን ብምሕላውን ተግባር ንክጠናኸሩ መምርሒ ይህብ፣ ይቆጻጸር።

፰. ናይ ቤተክርስቲያኑ ኣታዊ ብትክክል ንክእከብ ገንዘቡን ዝኾነ ይኹን ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስ ሃብትን ንብረትን ከምዝሕሎን ብምምሕዳሩ ጉባኤ እንዳተረእየ ብዝውሰኖ መሠረት ብዝግባእ ኣብ ሥራሕ ምውዓሉን ይከታተል።

፱. ካብ ላዕሊ ብዝተፈቅደ ዓመታዊ ናይ ገንዘብ ድልድል (ባጀት) መሠረት ዝኾነ ይኹን ወጻኢ ብምእዛዝ ከም ዝሥረሓሉ ይገብር።

፲. ብቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፲፩ ካብ ተራ ቁጽሪ ፯ ክሳዕ ፲ ንዝተደንገገ ሓልዩ ናይ ውዕሉ ረቂቅ ናይ ሰበኻ ምምሕዳር ጉባኤኡ ምስ ዝሰማመዐሉን ብሃገረ ስብከቱ ምምሕዳር ጉባኤ ተወሲኑ ብጽሑፍ ምስ ዝፍቀድ ጥራሕ ካብ ም/ሰካቢ (ጠርናፊ) ኮይኑ ብቤተክርስቲያኑ ስም ውዕል ይወዓዓል ይፍርም።

፲. ናይ ሰበኸኡ ኣማሓዳሪ ጉባኤ ንክእከብ ጻውዒት የመሓላልፍ፣ ብጉባኤ ብዝተዋህበ ውሳኔ መሠረት ከምዝሥረሐሉ እንዳገበረ ኣፈጻጽምኡ ይቆጻጸር።

፲፩. ናይ ኣጥቢኡ ምምሕዳር መንፍሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ንኣባላትን ንዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ክፍልታት ምርጫ ንኽጸድቀሉ ንወረድኡ ቤተ ክህነት የቕርብ።

፲፪. ብስም ኣጥቢኡ ምምሕዳር መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ስም ኣማሓዳሪኡ ስለ ሰበክኡ ካህናትን ምእመናንን ኩነታት፣ ስለ ቤተክርስቲያኑ ኣገልገልቲ፣ ስለ ገንዘብን ንብረትን ከምኡ’ውን ስለ

ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይ ሥራሕ ክንውን መግለጺ ንሰበክኡ ቤተክርስቲያን ካህናትን ምእመናንን መንፈሳዊ ጉባኤ ኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ የቅርብ፣ ናይቲ ጉባኤ ውሳኔ'ውን ንወረዳ ቤተ ክህነት የመሓላልፍ።

፲፫ ኣማሓዳሪ ንምቁጻርን፣ ንምውሳክ ደመወዝ፣ ንዕቤት፣ ንምዝውዋርን ንካብ ሥራሕ ምስጓግን ንዝምልከቱ ጉዳያትን ኩሉ ናይ ሰበክኡ ኣስፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ ክይተዘራረበሉን ክይወሰነን ብተወሳኺ'ውን ላዕለዋይ ኣካል ክይፈለጦን ክይፈቕደን ንበይኑ ክፍጽም ኣይክእልን።

፲፬. በብዘርፉ ዘለው ሓለፍቲ ሥራሕ ብዝቀርበሉ ሪፖርት መሠረት ንናይ ኣገልገልቲ ኣካይዳ ሥራሕ ይቆጻጸር፣ ይመክር፣ ንዘጥፍኡ'ውን ይግሥጽ፣ ናይ ቃልን ናይ ጽሑፍን መጠንቀቕታ ይህብ።

፲፭. ብመሠረት ቃለ ዓዋዲ ብዝወሃብ መምርሒ ንኩሉ ዝውስነሉ ተግባር ይፍጽም፣ የፈጽም።

## ዓንቀጽ ፲፬

## ናይ ኣጥቢያ ምምሕዳር መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ

## ም/ኣካቢ (ጠርናፊ) ሥልጣንን ተግባርን

፩. ናይ ቤተክርስቲያኑ ኣማሓዳሪ ብካልእ ጊዜ ም/ኣካቢ ንናይ ኣማሓዳሪ ተግባር ይፍጽም

፪. ንዘተፈቕደ ምዱብ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ወጻኢ ሕሳብ ምስ ኣማሓዳሪኡ ብሓድነት ፌርማ የንቀሳቅስ

፫. ም/ኣካቢ ሥልጣነ ክህነት ዘይብሉ እንተኮይኑ ንምሥጢራት ቤተክርስቲያን ዝምልከቱ ጉዳያት ክርኢ ኣይክእልን

፬. ም/ኣካቢ ተጸዋዒነቱ ንኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን እዩ፡፡

## ዓንቀጽ ፲፰

## ስለ ገዳማት ምምሕዳርን ሥርዓተ ምንኲስናን

### ፩. ምምሕዳር ገዳማት

ሀ/ ናይ ገዳማት ሓድነት ዝመሓደሩሉ ከከም ገዳማቱ ሥርዓት በብኣህጉረ ስብከቱ እንዳተጸንዐ ዝፍቀድ ደንብን መምርሕን ይህልወን። ከም ኣድላይነቱ ብሃገረ ስብከቱ ኣካባቢ ብቅዱስ ሲኖዶስ ክወጸሎም ይክእል፣

ለ/ ሥርዓተ ገዳም ብዝፈቅዶ መሠረት በቢገዳማቱ ውሽጢ ጽ/ቤታትን ዝተፈላለዩ ናይ ኣመራርሓ ኣካላት ይቛቖሙ።

ሐ/ ብናይቲ ገዳም ኣማሓዳሪ መሠረት ናይ ጾም ናይ ጸሎት ሥርዓት ዝሓለወ ኮይኑ መነኮሳት ዝመሃርሉ ቦታን ዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ዝዋፈርሉ ናይ ሥራሕ መስከታት ይህልውዎ።

መ/ መነኮሳይያት'ውን ብዝተወሰነለን ናይ ገዳም ኣከባቢ (ክልል) ጸኒዐን ብሥርዓተ መንኲስና መሠረት ርእሰንን ካልኦትን እንዳረድኣ ንክነብራን ንክሠርሓን ይግበር።

ሠ/ ገዳማት ናይ ዓርሰን ዝተኸበረ ኣከባቢ (ሕጹር) ቦታ ይህልወን

ረ/ ብቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፫ ተ.ቁጽሪ ፫ ዝተደንገገ (ዝተወሰነ) ከም ዝተሓለወ ኮይኑ (ኣከባቢ) ናይ ሓድነት ገዳም ንዝነበሩ ምእመናን ብሰበኻ ጉባኤ እንተተጠርነፉን እንተዘይተጠርኒፎምን ብዓይነት ወይ'ውን ብጥረ ገንዘብ ከምዝኸፍሉ ይግበር።

ሰ/ ዝኾነ ይኹን ናይተን ገዳማት ኣታዊ ብጠቅላሊ ቤተ ክህነት ብናይ ላዕላይ ተቆጻጻሪነትን ብሃገረ ስብከቱ ጽ/ቤት ኃላፍነት ብዝሕተሙ ካርኒታት ጥራሕ ገንዘቡ ብሞዴል ፴ን ፰፬ ነቲ ንብረቱ ብሞዴል ፲፱ ከምዝእከብ ይገብር። ሃገረ ስብከቱ ወይ'ውን ጠቅላሊ ቤተ ክህነቱ ፍቃድ ብዘይሃቦ ካርኒ ገንዘብ ኮነ ንብረት ዝኣከበ (ዝጠርነፈ) ገዳም ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

ሸ/ ዝኾነ ይኹን ናይቲ ገዳም ኣታዊ ገንዘብ ብሃገረ ስብከቱ ሊቀ ጳጳስ ፍቃድ ብዝከፈት ናይ ባንኪ ሕሳብ ብስም እቲ ገዳም ይቅመጥ። ናይቲ ባንኪ ሕሳብ ዝንቀሳቀሶ'ውን ብናይቲ ገዳም ኣበምኔት ወይ ድማ እመምኔትን ማኅበረ መነኮሳቱ (መነኮሳይያቱ) ብዝውክልዎ ሓደ ተወካሊ ጥምር ፌርማ ይኸውን።

ቀ/ ሰበካ ጉባኤ ብዝተቋቆሞም ይኹኑ ዘይተቋቆሞም ገድማት ምእመናኑ ካብ ዝከፈልዎን ካብ ዝተፈላለዩ ኣታዊታቶም ካብ ሚእቲ ፳% ንሃገረ ስብከት ይኸፍሉ።

በ/ ብገዳማት ዝነበሩ መነኮሳት ኮኑ መነኮሳይያት ከምኡ'ውን ኣብ ዙርያ ገዳማት ዝነብሩ ምእመናን ብምኽንያት እቲ ገዳም ብቅጽ (ብቅጺ) ሰበኻ ጉባኤ ይምዝገቡ።

ተ/ ማዕርገ ምንኩስና ዝወሃብ በቲ ገዳም ምምሕዳር ቁጽጽር ውሽጢ ብኣመክሮ ንሠለስተ ዓመታት ንዝጸንዑን በዚ ዓንቀጽ ተርታ ቁጽሪ ፫ መሠረት መምዘኒ ንዘማልኡ ጥራሕ እዩ ዝኸውን።

ቸ/ ኣሠረ ክህነት ንዘለዎም ብሊቀ ጳጳስ ተፈሊጡን ተፈቂዱን እንተዘይኮይኑ ማዕርገ ምንኩስና ካብ ገዳም ወጻኢ ኣይወሃብን።

ኅ/ ናይ ገዳም ኣበምኔት (መምህር) ወይ እመምኔት ካብ ገዳሙ ወጻኢ ምዝውዋር ኣብ ዝደልይሉ ጊዜ ካብ ሃገረ ስብከቱ ሊቀ ጳጳስ ፍቃድ ምሕታት ኣለዎም።

ነ/ ናይቲ ገዳም ተጸዋዒነት ንሃገረ ስብከቱ ሊቀ ጳጳስን ንሃገረ ስብከት ጽ/ቤትን ይኸውን

## **፪. <u>ናይ ገዳም ኣበምኔት (መምህር) ወይ'ውን እመምኔት</u>**

ሀ/ ናይ ገዳም ኣበምኔት ወይ እመምኔት ብማኅበረ መነኮሳትን መነኮሳይያትን ንዝግልገል ናይ ሓድነት ገዳም ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝወሃብ መምርሒን ደንብን መሠረት የመሓድር።

ለ/ ካብ ውሽጢ እቲ ገዳም ብጽቡቕ ሥነ ምግባሮም፣ ብትምህርቶምን ብጸሎቶምን ትሩፋት ይሠርሑ ኢዮም ተባሂሎም ንዝእመነሎም መነኮሳት ተመሪጾም ምስ ቀረቡ ብሊቀ ምርፋቕነት፣ ብሊቀ ኣርድእትን ብዕጓል መጋቢነት (ወዲ መጋቢነት) እንዳሰየመ ከም ዘገልግሉ ይገብር።

ሐ/ ናይ ገዳሙ መንፈሳውን ማኅበራዊን ኣገልግሎት ንዝስፋፍሓሉን መነኮሳትን መነኮሳይያትን ብተግባረ እድ ሞያ (ክእለት) ንዝሥልጥንሉን ንሥርሑም ኮነ ንገዳሙ ንዝረድኡሉ ልምዓት ምስ ኣማሓዳሪ እቲ ገዳም እንዳመኸረን ንናይ ሃገረ ስብከቱ ሊቀ ጳጳስ እንዳፍቀደ የቋቕሞ።

መ/ በዚ ዓንቀጽ ብተርታ ቁጽሪ ፫ ንዝተገልጸ መስፈርቲ ዘማልኡ ምኽኖም ዝተረጋገጸሎምን ንምንኲስና ብቁዓት ንምኳኖም ካብ ኣማሓዳሪ እቲ ገዳም ዝተወሰነሎም ሰባት ምስ ዝቐርቡ ብሃገረ ስብከቱ ሊቀ ጳጳስ ፍቃድ በዚ ገዳም ውሽጢ ምንኲስና ከምዝቕበሉ ይገብር።

ሠ/ መዓርገ ምንኲስና ንዝተቀበሉ መነኮሳት ወይ'ውን መነኮሳይያት ናይ ምስክር ወረቐት ከምዝወሃቦም ይገብር።

ረ/ ብዘይ ረብሓ ምኽንያትን ብዘይገዳሙ ፍቃድን ካብ ገዳሙ ክልል ወጻኢ ንዝወጹን ንዝኣትውን መነኮሳት ብዕቱብ ይቆጻጸር፣ ቀኖናዊ መቕጻዕቲ'ውን ይወሃብ።

## ፫. ናይ ምንኲስና መምዘኒ

### ሀ/ ንሥርዓተ ምንኲስና ዝቕበሉ ምእመናንን ምእመናትን

፩. ብኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ሥነ-ምግባርን ዝጸንዑ ምኳኖም ዝነብርሉ ኣጥቢያ(ሰፈር) ሰበኻ ጉባኤ ዝመስከረሎምን መሰነይታ ዝሃቦም።

፪. ንናይ ምንኲስና ዕላማን ተግባርን ብትኽክል ዝተረድኡን ነዚ'ውን ንምፍጻም ወሳኒ ሕሳብ ዘለዎም።

፫. ቅድሚ ምንኩስና ብድንግልና ወይ ብሓዳር ንምንባሮም መረዳእታ ምቅራብ ዝኽእሉ።

፬. ፍሉይ ሽግርን እኩል ምኽንያት እንተዘይሃልዩ ጥራሕ ዕድሚኦም ካብ ፴ ዓመት ንላዕሊ ይኾኑ።

፭. ጥዑይ ኣዕምሮ ዘለዎም፣ ትዕግሥተኛን ኣርሒቑ ሓሳብን ምዃኖም ዝተረጋገጸሎም።

፮. ኣብ ውሽጢ ገዳም ሠለስተ ዓመት ብኣመክሮ ዝጸንሓ መዓርገ ምንኩስና ይቅበሉ

፯. ናይ ሠለስተ ዓመት ኣመክሮ፣ ካብ ፷ ዓመት ንላዕሊ ዕድሚኦም ንዝኾኑ ምእመናንን ምእመናትን ኣይምልከትን።

## ለ. ብክህነት ሥራሕ ንምግልጋል ማዕርገ ምንኩስና ንዝቅበሉ ናይ ቤተክርስቲያን ኣገልገልቲ

፩. በዚ ተ.ቁጽሪ ብፊደል ተራ (ሀ) ካብ (፩) ክሳዕ (፯) ንዝተዘርዘሩ ምምላኦም ብመርትዖ ዝተረጋገጸሎም።

፪. ንመጻሕፍተ መነኮሳት ዝፈልጡን ናይ ገዳም ሥርዓት ዝሕልዉን።

፫. ናይ ቤተክርስቲያን ትምህርቲ ዘለዎምን ቅዱሳን መጻሕፍቲ ዝተመሃሩ።

፬. ብኣርኣያነቶም ኮነ ብትምህርቶም ዝተፈልጡን ክእለት ዘለዎም ማዕርገ ምንኩስናን ክህነትን ይወሃቦም።

## **<u>፬. ድሕሪ ምንኩስና</u>**

*ሀ/ ሥርዓተ ምንኩስና ክቅበሉ ብዝኣተውዎ ቃልኪዳን መሠረት ክሳዕ መወዳእታ ዕድሚኦም ብምንኩስነኦም ምጽናዕ ይግበኦም።*

ለ/ ብዝመንኮስሉ ገዳም ከከም ውህብትኦምን ከከም ክእለቶምን መጠን ኣገልግሎት ንክህቡ ይግበኦም።

ሐ/ ብቀዋሚ ካብ ዝነብርዎን ካብ ዘገልግልሉን ገዳም ብዘይ ብቑዕ ምኽንያትን ብዘይ ናይቲ ገዳም ፍቃድ ናብ ደገ (ግዳም) ምውጻእ ዝተኸልከለ እዩ።

መ/ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተፈቒድሎም ካብቲ ገዳም ወጻኢ ዝነብሩ መነኮሳትን መነኮሳይያትን ንሥርዓተ ምንኩስንኦም ሓልዮም ካብ ክፉእ ነገር ርሒቆምን ብጽቡቅ ሥነ ምግባር ንኣካባቢ ሕዝበ ክርስቲያን ኣርኣያ ክኾኑ ኣለዎም።

ሠ/ ብናይ ምንኩስና ሥርዓት ንዝነብሩ መነኮሳትን መነኮሳይያትን ካብ ዘይሰማማዕ ዓይነት ሥራሕን ክኣትውዎ ዘይግባእ ቦታን ክኸልከሉ ግዴትኦም እዩ። ናይ ምንኩስና ምልክቶም ዝኾነ ቆቢዖም ካብ ርእሶም ከይወጽእ (ከይፍለይ) ክገብሩ ኣለዎም።

ረ/ ብገጠር ኮነ ብከተማ ብዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያናት ብዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዝተመደቡ መነኮሳት ብመነባብርኦምን ብኣዘራርብኦም ንካህናትን ምእመናንን ናይ ጽቡቅ ሥነ ምግባር ኣብነት ምኧን ይግብኦም።

ሰ/ ከይበቕዑ በቅዔለኹ ኢልካ ካብ ምምጽዳቅን ካብ ውዳሴ ከንቱ ርሒቁ ንመነኮሳት ዝሰማምዖን ትሕትናን ትዕግሥትን ምሓዝ ኣለዎም።

ሸ/ ካብ ማእከል መነኮሳት ተመሪጾምን ክእለቶም (መይኦም) ተመዚኑ ብጆካ ሥልጣን ብዘለዎ ብናይቲ ቤተክርስቲያን ኣካል እንተዘይተፈቒደ ምስትምሃር ኣይግብኦምን እዩ።

## ምዕራፍ ፬

## ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤትን

## ክፍልታት ሥራሕን (ናይ ሥራሕ ክፍልታትን)

## ዓንቀጽ ፲፮

## ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤትን

## ናይ ሥራሕ ክፍልታት ምቁቋምን፣

## ናይ ሥራሕ ኃለፍቲ ምርጫን ናይ ኣገልግሎት ዘመንን

፩. ናይቲ ኣጥቢያ መንፈሳዊ ሰበኻ ምምሕዳር ጉባኤ (ናይ ሥራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ) ብቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፳ን ፺ን ንዝተገልጸ ዕላማን ተግባርን ንምፍጻም ንክኽእል፣ ሓደ ጽ/ቤትን ብሕጊ ቤተክርስቲያን ዓንቀጽ ፶፩ ተ.ቁጽሪ ፬ ዝተደነገገን ካብዚ ንታሕቲ ንዝተዘርዘሩን ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት የቋቁም።

ሀ/ ክፍሊ ናይ ስብከተ ወንጌል ክፍሊ

ለ/ ናይ መንፈሳዊ ትምህርቲ ክፍሊ

ሐ/ ናይ ካህናት ኣገልግሎት ክፍሊ

መ/ ናይ ሰንበት ት/ቤት ክፍሊ

ሠ/ ናይ ዕቅድን ስምዓትን ክፍሊ

ረ/ ናይ ምግባረ ሠናይ (ገበርቲ ጽቡቅ) ክፍሊ

ሰ/ ናይ ሕጊ ክፍሊ

ሸ/ ናይ ንዋየ ቅድሳት፣ ናይ ንብረትን ናይ ቅርሳ ቅርሲን ክፍሊ

ቀ/ ናይ ሕሳብ ክፍሊ

በ/ ናይ ገንዘብ ቤት ክፍሊ

ተ/ ናይ ቁጽጽር ክፍሊ

ቸ/ ናይ ሥራሕ ሕንጻ፣ ሕድሳትን ምጽጋንን ክፍሊ

ኀ/ ኣኀዛዊ መርትዖ (ስታስቲክስ) ክፍሊ

ነ/ ናይ ሰበኻ ጉባኤ መተሃባበሪ ክፍሊ

ኘ/ ናይ ገዳማት ክፍሊ

፪. በዚይ ዓንቀጽ ብተርታ ቁጽሪ ፩ ካብ (ሀ) ክሳዕ (ኘ) ዝተዘርዘሩ ክፍልታት ሥራሕን ዓይነት ሥራሕን ጠባይ ከምዝተሓለወ ኮይኑ ተመሳሳሊ ዝኾነን ንዘይቃረን ክፍሊ ክልተን ሠለስተን ብሓድነት ብምድርራብ ብሓደ ሓደ ኃለፍቲ ሥራሕ ምሥራሕ ይከኣል። ከም ኩነታቱ'ውን እንዳተርኣየ ኮሚቴ ንዘድልይዎ ክፍልታት ሥራሕ ኮሚቴ ምቁቛም ይኽእል።

፫. ናይ ኣጥቢያ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ሓደ ጸሓፍን ብቀዋሚ ዝምደቡ ነናይ ክፍሊ ኃለፍቲ ይህልዉ።

፬. ብገጠር ኣብያተ ክርስቲያናት ንዋና ጸሓፊነት ኮነ ንኃለፍቲ ክፍሊ ብጽቡቅ ሥነ ምግባሮም፣ ብክእለቶምን ብልምዲ ሥርሖምን ዝተመስከረሎም ካህናትን ምእመናንን ናይቲ ወረዳ ቤተ ክህነት ኃላፊ ኣብ ዝተረከበሉን ናይቲ ቤተክርስቲያን ኣማሓዳሪ ኣካቢ ኣብ ዝኾኖ ብጉባኤ ካህናት ተመሪጾም ብሃገረ ስብከቱ ምስ ጸደቐ ይምደቡ።

፭. ኣብ ከተማ ብዝርከቡ ገዳማትን ኣድባራትን ግን ናይ ሃገረ ስብከት ጽ/ቤት ከምሞየኦም እንዳወዳደረ ይምድብ።

፮. ብገንዘብ ተሓዝነትን ብንብረት ኃላፍነትን ዝምደቡ ሠራሕተኛታት እኹል ሃፍትን ንብረትን ዘለዎ ዋሕስ ምቅራብ ግዴትኦም ይኸውን።

፯. በዚ ዓንቀጽ ብተርታ ቁጽሪ ፩ ካብ (ሀ) ክሳዕ (ኘ) ንዝተዘርዘሩ ክፍልታት ንኃለፍቲ ብቀዋሚነት ምምዳብ ብዘይከኣሎ ኣከባብን ጊዜን ብጽቡቅ ሥነ ምግባሮምን፣ ብክእለቶምን ብልምዲ ሥርሖምን

ዝተመስከረሎም ሕጹያት ብመንፈሳዊ ሰበኻ ምምሕዳር ጉባኤ ውሳነ ተመሪጾም ብወረድኡ ምስ ጸደቐ ይምደቡ።

፰. ብዶሞዝ ምስ ዝቁጸሩ ቀወምቲ ኣገልገልቲ ካልእ ብሠናይ ፍቓስ ንከገልግሉ ንዝምረጹ ነናይ ክፍሉ ኃለፍቲ ናይ ኣገልግሎት ዘመኖም ብቃለ ዓዋዲ ብዓንቀጽ ፲፩ ተ.ቁጽሪ ፪ ስለ መንፈሳዊ ሰበካ ጉባኤ ምምሕዳር (ኣካያዲ ሥራሕ ኮሚቴ) ኣባላት ናይ ኣገልግሎት ዘመን ብመሠረት ዝተመልከተ ይፍጸም። ስለ ዝኾነ'ውን ነናይ ክፍሉ ናይ ሥራሕ ኃለፍቲ ምርጫ ዝግበሮ ናይ ኣጥቢያኡ መንፈሳዊ ሰበኻ ምምሕዳር ጉባኤ (ናይ ኣካያዲ ሥራሕ ኮሚቴ) ኣባላት ምስተመርጹ ይኸውን።

፱. በዚ ዓንቀጽ ካብ ፊደል ሀ ክሳዕ ፐ ዝተቋቐሙን ዝቋቐሙን ክፍልታትን ኣብ ትሕቲኦም ዘለዉ ንኡሳት ክፍልታትን ቀዋሚ ብዝኾኑ ናይ ንግዲ ዘርፍታት (ጽላታት) ንኸዋፍሩ ኣይፍቀድን።

፲. ብኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ዝተቋቁሙን ዝቋቐሙን ክፍልታት ሥራሕ ተጸዋዒነቶም ናይቲ ቤተክርስቲያን ኣማሓዳሪ ይኸውን።

## ዓንቀጽ ፲፯

## ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ

## ዋና ጸሓፊ ሥልጣንን ተግባርን

፩. ናይ ኣጥቢያ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ዋና ጸሓፊ ክህነት ዘለዎ፣ ተጸዋዒነቱ'ውን ናይቲ ቤተክርስቲያን ኣማሓዳሪ ኮይኑ ብናይ ቤተክርስቲያን ሰበክኡ ጽ/ቤት ውሽጢ ንዝከናወን ጠቕላላ ናይ ጽሕፈት፣ ናይ ሕሳብን ንብረትን ኣጠቃቕማ ሥራሓትን ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ክፍልታትን ናይ ሥራሕ ኣካይዳን ብቀረባ እንዳተኸታተለ ብምቁጽጻር ይሠርሕ የሥርሕ።

፪. ናይ ኣጥቢያ ሰበካ ካህናትን ምእመናንን እንዳተመዝገቡ ናይ ኣባልነት መለለይ ካርዲ ከምዝህልዎም (ከምዝረኽቡ) ይገብር።

፫. ሕፃን ኮነ ፈላጥ ክርስትና ክልዓል ብመዝገበ ጥምቀት፣ ከምኡ'ውን ንመርዐዖም ኣብ ቤተክርስቲያን ዝገበረ ተጻመድቲ ብናይ መርዓ ናይ ክብሪ መዝገብ ከምዝምዝገቡን ናይ ምስክር ወረቐት (መረጋገጺ ወረቐት) ከምዝወሃቦም ይገብር።

፬. ካብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ሰበኻ ኣባል ክኽፈል ዝግብኦ ክፍሊት ብጊዚኡ ኣታዊ ምኻኑ ይከታተል።

፭. ንመዝገብ ቤት ዘደራጀዎ፣ ነቲ ሥራሕ'ውን ብሥርዓት ከምዝመርሕን ዝተፈላለዩ ጽሑፋት፣ መዛግብቲ፣ ኩሎም ማኅደረ ጉዳያት ከምዝሕለዉን (ከምዝዕቀቡን) ናይ ጽሕፈት ቤት፤ ማኅተም ብመዝገብ ቤት ተቐሚቱ ከምዝሥረሓሉ ይገብር፣ ናይ መዝገብ ቤት ሠራሕተኛ ኣብ ዘይብሉ ጊዜ'ውን ደሪቡ ይሠርሕ።

፮. ናይ ኣኅዛዊ መተኣማመኒ (ናይ ስታትስቲክስ) ሠራሕተኛ ብዘይብሉ ብሕይወት ዘለዉን ብሞት ዝተፈልዩን ናይ ምእመናን ሽም እንዳመዝገበ ብክብሪ ከምዝቕመጥ ይገብር።

፯. ስለ ቤተክርስቲያን ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽማን ናይ ኣተሓሕዛ ሕሳብን መግለጺ ንመጻኢ ዓመት ካብ ዝፍቀዶ ምስ ናይ ገንዘብ ድልድል (ባጀት) ኣዳልዩ ብኣማሓዳሪ ምኽንያት ንምምሕዳር ጉባኤ የቕርብ።

፰. ናይ ኣጥቢያ ሰበካ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ጸሓፊ ኮይኑ ኣብ ኣኼባ ብምርካብ ጉባኤ ንዝተነጋገረሎም ዝርዝር ጉዳያትን ውሳኔ ንዝተወሃቦን ቃለ ጉባኤ የዳሉ፣ ኣባላቱ ከም ዝፍርሙሉ ይገብር፣ ብጸሓፊነቱ ይፍርም።

፱. ኣብ ቤተክርስቲያን ጠቕላላ ኣብ ውሽጢ ሰበካ ንሃይማኖት፣ ንናይ ቤተክርስቲያን መንፈሳውን ማኅበራውን ኣገልግሎት ኣብ ልዕሊ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዝፍጠር ኩነታት ኣመሓዳሪኡን ናይ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣማሓዳርን እንዳኣተሓሳሰበ ከምዝጽናዕ ይገብር።

፲. ናይ ቤተክርስቲያን ካህናትን ዝተፈላለዩ ሠራሕተኛታትን ኣብ ሥርሖም (ኣብ ተግባሮም) እንዳተረከቡ ንምሥርሖም ብምቁጽጻር

ኩነታቱን በብጊዚኡ ንኣማሓዳሪ ብምቅራብ ንግቡኡ ይፍጽም፣ የፈጽም።

፲፩. ንናይ ሰበኻ ቤተክርስቲያን ኣባላትን ኣገልገልትን ኩነታት፣ ናይ ገንዘብን ንብረትን መግለጺ፣ ንናይ ጽ/ቤቱን ካብ ሰበኻ ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ንዝቀርበሉ ናይ ሥራሕ ክንውን ከምኡ'ውን ኣኃዛዊ መረጋገጽቲ ብምጥቅላል በዚ ሠለስተ ወርሒ ንሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ሪፖርት ይቀርብ።

፲፪. ካብ ኣማሓዳርን ካብ ሰበካ መፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ንዝእዘዝ ዝኾነ ናይ ቤተክርስቲያን ሥራሕ ይፍጽም፣ የፈጽም።

፲፫. ሕጽረት ሰብ ኣብ ዘለዎ ቦታ፣ ናይ ሰበካ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ምስ ወሰነ ናይ ሕሳብ ሥራሕን ሓላፍነትን ደሪቡ ይሠርሕ።

## ዓንቀጽ ፲፰

## ናይ ስብከተ ወንጌል ሥራሕን ሓላፍነትን

፩. ናይ ስብከተ ወንጌል ክፍሊ ነናይ ዕለቱ መርሐ ግብሪ ብምድላው ብዕለተ ሰንበትን ብዓበይቲ ብዓላትን ንሕዝበ ክርስቲያን ብማእከል ብዝተፈቀደሎምን ብዝተፈለጡ መምህራንን ትምህርቲ ከምዝውሃብ ይገብር።

፪. ምቹእ ብዝኾነ ጊዜን ቦታን ንምእመናን ብምእካብ ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ትምህርቲ የጽንዕ።

፫. ብጊዜ ቅዳሴ ናይ ዕለቱ ወንጌል ዝተነበ ወይ ቅዳሴ ድሕሪ ምውድኡ ትምህርተ ወንጌል ንምውሃቡ ይከታተል።

፬. ምእመናን ብዝርድእዎን ብዝፈልጥዎ ቋንቋ ትምህርተ ወንጌል ከምዝወሃብ፣ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ተኸተልቲ ከምዝበዝሑን ብሰበኻ ጉባኤ'ውን ከምዝምዝገቡ ብምግባር ሓዋርያዊ ተልእኸኡን ይፍጽም፣ የፈጽም።

፫. ብኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ጠቅላሊ ቤተ ክህነት ጽ/ቤት ብስብከተ ወንጌልን ሐዋርያዊ ተልእኾ መምርሒ እንዳተዳለዉ ንዝወጽኡ ጋዜጣታት፣ መጽሔታትን ዝተፈላለዩ ሕትመታትን እንዳተቀበለ ብወቕቱ ንምእመናን ናይ ምብጻሕ ኃላፍነት ኣለዎ።

፬. ብሊቃውንት ጉባኤ ተራእዮምን ብማእከል ተፈቂዶም ዘይተሓትሙ መጻሕፍቲ፡ ጋዜጣታት፣ ካሴታት፣ ሲዲታት፣ ቪሲዲታት፣ ዲቪዲታትን ዝተፍላለዩ ሕትመታት ኣብ ቤተክርስቲያን ዐውደ ምሕረትን ብቀጽሩን ዙሪኡን ንምእመናን ከም ዝበጽሑ ይገብር።

፭. ካብ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ወጻኢ ዝኾኑ መጻሕፍቲ፣ ጋዜጣታት፣ ካሴታት፣ ሲዲታት፣ ቪሲዲታት፣ ዲቪዲታትን ዝተፈላለዩ ሕትመታት ንምእመናን ንኸይባጽሑ ይቆጻጸር።

፮. ብዘይ ፍቓድ ክንሰብክ ከነስተምህር ኢና ንዝብሉ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾኑ ግለሰባት ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት ኣለዎ።

## ዓንቀጽ ፲፱

## ናይ መንፈሳዊ ትምህርቲ ክፍሊ ሥራሕን ሓላፍነትን

፩. ነፍሲ ወከፍ ናይ ሰበኻ ቤተክርስቲያን ዓቕሙ ብዝፈቕደሉን ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝወሃቦ መምርሒ መሠረት ኣብ ከባቢ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ትምህርት ቤት ከምዝቋቋም ይገብር።

፪. በዚይ ትምህርቲ ቤት

ሀ/ ናይ ንባብ፣ ናይ ጽሕፈት፣ ናይ ስሌት (ሒሳብን) ናይ ቋንቋን

ለ/ ናይ ጸዋትወ ዜማ፣ ናይ ኣቋቋምን ቅዳሴን

ሐ/ ናይ ግእዝ (ቅኔ)

መ/ ናይ ትርጓሜ መጻሕፍቲ (ትምህርተ ሃይማኖት)

ሠ/ ናይ ቤተክርስቲያን ታሪክ፣

ረ/ ናይ ኪነ ጥበባት፣ ናይ ተግባር ኢድን ዝተፈላለዩ ናይ ሞያ ትምህርታትን ከም ዝወሃቡ ይገብር።

፫. ናይ ኣጥቢያ ሰበካ ሕፃናት እንዳኣካኸበ ፊደል ካብ ምቁጻር ንባብ ካብ ምስትምሃር ንመሠረተ ሃይማኖት ንኽፈልጡን ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር ከምዝህልዎም ምግባር ናይ መጀመርታ ተግባሩ ይኸውን።

፬. ስለ ትምህርቱ ውን ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝወጽእ ደንብን ሥርዓተ ትምህርትን መሠረት መርሐ ግብር ብምድላው ናይ ትምህርቱ ትሕዝቶን ኣመራርሓን ይከታተል።

፭. ሕፃናት ብሥነ ምግባርን ብሃይማኖትን ተመልሚሎም ከምዝዓብዩ ይገብር።

፮. ናይ መምሃሪቤታት (ጉባኤ ቤታት) ኣሠራርሓን ኣቀማምጣን ንኣወሃህባ ትምህርትን ንጥዕናን ተሰማማዒ ከምዝኾኑ ይገብር።

፯. ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ምዱብ መምህራን ጉባኤኣን ከይፈትሑ በብሰሙኑ ሰንበት ብወርሓውን በዓመታውን በዓላት ንዝበጽሕ ቃለ እግዚአብሔር ንኣገልገልቲ ካህናት ቅድም ኢሎም ከምዘጽንዑ መርሐ ግብሪ የዳልዉ።

፰. ቤተ መጻሕፍቲ ምቋቋምን ብሥርዓት ከትሓዝ ካህናትውን ብዝተወሰነ ጊዜ ብቤተ መጻሕፍቲ እንዳተረከቡ ንኣፍልጦኦም ከምዘመሓይሹን ኣእምሮኦምውን ብትምህርቲ ከም ዝብልጽጉ ብምግባር ኣድላይ ኩሉ ይፍጽም።

፱. ብማእከል ብዝተዳለወ ሥርዓተ ትምህርቲ መሠረት ዝተመርጹ መጻሕፍትን ንትምህርቲ ከምዘገልግሉ ናይ ምቅራብ ሓላፍነት ኣለዎ።

፲. ተመሃሮ በብዕለቱን በብሰዓቱን ብመኣዲ ትምህርቲ እንዳተረኽቡ ንዝወሃቦም ትምህርቲ ንምክትታሎም ይቆጻጸር፣ ናይ ትምህርቲ ክእለቶምን ይመዝን።

፲፩. ተመሃሮ ከም ዝሓለፈ ጊዜ ደበሎ (ልምዲ) ለቢሶምን ለሚኖምን ንምምሃር ወቅቱ ስለ ዘይፈቅድ ብኣጥቢያ ቤተክርስቲያን፣ እንተዘይተካልእ'ውን ኣብ ኣከባቢኡ ዝርከቡ ኣብያተ ክርስቲያናት ብሕብረት ሓደ ሓዳሪ ማእከላዊ ትምህርት ቤት ኣቋቚሞም ንመምህራን ደሞዝ፣ ንተማህሮ ንምግቦምን ንኽዳኖምን ዝኸውን ናይ ድጎሞ (ቮነስ) ባጀት ንኽምደብ ንዝምልከቶም የተሓባብር።

፲፪. ብኣብነት መምህርነት ዝተቆጽሩ መምህራን ንወንበሮም ተረኺቦም ምስትምሃር ግዴትኦም ንምኧኑ የፍልጥ፣ ይቆጻጸር።

፲፫. መምህራን ኮኑ ተመሃሮ ንቤተ ክርስቲያን ንምግልጋልን ንምግልጋልን ግዜታ ዘለዎም ንምኧኑ የፍልጥ፣ የፈጽም።

፲፬. በብሕድሕዱ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ዝርከቡ መምህራንን ተመሃሮን ብሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ተመዝጊቦም መለለይ መንነት ከምዝህልዎምን ነንሕድሕዱ ተመሃሪ ንትምህርቱ ፈጺሙ ብዝወጸሉ ጊዜ ብመምህሩ፣ ብሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ንጉባኤኡን ብሃገረ ስብከቱ ጽ/ቤት ምኽንያት ናይ ትምህርቲ ጭብጢ (ማስረጃ) ናይ ምስክር ወረቐት (መረጋገጺ ወረቐት) ከምዝወሃቦ ይገብር።

## ዓንቀጽ ፳

## ናይ ካህናት ኣገልግሎት ክፍሊ ሥራሕን ኃላፍነትን

፩. እዚ ክፍሊ ንናይ ቤተክርስቲያን ናይ ውሽጢ ኣገልግሎት ንናይ ክህነት ተግባር ዘጠቓልል ኮይኑ ንቀሺ ገብዝ፣ ንሊቀ ዲያቆን፣ ንሊቀ ጠበብትን ንኣጋፋሪን እንዳተሓባበረ ይሠርሕ።

፪. ሥርዓተ ማኅሌት፣ ሰዓታቱን ከምኡ'ውን ቅዳሴ ኮይኑ ካልእ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ቅኑዕ ሥነ ሥርዓት ሒዙ ንክካየድ ይከታተል፣ ይቆጻጸር።

፫. ካህናት ንናይ ንስሓ ደቆም ካብ ክሕደት፣ ካብ ኑፋቄ (ምንፍቅና) ካብ ክፉእ ልምድን ግብሪ ንምሕላው ንክኽእሉ ምስ ክፍሊ ትምህርቲ ብምትህብባር ብትምህርተ ወንጌል ከምዝስልጥኑ ይገብር፣ የስተምህር፣ ይቆጻጸር።

፬. መምህራን ቀሳውስት፣ መዘምራን፣ ዲያቆናትን ካልኦት ናይ ቤተክርስቲያን ኣገልገልቲ ብተግባሮም (ኣብ ሥርሖም) ኣብ ሰዓት ተረኺቦም ንዝተመደብዎን ናይ ሥራሕ ክፍልን መንፈሳዊ ኣገልግሎቶም ከየጓደሉ ብሥነ ሥርዓት ንምፍጻሞም እንዳተቆጻጸረ ኩነታቱን ንጽ/ቤቱን ንኣማሓዳርን ብምቅራብ ግቡእን ይፍጽም፣ የፈጽም።

፭. ዝተፈላለዩ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንኩሎም ምእመናን ብማዕረን ብዘይ ኣድልዎ ከምዝበጽሕ ይገብር።

፮. ቤተ ክርስቲያኑን ብሓፋሽኡ ብኣጥቢያ ሰበኻ ውሽጢ ናይ መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ተልእኮ ካህናትን ተግባርን ብዝምልከት ጉዳይ ስለዝፍጠሩ ኩነታት ንጽ/ቤቱን ኣማሓዳርን እንዳተሓሳሰበ ኣድላይ ኩሉ ይፍጽም፣ የፈጽም/

፯. ምስባኽ፣ ምጥማቅ፣ ቀዲስካ ምቁራብ፣ ናዚዝካ ምፍናው ብሓፈሽኡ ኣማንያን ብሃይማኖት ከምዝጸንዑን ብሥነ ምግባር ከምዝዓብዩ ምግባር ተልእኾ ካህናት ግዴታ ምዃኑ ከምዝፈልጡ ይገብር፣ ካህናት'ውን ነዚ ሥራሕ ብቁዓት ክኾኑ የዳልው።

፰. ናይ ቃል ትምህርቲ ዘጽንዐ፣ ዳዊት ዝደገመን ንሓሙሽተ ኣዕማደ ምሥጢራት ዝፈለጠ ጽቡቅ ሥነ ምግባሩን (ሕያዋይነቱ) መንፈሳዊ ዝንባሊኡ ብካህናትን ምእመናንን ንዝተመስከረሉ ንመዓርገ ዲቁና ከም ዝቐርብ ይገብር።

፱. መዝገበ ቅዳሴ ዝተማህረ፣ ሰዓታት፣ ኪዳን፣ ሊጦንን መስተብቁዕን ጠንቂቁ ዝፈለጠ፣ ቅኔን ሸውዓተ ምሥጢራተ ቤተክርስቲያን ዘጽንዐን ንቅዱሳት መጻሕፍቲ ተርጉሙ ምስትምሃር ዝኽእል፣ ሕያዋይነቱን መንፈሳዊነቱ ብሰበኽኡ ቤተክርስቲያን ካህናትን ምእመናንን

ንዝተመስከረሉ ዲያቆን ናይ መዓርገ ቅስና ከምዝቅበሉ ነቲ ናይ ቤተክርስቲያን ኣማሓዳሪ የቅርብ።

፲. ዓበይቲ ብዓላት ኣብ ዝክበርዎ ጊዜ ስለ ናይ ብዓሉ ኣፈጻጽማ መርሐ ግብሪ ኣዳልዩ ንምምሕዳር ሰበካ መንፈሳዊ ጉባኤ (ኣካያዲ ሥራሕ ኮሚቴ) የቅርብ፣ መርሐ ግብሪ'ውን የፈጽም።

፲፩. ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያን ኣገባብ ኣብዘይብሎም ስፍራታት ከይርከቡ ይመክርን ይቆጻጸርን።

፲፪. ብሰንበቴን ብዝክር ጽዋእን ምክንያት ካብ ቤተክርስቲያን ሥርዓትን ቀኖናን ወጻኢ ብሓደ ሓደ ኣከባቢ ጽላል ሒዞምን መብራህቲ ኣብሪሆምን በብገዛውቱን በብመንገዱን ብዝዘዋወሩ ካህናትን ምእመናንን ጽኑዕ ዝኾነ ቁጽጽር ይገብር። ምእመናን'ውን ኣፈጻጽምኡ ካብ ሥርዓት ሃይማኖት ወጻኢ ምዃኑ ተረዲኦም ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባር ንክርሕቁ ትምህርትን ምኽርን ይህብ፣ ኣፈጻጽምኡ'ውን ይከታተል።

፲፫. ሥራሕቶም ዘይተፈልጠን ክህነቶም ዘይተረጋገጸን ግለ ሰባት ቀሺ ወይ ፈላሲ ብምምሳል ንምእመናን ኣበ ነፍሲ እንዳኾኑ ኣብ ልዕሊ ኣገልግሎት ቤተክርስቲያን ሽግር ከይፈጥሩ ይቆጻጸር፣ ንምእመናን'ውን ትምህርቲ ይህብ።

፲፬. ብስም ዲያቆን፣ ብስም ቀሺን ብስም ፈላስን ናይ ክህነት መዓርግ ዘለዎም ንምዃኑ ዘይተፈልጡ ካህናት ብውክልና ከይቅድሱን ናይ ውሽጢ ኣገልግሎት ንከይፍጽሙ ብጽኑዕ ይቆጻጸር።

፲፭. ምእመናን ብሰንበት ኮነ ኣብ መዓልቲ በዓላት ንደቆም ሒዞም ናብ ቤተክርስቲያን ብምምጻእ ናይ ቤተክርስቲያን እምነትን ሥርዓትን ከምዘጽንዑ ንምግባር ንኣበ ነፍስታት መምርሒ ይህብ።

፲፮. ለይቲ ብሰዓታት ንግሆ ብኪዳን ዘይተረኽቡ ኣቅሸሽትን ዲያቆናትን ምቅዳስ ዘይግብኦም ንምዃኑ የፍልጥ ይቆጻጸር።

፲፯. ናይ ንስሐ ኣቦታት ብዓንቀጽ ጥምቀት ብዝተወሰነን ብዝኣትውዎ ቃል ኪዳን መሠረት ንናይ ንስሓ ደቆም ንናይ ቤተክርስቲያን ሥርዓትን እምነትን ዘስተምህር ግዴታን ሓላፍነትን ዘለዎም ንምኧኑ የፍልጥ።

## ዓንቀጽ ፳፩

## ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ሰንበት

ስለ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መንእሰያት ብፍቓድ ቅዱስ ሶኖዶስ ንዝወጽእ ደንብን መምርሕን እንዳተኸታተለ ናይ ሰበኻ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ቀጺሎም ንዝተዘርዘሩ ተግባራት የከናውን።

፩. ናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ብኣጥቢያ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን የቋቁም የደራጁ፣ ብኣጥቢያ ሰበኻ ካብ ኣርባዕተ ክሳዕ ኣብ ዙርያ ሠላሳን ሓሙሽተን ዓመት ዕድመ ዝርከቡ ህፃናትን መናእሰይን ኣባላት ትምህርቲ ሰንበት ይኾኑ፡ ዲያቆናት ብምምሃርን ብምስትምሃርን፣ ካህናትን መምህራንን ብምስትምሃር ኣብ ቤ/ት ሰንበት ከም ዝሳተፉ ይገብር።

፪. ንህፃናትን መናእሰይን ከከም መጠን ዕድሚኦም መምህር ብምምዳብ ብደረጃ ማእኸል ብዝመጽእ ሥርዓት ትምህርቲ መሠረት ትምህርቲ ንምውሃቡ ይከታተል።

፫. ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ተማሂሮም ናይ ምስትምሃር ብቅዓት ንዘለዎም እንዳመረጸ ተወሳኺ ሥልጠና ብምሃብ ንላዕለዋይ ኣካል እንዳፍቀደ ከምዘስተምህሩ ይገብር። ንዘይተፈቅዶም ንከየስተምህሩ ይቆጻጸር፣ ይከላኸል።

፬. ብሰንበት፣ ብመዓልቲ ዓበይቲ በዓላትን ናይ ዕለቱን ናይ ሰሙኑን መርሐ ግብሪ ብምውጻእ፡ ናይ ቤተ ክርስቲያን ሕግን ሥርዓትን፣ ትምህርተ ሃይማኖት፣ ናይ ቅዳሴ ተሰጥዎን፣ መጽናዕቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲን ከምዝውሃብ ይገብር።

፭. ህፃናትን መንእሰያትን ብኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ከምዝጸንዑ ንናይ ቤተክርስቲያን ሕግን ሥርዓትን ከም ዝፈልጡን ከም ዘክብሩን፣ ገበርቲ ሠናይ ከምዝኮኑ ካብ ኣማሓዳሪ መምርሒ እንዳተቀበለን ብቐረባ እንዳተከታተለን የስተምህር፣ ይመክር፣ ይቆጻጸር።

፮. ንምእመናን ትምህርቲ ዝህቡ፣ ብጉባኤ ሊቃውንቲ ዝተመርመሩን ብማእከል ዝተፈቅዱ መንፈሳዊ መዝሙራት ከምዘጽንዑ ናይ ዕለትን ሰሙንን መርሐ ግብሪ የዳልዉ።

፯. መንእሰያት መንፈሳዊ ኣፍልጥኦም ንክዓዝዝ ዝተፈላለዩ ናይ መምሃሪ መሣርሒታት ንዝርከብዎ ቤተ መጻሕፍቲ የቋቑም።

፰. ካብ ተመሃሮ ሰንበት ብበዓላት ኮነ ብካልእ ምድላው ጊዜ ብመልክዕ ትርኢት ዝዳሎ መንፈሳዊ ምድላው ኣቀዲሙ ንመንፈሳዊ ሰበካ ምምሕዳር ጉባኤ ጽ/ቤት ቀሪቡ ምስተመርመረን ምስተጸንዐን ምስተፈቅደ ኣብ ተግባር ንክውዕል ይገብር፣ ኣፈጻጽምኡ'ውን ይከታተል።

፱. ናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ተመሃሮ ብዝኾነ መንገዲ ንመንፈሳዊ ኣገልግሎት ንዝእክብዎ ገንዘብ ነቲ ኣጥቢያ ሰበኻ ጉባኤ ገንዘብ ቤት ኣታዊ ይኸውን። ንዘድልዮም ወጻኢ ዝርዝር ጽንዓቱ ንመንፈሳዊ ሰበኻ ምምሕዳር ጉባኤ ቀሪቡ ምስተፈቕዶ ኣብ ሥራሕ ንኽውዕል ይገብር።

፲. ዝኾነ ይኹን ንዝእክብዎ ሀፍትን ገንዘብን በቲ ቤተክርስቲያን ብሞዴል ፴ን ፰፩ን ንብረቱ'ውን ብሞዴል ፲፱ ኣኪቡ ንኣጥቢያ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ኣታዊ ንክኸውን ይገብር። ገንዘቡን ንብረቱን ብኣጥቢያ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ የመርምር።

፲፩. ናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ኣመራርሓ ክኾኑ ዝግብኦም ዕድሚኦም ካብ ልዕሊ ፲፰ ዓመት ዝኾኑ መንእሰያት ኮይኖም ብኣመራርጻ ሰበኻ ጉባኤ ብምሉእ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ኣባላት ይምረጹ። ዘገልግሉ'ውን ንሠለስተ (፫) ዓመት ይኸውን። ናይ ቤ/ትቲ

ሰንበት ኣባላት እንድሕር ደልየሞም ንካልኣይ ጊዜ ጥራሕ ተመሪጾም ን፫ (ሠለስተ) ዓመት የገልግሉ።

፲፪. ኣቕሽሽቲ ንናይ ንስሓ ደቆም ንመንፈሳዊ ትምህርቲ ንክከታተሉ ወለዲ'ውን ደቆም ብቤት ትምህርቲ ሰንበት ተመዝጊቦም ንመንፈሳዊ ፍልጠት ከምዝቐስሙ ምግባር ክርስቲያናዊ ግዴትኦም ንምዃኑ የፍልጥ፣ ይከታተል።

፲፫. ናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ተመሃሮ ንመንፈሳዊ ብዓል ኣብ ዘክብርሉ ጊዜ ንናይ ቤተክርስቲያንና እምነትን ሥርዓትን ብዝተኸተለ ኩነታት ናይ መለለይ ክዳን (ዩኒፎርም) ከምዝዳለወሎም የግብር።

፲፬. ብሰበካ ጉባኤ'ውን ካብዚ ንላዕሊ ብዝኾነ ኣካል እንተዘይተፈልጠን ብጽሑፍ

እንተዘይተፈቂዱ ጥራሕ ብስም ቤ/ትቲ ሰንበት ናይ ሓዳር መርሀ ግብሪ ንኸይፍጸም (ንኸይግበር) ብጽኑዕ ይከታተል፣ ይቆጻጸር።

፲፭. ምስ ክፍልታት ሰብከተ ወንጌልን መንፈሳኢ ት/ቤትን ብምትሕብባር ብሃገረ ስብከት ንኸስተምህሩ ንዝተፈቐደሎም መምህራን ጥራሕ እንዳ ዓደመ ንቤ/ትቲ ሰንበት ተመሃሮ ብቅዓትን ጽርየትን ዘለዎ ትምህርቲ ከም ዝወሃቦም ይገብር (የፈጽም)

## ዓንቀጽ ፳፪

## ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ናይ ዕቅድን ልምዓትን

፩. ናይ ሓጺርን፣ ማእከላይን፣ ነዊሕን ጊዜ ዕቅድ ብምውጻእ ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ዕቅዳት (ትልምታት) መፈጸሚ ገንዘብ፣ ናይ ንብረት፣ ናይ ፍልጠትን ኃይሊ ሰብእ ሓገዝን ዝዋጻእ ካብ ምእመናን፣ ካብ ዝተፈላለዩ ድርጅታት ክርከብሉ ንክከኣል ኩነታት እንዳ ኣጽንዐ ንምምሕዳር መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ የቅርብ።

፪. ንኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ናይ ኣታዊ ዝርከበሉ ምክንያት (መሠረት) ተሰማማዒ ናይ ሥራሕ መድረኸ የዳልው ንንዋየ ቅዱሳት

ንመጻሕፍቲ፣ ንኣልባሳትን ንካልእ ናይ ቤተ ክርስቲያን ኣገልግሎት'ውን ዝውዕልን ኣታዊ ንዝርከበሉ ናይ ቅርጻ ቅርጽን ሥራሕ ተግባረ እድን ከም ዝቋቋም የፈጽም (የተግብር)።

፫. ኣብ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ዝርከቡ ካህናት፣ ምእመናንን ናይ ሰንበት ትምህርት ቤት መንእሰያት ዘለዎም ኣፍልጦ ናይ ጥረ ገንዘብ (ሀብቲ) ዝተፈላለዩ ንብረትን እንኮላይ ሓይሊ ሰብን ብምትሕብባር ነቲ ቤተክርስቲያን ናይ ሥራሕ ልምዓት ከም ዝውዕል ይገብር።

፬. ካህናት ኣብ ትርፊ ሥርሖም ዓርሶም ንምሕጋዝ ንክኽእልሉ ናይ ኣታዊ ዝርከበሉ ንምርካብ ምስ ዝምልከቶም ብምትሕብባር ካብቲ ማእከል ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን እንዳ ሠልጠኑ በብዝንባሊኦም ከምዝዋፈሩን ውጽኢት ምህርቲ ኣታዊ ንኽገብሩ (ኣስተዋጽኦ) ይገብር።

፭. ካብ ልምዓት ዝርከብ ኣታዊ በቲ ሰበኻ ጉባኤ ትኬት እንዳተኣከበን በቲ ገንዘብ ቤት እንተ ተቃለለ ብሽም እቲ ቤተክርስቲያን ዝተከፍተ ሒሳብ ባንኪ ኣታዊ ይኽውን።

፮. ቦታታት ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ንኽለምዑ እንዳ ኣጽንዓን ከምዝጽናዕ እንዳገበረን ተግባራዊ ንክኸውን ንሰበኻ ጉባኤ የቅርብ።

፯. ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ትሕዝቶ ቦታታት ካብ መምርሂ ወጻኢ ናይ ላዕለዋይ ኣካል ከይፈቐደ ንሣልሳይ ወገን ንኸይህቡ ይቆጻጸር፣ ይከታተል።

፰. ውጺኢት ሥራሕ'ውን ብዝምልከት በብሠለስተ ወርሒ ነቲ ሰበካ ጉባኤ ሪፖርት (ሓበሬታ) የቅርብ።

## ዓንቀጽ ፳፫

## ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ናይ ምግባረ ሠናይ (ገባሪ ሠናይ)

፩. እዚ ክፍሊ ኣብ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ንዝርከቡ ናይ ሰንበቴ፣ ናይ ዕድር (ዕቁብ) ዝተፈላለዩ ምግባረ ሠናይ ንማኅበራትን ገበርቲ ሠናይ

ንግለ ሰባትን ብምትሕብባር ዘዕብዮም ዝሰኣኑ ሕፃናትን ዝጥውሮም (ዝኣልዮም) ዝቐብሮም ዘይብሎምን ኣረጋውያንን ዝተሸገሩን ንምሕጋዝ ዘክእል ክፍሊ እዩ።

፬. ብኣጥቢያ ሰበኻ ዘለዉ ሽጉራት ብዝተጠርነፈ ኣቋም ንዝርድኡሉን ንዓርሳቶም ንዝክእሉሉን መንገዲ ንምፍጣር መንግሥታውን መንግሥታዊ ዘይኮኑ ድርጅታትን ብምትሕብባር ንዝምልከቶ ክፍሊ የቕርብ።

፫. ንምሥራሕ ዓቅምን ኣፍልጦን ዘለዎም ንዝተሸገሩ መሪጹ ብርእሳ ሓገዝ ናይ ልምዓት መርሓ ግብሪ ሠሪሑም ንኽጥቀሙ ምስ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ብምዝርራብን ብምጽሕሓፍን ኩነታቱ እንዳተኸታተለ የፈጽም።

፬. መንፈሳውን ሥጋውን መነባብርኦም ዝተመሓየሸ ንክኸውን ካብ ማእከል ካህናት ብኣፍልጥኡን ብጽቡቅ ሥነ ምግባሩን ዝሓሸ ካህን ተመሪጹ ብዝተወሰነ ሰዓት ከምዘስተምህሮምን ከምዝመኽሮምን ናይ ትምህርቲ መርሐ ግብሪ የዳሉ።

፭. ብሰንበት፣ ብወርሓ ውን ብዓመት ብዓላትን ብጸሎተ ቅዳሴ ጊዜ ብትምህርተ ወንጌል ሰዓትን ካልእ'ውን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክካየድ ኣብ ዓውደ ምሕረት እንዳተዛወሩ ድምፂ እንዳኣስምዑ ንኸየሸግሩ ምቹእ ኣብ ዝኾነ ቦታ ብሓድነት ኣኻኺቡ ጸሎተ ቅዳሴን ትምህርተ ወንጌልን ከምዝከታተሉ ሓገዝ ውን ኣብ ዘለውዎ ቦታ ኮይኖም ከም ዝረኽቡ ይገብር።

፮. ኣብ ውሽጢ ኣጥቢያ ሰበካ ቤተክርስቲያን ወላዲ ወይ ዘዕብዮም ዘይብሎም ሕፃናት ጊዝያውን ዘላቅን ሓገዝ ንዝረኽብሉ መንገዲ እንዳኣጽንዐ ንመንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ብምቅራብ ኣፈጻጽምኡ ይከታተል።

፯. ንምእመናን፣ ገበርቲ ሠናይ ግለ ሰባትን ድርጅታትን ብምትሕብባር ዝተሸገሩ፣ ጸዋሪ ረዳኢ ዘይብሎም ሽማግለታትን ኣረጋውያንን ኣብ

ከባቢ ቤተክርስቲያን መጽለልን ምግብን ንኽረኽቡ ዓቅሚ ብዝፈቐዶ መጠን የጣጥሕ ጥዕንኦም ውን ይንከባኸብ።

## ዓንቀጽ ፳፬

## ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ሕጊ

፩. ብቅዱስ ሲኖዶስ ዝወጽኡ ሕግታት፣ ደንብታትን፣ ድንጋጌታትን ብመንበረ ፓትርያርክ ኣጠቃላሊ መንፈሳዊ ሰበካ ጉባኤ ዝውሰኑ ውሳኔታትን መምርሒታትን ንሰበኻ ጉባኤ ኃለፍትን ብኣጠቃላሊ ንካህናትን ንምእመናንን ብመሠረት ሕግን ሥርዓትን ቤተ ክርስቲያን ሕጋዊ መምርሕን መግለጺ እንዳሃበ ከምዝፈልጥዎን ከምዘጽንዕዎን ይገብር።

፪. ኣብ ውሽጢ ኣጥቢታ ሰበካ ኣብ ማእከል ካህናት ኮነ ኣብ ምእመናን ዘይምርድዳእ ዝተፈጥረ እንተሎ ናብ ክሲ ደረጃ ከይበጽሐ ዓርሱ ብዓርሱ ብምትእርራም ብይቅሬታን ዕርቅን ከምዝእለ ዝተካእሎ ኩሉ ይገብር።

፫. ናይ ክሱ ጥርዓን ንሕጊ ቤተክርስቲያን ዝምልከት ኮይኑ ምስ ዝርከብ ናይ ከሳስን ተኸሳስን ናይ ሕጊ መሳል ብምሕላው ናይ ክልቲኦም ወገን ጭብጥታት ብጥንቃቄ ተመልኪቱ ብመሠረት ብቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፳፫ ናይ ውሳኔ ሓሳብ ንምምሕዳር መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ የቅርብ።

፬. ኣብ መዓልቲ ክብረ በዓል ካብ ምምሕዳር መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ብዝወሃቦ መምርሒ መሠረት ከም ኣድላይነቱ ጉዳዩ ምስ ዝምልከቶም መንግሥታውን ህዝባዊ ድርጅታትን ብምትሕብባር ንናይ በዓሉ ሥነ-ሥርዓት የኽብር።

፭. ንምእመናን መንፈሳዊ ሕይወት ንዘይጠቕሙን ንኣገልግሎት ቤተክርስቲያን ንዘይውዕሉ ሸቐጣ ሸቐጥ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ንኸይሸየጡን ካልኦት'ውን ንሕግን ሥርዓትን ቤተክርስቲያን ዝቃረኑ ተግባራት ንኸይፍጸሙ ምስ ክፍልታት

ሰብከተ ወንጌልን ምስ ቤ/ት ሰንበትን ብምኽን ይከላኸል፣ ሥነ ሥርዓቱ'ውን የሕሉ።

፯. ንዝኾነ ጉዳያት መንፈሳውን ሥጋውን ሕጊ ዝትንከፍ ይከታተል፣ ንኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን'ውን ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ይህብ።

፰. ንቤተክርስቲያን ወኪሉ ብዝኮነ ምስናይ ሕጊ ኣካል ይከራኸር።

## ዓንቀጽ ፳፰

## ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ

## ናይ ንብረት፣ ናይ ንዋየ ቅድሳትን ናይ ቅርሳ ቅርስን

፩. ካብ ታቦተ ሕጉ ጀሚሩ ናይ ቤተክርስቲያን ንዋየ ቅድሳት፣ ኣልባሳት፣ መጻሕፍትን ዝተፈላለዩ ንብረትን ኩሉ ነዚ ሥራሕ ተመሪጹ ብዝተመደበ ካህን (ቀሺ ገበዝ) ብጥንቃቐ እንዳተመዝገበ ከም ዝሕለው ይገብር።

፪. ናይ ሰበኻ ጉባኤ ዝተወድኣን (ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ዝኾነን) ቀዋምን ንብረታት ንዝንቀሳቐሱን ዘይንቀሳቐሱን ንብረታት በብዓይነቶም ፈልዩ ይምዝግብ።

፫. ወጻኢ ኮይኖም ንሥራሕ ንዝወሃቡ ኣቑሑትን ንብረታትን ብደረሰኛ (ብክፍሊት) ብሕጋዊ የረከብ ወጻኢ ዝተገብሩ ንብረታት'ውን ኣብ ሥራሕ ንምውዓሎምን ንምዕቃቦምን ይቆጻጸር፣ ንዝምለሱ'ውን መርሚሩ ይርከብ።

፬. ንቤተክርስቲያና ውሽጣዊ ኣገልግሎት ንዘድልይዎ ኩሉ ከምዝማልኡ ይገብር የግብር_።

፭. ኣብ ልዕሊ ናይ ቤተክርስቲያን ታሪኻዊ ቅርሳ ቅርስታት ጉድኣት ንኸይበጽሕ ኣድላይ ሓለዋ ይገብር፣ ንዑደት ፈጻምቲ (ተዓዘብትን) ንጸሓፍቲ ታሪኽ'ውን ተፈልዮም ከምዝርኣዩ ገይሩ ምቹእ ኣብ ዝኾነ ሥፍራ ብጥንቃቐ የዳልው።

፺. ጥንታውያን ናይ ብራና መጻሕፍቲ፣ ሥእልታት፣ ኣልባሳት፣ ካብ ወርቂ ፣ ካብ ብሩር፣ ካብ ነሐስ፣ ካብ ሓጺንን ካብ ዕንጨይትን ዝተቐርጹ መስቀላትን ዝተፈላለዩ ንዋየ ቅድሳት፣ ናይ ባህልን ወግዕን ኣቅሑ፣ ንባልዕ፣ ንምምራት፣ ንፈሳሲ፣ ንሓውን (ንእሳትን) ንዝመሳሰሉ ሓደጋታት ንኸይጋለጹ፥

ሀ) ንሓለዋ ቅርሳ ቅርሲ ምቹእ ዝኾነ ኣቅሑ ቤት ንኽዳሎ ይገብር።

ለ) ንቅርሳ ቅርሲ ብኃላፍነት ዝሕልው ሠራሕተኛታት ኣርኣይቲ ከምዝምደቡ ይገብር።

ሐ) ኣብ መወዳእታ ናይ ባጀት ዓመትን ኃላፊ ቅርሳ ቅርስን ምቅይያር ኣብ ዝግበረሉ ጊዜን ዝኾነ ዓይነት ቅርሲ እንዳተቆጽረን እንዳተመርመረን ውጽኢቱ ደረጅኡ ሓልዩ ክሳዕ መንበረ ፓትርያርክ ምግላጽ ግዴትኡ ይኸውን።

መ) ካብ ሃገረ ውስጥን ካብ ወጻኢ ሃገርን ዑደተኛታት ምስ መጹ ካብ ጠቅላሊ ቤተ ክህነት በብጊዚኡ ብዝውሃብ ናይ ኣፈጻጽማ መምርሕን ናይ ክፍሊት ደረጃ መሠረት ካብ ዑደተኛታት ኣታዊ ከም ዝርከብ ንኩነታት የጠዓዕም።

ሠ) ካብ ዑደተኛታት ዝርከብ ኣታዊ ብሕጋዊ ካርኒ እንዳተመዝገበ ምስ ናይ ቤተክርስቲያን ጠቅላላ ሕሳብ ከምዝተሓዝ ይገብር።

፻. ንኣጥቢያ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ምስ ኃላፊ ንብረትን ታሪኻዊ ቅርሳ ቅርስን ኮይኑ ንዝምደብ ካህን ናይ ገንዘብ ጉድለት ዘይተረኽቦ፣ ብምብኻን ንብረት ኮነ ብካልእ ወንጀል ተኸሲሱ ብጉባኤ ዘይተወሰነሉ፣ ብፍርድ ቤት ዘይተፈርዶን እኹል ትሕጃ ዘለዎን ምኻኑ የረጋግጽ።

፻፩. ንነዊሕ ዘመን ዘገልግሉ ኣልባሳት፣ ንዋያተ ቅድሳትን መጻሕፍትን ኣገልግሎት ካብ ምሃብ ነጻ ኮይኖም ዓይነቶም ከይተቀየረ ጽገና እናተገብረሎም ብቅርስነት ተኸቢሮም ከምዝቅመጡ ይገብር።

፱. ሀ. ናይ ቤተክርስቲያን ቅርስታት ብዝተፈላለዩ ምክንያታት ብዋሕስ (ብልቃሕ) ንክውሰድ ኣብ ዝተጠየቐሉ ጊዜ ብክፍሉ ሊቀ ጳጳስ ኣካቢነት ብሃገረ ስብከቱ ኣስተዳደር ጉባኤ ተወሲኑን ተፈቂዱን ናይ መንበረ ፓትርያርክ ጠቕላላ ጽ/ቤት ውን ፈሊጥዎ ናይ መፈፀሚ ትእዛዝ ናብ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣማሓዳሪ ምስ በጽሐ ሕጋዊ ብዝኾነ ደረሰኝ (ቅብሊት) ኣፈሪሙ ንዝተወሰነ ጊዜ ብለቃሕ ከምዝወሃብን ከምዝምለስን ይገብር።

ለ. ንዝምልከቶ በዓል ሥልጣን ማስታወሻ መዘከርታ ብምቅራብ ናብ ዝነበሮ ስፍራ ክሳዕ ዝምለስ ክሳዕ መወዳእታ ተኸታቲሉ የፈፅም።

፲. ጠቕላላ ናይ ቤተክርስቲያን ንብረታት ኣብ ዓዓመቱ መወዳእታ እንዳተቆጽሩን እንዳተወዝገቡን ምትሓዞምን ብጥንቃቐ ምቅማጦምን የረጋግፅ። ዘለውን ዘየለውን ፈልዩ ብምዝርዛር ንኣጥቢያ ንምምሕዳር መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ሪፖርት የቅርብ።

፲፩. ብዓፀደ ቤተክርስቲያን ዝርከቡ ጥንታውን ሃገር ዓቀፍ ዕንጨይትታት (ተክልታት) ህልውንኦም ሓልዩን ምንክብካብ እንዳተገብረሎም ከምዝተሓዙ ይገብር።

## ዓንቀጽ ፳፮

## ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ሕሳብ

፩. ናይ ሕሳብ መዛግብቲ ብዝተማልአ ኩነታት ኣዳልዩ ኣታዊኡን ወጻኢኡን ይምዝግብ።

፪. ኣታዊ ብሕጋዊ ናይ ገንዘብ ኣተሓሕዛ ሥርዓት ብሕጋዊ ቅብሊት ምእታውን ወጻኢኡ'ውን ሕጋዊ ናይ ወጻኢ ኣርእስቲ ሓልዩ ብመደበኛ ናይ ወጻኢ ምእዛዝን መመስከሪ ሰነድ ንምውጽኡ እንዳረጋገጸን እንዳተኸታተለን ይሥርሕ።

፫. ኣብ ወወርሑ መወዳእታ ነቲ ሕሳብ ብምዕጻው ናይ ወርሑ ኣታዊን ወጻኢኡን ካብ ወጻኢ ተረፍን ብሠንጠረዥ እንዳዳለወ ንጽ/ቤቱ የቅርብ።

፬. ዝኾነ ይኹን ወጻኢ ገንዘብ ካብ ዝተፈቅደን ዝተወሰነን በጀት (ዕቅድ) ንላዕሊ ንኸይሓልፍ ይቆጻጸር፣ ይሕሉ።

፭. በጀት ኣብ ዝድልደለሉ ጊዜ በጀት ንዝድልድል ማዕረ ገንዘብ ምህላውን የረጋግፅ።

፮. ቅድሚ ናይ ዓመት በጀት ምውድኡ ቅድሚ ክልተ ወርሒ ብባንክን ብሳጹንን ንዘሎ ገንዘብ ንነናይ ወርሑ ኣታዊ ገምጊሙ ናይ ተኸታሊ ዓመት በጀት ብምሥራሕ ንናይ በጀቱ ዝርዝር ንኣጥቢያ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት የቅርብ።

፯. ዓመታዊ ኮነ ወርሓዊ ሕሳብ ከምዝምርመር ምስ ዝእዘዝ ናይ ኣታውን ወጻእን ንሰነዳት ብምቅራብ የመርምር።

፰. ናይ ሕሳብ ሰነዳትን ቼካትን ብጥንቃቐ ይሕዝ።

፱. ናይ ገንዘብ ኣታውን ወጻእን ሰነዳት (ሞዴላት) ብናይ ላዕላይ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ጠቅላላ ቤተ ክህነት ጽ/ቤት ተቆጻጻርነትን ብመንበረ ጵጵስና ሀገረ ስብከት ጽ/ቤት ኃላፍነት ተሓቲሙ ብዝወጽእ ብሓደ ዓይነት ክፍሊት (ካርኒ) ጥራሕ ይሥርሕ፣ ዝሥርሕ ምኳኑን'ውን የረጋግጽ።

## ዓንቀጽ ፳፯

## ሥራሕን ኃላፍነትን ገንዘብ ቤት

፩. ተሓዚ ገንዘብ ንሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ንኹሉ ዝኣተወ ገንዘብ ብቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፶፮ ተራ ቁጽሪ ፬ ብዝተጠቅሰ ሕጋዊ ክፍሊት (ካርኒ) ይቅበል

፪. ንዝተቀበሎ ገንዘብ ብስም ቤተክርስቲያን ኣብ ዕለቱ ባንኪ የእቱ፣ ንገንዘብ ዝተቀበለሉ ጊዜ (ሰዓት) ምስ ሓለፈ እንተ ኮይኑ ወይ'ውን ባንኪ ዕጽው ኣብ ዝኾነሉ መዓልቲ እንድሕር ኮይኑ ጉዳዩ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ንምፍርራም ገንዘቡ ብጊዚያዊነት ኣብ ካዝና ከም ዝቅመጥን ገንዘብ ቤቱ ከም ዝዕሸግ ይገብር።

፫. ኣብ ከባቢኡ ባንኪ እንተዘየለ ናይ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ኣብ ዝውስኖ ቦታ ከቐምጥ ይኽእል።

፬. ኣብ ካዝና ስለ ዝቐመጥ መሓለውታ ሕሳብ ከም ጊዜኡን ከም ኣከባቢኡን እንዳተረአየ ናይ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ብዝውስኖ መሠረት ይፍጽም።

፭. ንዝኾነ ናይ ገንዘብ ወጻኢ ሕጋዊ ዝኾነ ትእዛዝ ምስ በጽሖ ጥራሕ ኢዩ ብምዱብ ናይ ወጻኢ መመስከሪ ሰነድ (ቫውቸር) ኣፈሪሙ ይኸፍል።

፮. ኣታውን ወጻእን ብፍላይ ብዝተዳለወ ኣብ ናይ ኣታውን ወጻእን መዛግብቲ ይምዝግብ፣ ኣብ ወወርሑ መወዳእታ ብጠቕላላ ንዝኣተወን ንዝወጽኣን ልክዕ ገንዘብ ካብ ወጻኢታት ንዝተረፈ መዛግብቲ እንዳኣመሳኸረ ምስ ክፍሊ ሕሳብ ነቲ ሕሳብ ብጥንቃቐ መዝጊቡ ይሕዝ።

፯. ናይ ኣጥቢያ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ንዝወሰኖ ናይ ወጻኢ ሕሳብ ኣማሓዳሪ መአዘዚ ጥራሕ እንተዘይ ጽሒፎም ወላሓንቲ ገንዘብ ወጻኢ ምግባር ኣይክእልን ኢዩ። ኮይኑ’ውን ኣማሓዳሪ ብካልእ ጊዜ ብም/ጠርናፊ (ኣካቢ) ትእዛዝ ንዝፍለጥ፣ ንዝተወሰነን ንዝተመደበን ናይ ወርሒ ወጻኢ ጥራሕ ከውጽእ ይኽእል።

## ዓንቀጽ ፳፰

## ሥራሕን ኃላፍነትን ክፍሊ ቁጽጽር

፩. ንኣታውን ንወጻእን ኣብ ዕለቱ፣ ኣኣብ ሰሙኑን ኣኣብ ወርሑን ተቆጻጺሩ እቲ ገንዘብ ኣብ ባንኪ ንምእታው የረጋግጽ።

፪. ኣታውን ወጻእን ዝተገብረሎም ካርኒታትን ሰነዳትን ሕጋውያን ንምኳኖም ይምርምር።

፫. ምስ ሰበኻ ጉባኤ ንብረት ገንዘብ ኣረኣእዩ ብክፍሊ ንብረት ኃላፍነት ንዝርከቡ ቀዋምን ተወዳእን ንብረታት በብመልክዖም ፈልዩ

ብኣገልግሎት ንዝተወድኡ፣ ብኣተሓሕዛ ንዝተበላሸውን ንዝጎደሉን፣ ንዝተረፉን ንዘይተመዝገቡን ኩሎም ንብረታት እንዳ ቆጸረ ዓይነቱን ብዝሓቱን ብሠንጠረዥ ተዳልዩ ንምምዝጋቡ እንዳመሳኸረ ይቆጻጸር።

፬. ናይ ኣተሓሕዛን ሕሳብን ኣተሓላልዋ (ምዕቃብ) ንብረትን ትክክል ንምዃኑን ዘይምዃኑን ብዝርዝር መዝጊቡ በቢ ሠለስተ ወርሒ ንመንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት መግለጺ የቅርብ

፭. ብኣተሓሕዛ ገንዘብን ብምዕቃብ ንብረትን ጉድለት እንተተረኺቡ ጉድለት ወይ'ውን ጥፍኣት ንዝገበረ ግለሰብ መተኣማመኒ ኣፈሪሙ ንመንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ሪፖርት የቕርብ።

፮. ብሰበኻ ጉባኤ ዝተመዝገቡ ናይ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ካህናትን ምእመናንን ዝከፈልዎ ክፍሊት ብመሠረት ቃለ ዓዋዲ ንምክፋሉን ዝኾነ'ውን ናይ ቤተክርስቲያን ዝተፈላለየ ኣታዊ ብትኽክል ምእታውን ይቆጻጸር።

፯. ብኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ሰበኻ ጉባኤ ንደሞዝን ንመካየዲ ሥራሕ ንወርሕን ንዓመትን ካብ ዝተፈቀደ ባጀት ንላዕሊ ወጻኢ ንኸይከውን ይቆጻጸር።

፰. ብኣጥቢያ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ናይ ሥራሕ ዘርፍታት ኩሎም ዝካየዱ ሥራሕቲ ብወቕቱ ንምክንዋኖም እንዳተቆጻጸረ ሥራሕ ንዝምልከቶም ሠራሕተኛታት ብምትእኽኻብ ወይ'ውን በቢክፍሉ ብምዝውዋር ከም ኣድላይነቱ ስለ ኣተሓሕዛ ሥራሕን ናይ ኣጠቓቕማ ሞዴላትን ግቡእ ዝኾነ መምርሒ ይህብ፣ ይቆጻጸር።

፱. ብኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ዝርከቡ ናይ መብጽዓን ናይ ሙዳየ ምፅዋትን ሣጹናት ምልክትን መፍለይ ቁጽርን እንዳተዋህቦም ብዝሖም እንዳተፈልጠ፣ ዝተቀመጡላ ቦታ'ውን ግልጽን መተኣማመንን ንሙኻኑን የረጋግጽ፣ ብምምሕዳር ሰበኻ ጽ/ቤት ዘይተመዝገቡን ዘይተፈልጡን ሣጹናት (ሙዳየ ምጽዋት) ይኹኑ ካልኦት ናይ ገንዘብ መኣከቢታት ኩሉ ኣብ ውሽጢ ቐጽሪ ቤተክርስቲያን ንኸይህልው ብጽኑዕ ይቆጻጸር።

፲. ናይ መባእን ናይ ሙዳየ ምጽዋትን ሣጹናት ኣብ ሥራህ ቅድሚ ምውዓሎም ብስራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ ብዝተመርጹ ኣባላት፣ ኣማሓዳሪ፣ ሕሳብ ሹምን ባዕሉ ተቆጻጻሪ ኣብ ዝተረኽበሉ ናይ ህብረትን ብደብሩ ማኅተም ንምዕሻጎምን ክኽፈቱ'ውን ኩሎም ዝፈረሙ ኣባላት ንምርካቦምን ይከታተል።

፲፩. ብዓውደ ምሕረት ኮነ ብካልእ ቦታ ሙዳየ ምጽዋትን ጽላል ብሙዛር ስጋጃ (ምንጻፍ) ንምንጻፍ ወይ'ውን ብካልእ መንገዲ ዝእከብ ዝኾነ ይኹን ገንዘብን ዝተፈላለዩ ውህብቶን ብኣገባብ እንዳተመዝገቡ በቲ ቤተክርስቲያን ካርኒ (ክፍሊት) ኣታዊ ንምዃኑ የረጋግጽ።

፲፪. ብስእለትን ብካልእን ምኽንያት ንቤተክርስቲያን ዝህብዎም እንስሳታት፣ ገንዘብ፣ ወርቅን ዝተፈላለዩ ንብረታት ኩሎም ግምቶም ንኽፍለጥ ብሕጋዊ መንገዲ ኣታዊ ንኽኾኑ ኣድላይ ዝኾነ ጻዕሪ ይገብር።

፲፫. ምስ ክፍሊ ንብረት ብምትሕብባር ንናይ ቤተ ክርስቲያን ንብረት በብዓመቱ እንዳቁጸረን እንዳመዝገበ ንዝጎደለን ዝወሰኸን ኣረጋጊጹ ንመንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ሪፖርት የቕርብ።

፲፬. ካብ ክፍሊ ንብረት ወጻኢ ኮይኖም ንዝምልከቶ ክፍሊ ንዝህብዎ ንብረት ብክፍሊት ከም ዝህብ ይገብር። ኣብ ዝተዋሃብዎ ሥራሕ ንምውዓሎምን ከም ዝተሓለውን ይቆጻጸር፣ ንዝምለሱ'ውን መርሚሩ ትክክል ንምዃኖም ኣረጋጊጹ ክፍሊ ንብረት ከም ዝርከብ ይገብር።

## ዓንቀጽ ፳፱

## ሥራሕን ኃላፍነትን ናይ ክፍሊ ሥራሕ ሕንጻን ጽገናን ምሕዳስን

፩. እዚ ክፍሊ ንቤተክርስቲያን፣ ንቤተልሔም፣ ንቤት ትምህርትን ንናይ ሕክምና ተቅዋማትን (ድርጅታትን) ዝተፈላለዩ ኣታዊ ዝርከቦም ሕንጻታትን፣ ናይ መኣከቢ ኣዳራሽን፣ ንናይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መምሃሪ፣ ንናይ መዕረፊ ካህናትን ኣጋይሽን ቤት፣ ንቀጽሪ

ቤተክርስቲያን ንካልኦት'ውን ከም ኣድላይነቶም ክሠርሑ ንዝግብኦም ዕቅዳት ኣጽኒዑ ንመንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ እንዳቕረበን እንዳኣፍቀደን ብቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፲፪ ተራ ቁጽሪ ፲፮ መሠረት ምስ ዝቋቋሙ ናይ ሕንጻ ኣሥራሒ ኮሚቴ ብምትሕብባር ዝሠርሕ ክፍሊ እዩ።

፪. ስለ ቤተክርስቲያን ሥራሕ ሕንጻ፣ ጽገናን ሕድሳትን ኣፈጻጽማ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዘውጽኦ ፍሉይ ናይ ሕንጻ ቤተክርስቲያን ሥራሕ ደንብን መምርሕን ዝውሰን ይኸውን።

፫. ናይ ሕንጻ ኣሥራሒ ኮሚቴ ኣብ ዝቋቆመሉ ጊዜ ካብ ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን ጽ/ቤት መምርሒ እንዳተቀበለ ካህናትን ምእመናንን ብጉዳዩ ንክሓስቡሉ ኣድላይ ዝኾነ ቅስቀሳ ይገብር፣ ትምህርቲ'ውን ይህብ።

፬. ነቲ ቤተክርስቲያን ሕንጻ ሥራሕ ዝውዕል ናይ ገንዘብን ናይ ቁሳቁስ ርዳእታ ንዝርከበሉ መንገዲ እንዳኣጽንዐ ንመንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ የቅርብ፣ እንተተፈቅደ'ውን ብምኽንያት ዝቋቆሙ ናይ ሕንጻ ኣሥራሒ ኮሚቴታት ሓገዙ ከምዝእከብ ይገብር። ናይ ርዳእታ መእከቢ ጊዜን ቦታን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ብዝውስኖ ይኸውን።

፭. ናይቲ ቤተክርስቲያን ሕንጻ ሥራሕ ንዘድልይዎ ናይ ገንዘብን ንብረትን መቀበልን ወጻእን መግበሪ ንካርኒታት፣ ንሰነዳትን መዛግብትን ብጠቅላላ ንዘድልይዎ ንኩሉ መሣርሒ ጽሕፈት ካብ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ብክፍሊት እንዳተረከበ ንዝተቋቆመ ኮሚቴ ከም ኣድላይነቱ የከፋፍል።

፮. ንርዳእታ ሥራሕ ህንጻ ንዝሕግዙ ገበርቲ ሠናይ ግለሰባትን ድርጅታትን ካብ ኣጥቢያ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ንዝመሓላለፍ ናይ ሕቶን ናይ ምትሕብባርን ደብዳቤታት ንዝምልከቶ ኩሉ ከምዝበጽሕ ይገብር፣ ይኣፈጻጽምኡ'ውን ይከታተል።

፺. ናይ ሥራሕ ሕንጻ ዝዓበየ ኮሚቴ ኣብ ኩሉ ዝገብሮ ኣኼባ እንዳተረከበ ስለ ኣካይዳ ሥራሕ ንዝተበጽሆ ፍረሓሳብ ንኣጥቢያ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ሪፖርት የቅርብ።

፷. ብናይ ቤተክርስቲያን ሕንጻ ስም ካብ ኣከባቢኡ ምእመናን ንዝእከብን ካብ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሠናይ ድርጅታት ንዝልገስ ገንዘብ በቲ ቤተክርስቲያን ስም ብዝተኸፍተ ናይ ባንኪ ሕሳብ ቁጽሪ ተፈልዩ ንምቅማጡ የረጋግጽ ወጻኢ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ብዓንቀጽ ፲፪ ተራ ቁጽሪ ፲፱ (ለ) ፣መሠረት ንምፍጻሙ ይከታተል።

፱. ናይ ህንጻ ሥራሕ ተዛዚሙ ምስ ተወድአ ንህንጻ ሥራህን ምስ ህንጻን ርክብ ዘለዎ ንብረት፣ ናይ ገንዘብ ኣታውን ወጻእን ከምኡ'ውን ካብ ወጻኢ ተረፍ ሕሳብ ብዝምልከት ናይ ላዕለዋይ ኣካል ብምርመራ (ብኦዲት) ተጻርዩ ናይቲ ቤተክርስቲያን ቤት ገንዘብን ክፍሊ ንብረትን ኣታዊ ንምኻኑ ይከታተል፣ የረጋግጽ።

፲. ናይ ሙታን መካነ መቃብር ሥርዓት ብዘይብሉ ልሾ ሥራሕን ብሓወልቲ መንደቅ (ህንጻ) እንዳተጻበበ ንዝመጸን ንቀጽሪ ቤተክርስቲያን ሽግር ንምቅላል ንቀጻሊ ከምዚ ዝዓይነቱ ኣሠራርሓ ተሪፉ ብመተካእትኡ ዝተመሓየሸ ኣሠራርሓ ንክህልዎ ንምግባር ንብዓል ሞያታት እንዳኣማኸረን ንዕቅዱን ንመንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ እንዳቅረበ ክውሰንን ናይ ላዕለዋይ ኣካል ምስፈቐደ ኣብ ሥራሕ ከም ዝውዕል ይገብር።

፲፩. ንቀጻሊ ኣገልግሎት ቦትኡ ኣድላይ ኮይኑ እንተተረከበ ካብ ሽውዓተ ዓመታትን ልዕሊኡን ዝጸንሐ ዓጽመ ክርስቲያን ብኽብሪ ኣብ ዘዕረፈሉ ቦታ ክዳሎን ከም ዝሕሎን ይገብር።

፲፪. ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ዝርከቡ ክፍቲ ቦታታትን ንመካነ መቃብር ዝተኸልከሉ ስፍራታት ብንጽህና ከም ዝሕለውን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣትክልትን ዕንበባታትን የትክል፣ የክብር።

፲፫. ንሕንጻ ቤተ ክርስቲያን ዲዛይን ንትውፊቱን ሥርዓቱን ሃልዩ ከም ዝሥራሕ ይገብር። ዲዛይኑ ሊቀ ጳጳሱ ኣብ ዝእከብዎ ናይ ሃገረ

ስብከት ምምሕዳር ጉባኤ ተራእዩ፣ ተወሲኑን ጸዲቁን እንተዘይተዋህቡ ጥራሕ ዝኾነ’ውን ዲዛይን ምሥራሕ ፈጺሙ ዝተኸልከለ እዩ።

## ዓንቀጽ ፴

## ኃላፍነትን ሥራሕን ክፍሊ ኣኃዛዊ መረዳእታ (ስታትስቲክስ)

፩. ኣብ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ነበርቲ ዝኾኑ ምእመናን ቀዋሚ መዛግብቲ ኮይኖም ንዘገልግልዎ፥

ሀ. መዝገበ ልደትን ጥምቀትን

ለ. ንመዝገበ ሕያዋን፣ ንመዝገበ ሙታን ካልኦት ኣድለይቲ ንዝኾኑ መዛግብቲ ከምዝሥርሐሎም ይገብር።

፪. ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ምሉእ ሽምን ኣድራሻን፣ ናይ ምትካል ዓይነትን ዘመንን፣ ንናይ ኣሠራርሓ ሕንጻ፣ ቅርጽን ዓይነቱን፣ ቁመቱን ስፍሓቱን ሪኡን ኣጻርዩን ንብዓል ሞያ እንዳማኸረ ይምዝግብ።

፫. ንናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ኣገልገልቲ ካህናት፣ ኣቅሸሽቲ፣ መምህራን፣ ሰበኪቲ፣ ዲያቆናት፣ ንመዘምራንን ዝተፈላለዩ ሠራሕተኛታት ብዝሓት ከምኡ’ውን ንናይ ምእመናንን ብዝሓት ገዛን ብስድራ ቤት፣ ብዕድመ፣ ብፆታን ብደረጃ ትምህርትን ፈልዩ ይምዝግብ።

፬. ብኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ናይ ጉባኤ መምህራን እንተሎ ሰሙን ንናይ ተመሃርኡ ብዝሓት ንናይ ትምህርቱ ዓይነትን ንተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ንተመሃሮ ብዝሓት ንዝመሃርዎን ዓይነት ትምህርትን ይምዝግብ።

፭. ህጻናት ኣርብዓን ሰማንያን መዓልቲ መሊኢዎም ብናይ ቤተ ክርስቲያና ሥርዓት መሠረት ክርስትና (ጥምቀት) ምስተጠምቁ ብናይ ልደት መዝገብ፣ ጥምቀትን ብጠቅላላ ንኣጥቢኡ ካህናትን ምእመናንን ብዝተዳለወ መዝገበ ሕያዋን ይምዝግቦም።

፮. ካብዚ ዓለም ብሞት ንዝተፈልዩ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ተኸተልቲ ንኣስማቶም ብመዝገበ ሙታን የስፍር።

፯. ኣብ መወዳእታ ዓመቱ ብጠቕላላ ብኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ብነባሪነት ንዝተመዝገቡ ክርስቲያን ካብዚ ዓለም ብሞት ናይ ዝተፈልዩ ብዝሓት ከምኡ'ውን ንዝተወልዱን ኣብ ውሽጢ ዓመት ብምዝውዋር ሥራሕ ኮነ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ናብ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ብነባርነት ሓደስቲ ንዝመጹ ኮነ ናብ ካልእ ኣጥቢያ ንዝኸዱን ብትንታቐን ብጽፉፍን መዝጊቡ ንምምሕዳር መንፈሳዊ ሰበኻ ጽ/ቤት የቕርብ።

፰. ንናይ ኣጥቢያ ሰበኻ ናይ ሰብን ገንዘብን ሓይሊ በብዓመቱ እንዳመዝገበ ምስ ዝሓለፈ ዓመት ንዘለዎ ፍልልይ እንዳነጻጸረ ብሠንጠረዥ ወይ'ውን ብሥእላዊ መግለጺ የርኢ።

፱. ጉዳዩ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምርኻብ ንኣጥቢያ ንዘድልዮ ኩሉ ኣኃዛዊ መረዳእታ (መረጃ) ይእክብ።

፲. ሰበኻ ጉባኤ ንዝተቋቖመሉ ዕላማ ኣትኡ ንክወቕዕ ተመራጺ ንናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት እንዳማኸረ ናይ ኣጥቢያ ምእመናን ናይ ኣባልነት ክፍሊት ብወቕቱ ከምዝኸፍሉ የተሓባብር።

፲፩. ኣታዊ ቤተ ክርስቲያን ንዝዓብየሉ ኩነት እንዳመቻቸአን ንናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት እንዳተሓባበረ ይሠርሕ።

## <u>ምዕራፍ ፰</u>

## <u>ስለ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤትን ናይ ሥራሕ ክፍልታትን</u>

## <u>ዓንቀጽ ፴፩</u>

## <u>ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ናይ ክፍልታት ሥራሕን ሥልጣንን ተግባርን</u>

## <u>ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣመሠራርታን ኣቋምን</u>

፩. <u>ኣመሠራርታ</u>

ሀ. ኣብ ትሕቲ ወረዳ ቤተ ክህነት ብዝሓቶም ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ኣብያተ ክርስቲያናት ብምኽንያት ተወከልቶም ብኣካያዲ ሥራሕ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካቢነት ብሓድነት ተኣኪቦም ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ የቋቑሙ። ተወከልቶም'ውን ካብ ነንሕድሕድ ቤተ ክርስቲያን ብምምሕዳር መንፍሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ዝተመርጹን ብኣማሓዳሪ ቤተ ክርስቲያን ዝምርሒ ሓደ ካህን፣ ሓደ ምእመናንን ሓደ መንእሰይን ክኾኑ ከለው ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ጸሓፍን ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ክፍሊ ኣባላት ይኾኑ ከም ኣድላይነቱ ብዓመት ሓደ ጊዜ ዝእከብ ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ይኸውን።

ለ. ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ንዝተቋቶመሉ ዕላማ ኣብ ሽትኡ ንምብጻሕ ሓላፍነቱን ተግባሩን ምክንዋን ንክኽእል ብወርሒ ሓደ ጊዜ ዝእከብ ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ (ናይ ሥራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ) ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ምምሕዳር ጉባኤን፣

ሐ. ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ናይ ክፍልታት ሥራሕ (ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ክፍልታት ሥራሕ) እዮም።

## <u>ዓንቀጽ ፴፪</u>

## <u>ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት</u>

፩. ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ ወይ ድማ ንሱ ኣብዘይብሉ ጊዜ ብሃገረ ስብከቱ ዝተወከለ ካህን . . . . ንጉባኤ ዝእከብ

፪. ኣብዚ ዓንቀጽ ኣብ ተራ ቁጽሪ ፫፣ ፬ን ፭ን ካብ ማእከል ዝተመልከቱ ተወከልቲ ናይ ካህናትን ምእመናንን ዕድሚኦም ካብ ፴ ዓመት ዘይንእስ ካብ ፷ ዓመት ዘይሓልፍ ብቁዕ ክእለት ዘለዎ በዚ ጉባኤ ዝተመርጸ ካህን ወይ'ውን ምእመን . . . . ናይ ጉባኤ ምክትል ጠርናፊ (ኣካቢ)

፫. ኣብ ውሽጢ ክልል ወረዳ ካብ ዝርከቡ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣማሓዳሪ . . . . ኣባላት ጉባኤ

፬. ኣብ ውሽጢ ክልል ወረዳ ካብ ዝርከቡ ኣብያተ ክርስቲያናት ተመሪጾም ዝተወከሉ ካህናት . . . . ኣባላት ጉባኤ

፭. ኣብ ውሽጢ ክልል ወረዳ ካብ ዝርከቡ ኣብያተ ክርስቲያናት ተመሪጾም ዝተወከሉ ምእመናን . . . . ኣባላት ጉባኤ

፮. ካብ ውሽቲ ክልል ወረዳ ዝርከቡ ኣብያተ ክርስቲያናት ተመሪጾም ዝተወከሉ መንእሰያት ቤት ትምህርቲ ሰንበት . . . . ኣባላት ጉባኤ

፯. ጸሓፊ ወረዳ ቤተ ክህነት ወይ'ውን ንሱ ኣብዘይብሉ ጊዜ ብሃገረ ስብከት ዝተወከለ ካህን . . . . ናይቲ ጉባኤ ኣባልን ጸሓፍን።

## ዓንቀጽ ፴፫

## ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ሥልጣንን ተግባርን

ብምዕራፍ ፪ ብዓንቀጽ ፭ን ፮ን ንዝተዘርዘረ ዕላማን ተግባርን እንዳፈጸመን እንዳስፈጸመን ብተወሳኺ ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ቀጺሉ ዝተመልከቶ ሥልጣንን ተግባርን ይህልዎ።

፩. ብወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ተዳልዩ ብዝቐረበ ናይ መዘራረቢ ርእሲ (ኣጀንዳ) መሠረት ንናይ ወረዳ ሰበኻ ኣባላትን ኣገልገልቲ ኩነታት፣ ናይ ሥራሕ ክንውን፣ ናይ ገንዘብን ንብረትን ጠቅላላ መግለጺ ሰሚዑ ውሳኔ ይህብ።

፪. ንዝቐረበሉ ንናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ናይ ሥራሕ ዕቅድን ናይ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎት መርሐ ግብር እንዳመርመረ ምስ ዝሰማምዖ ምስ ርእይቶኡ ንሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና መንፈሳዊ ጉባኤ ጽ/ቤት ከም ዝመሓላለፍ ይገብር።

፫. ንላዕለዋይ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ቀሪቡ ንዝተፈቕደ ናይ ሥራሕ ዕቅድን ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ንዘድልዮን መጠን ገንዘብ ይውስን፣ ንምእካቡን ኣብ ሥራሕ ንምውዓሉን ይቆጻጸር።

፬. ንናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ገንዘብን ንብረትን ብኣጻራይ ሕሳብ (ኦዲተር) የመርምር።

፭. ንወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ካብ ኣርባዕተ ዘይውሕዱ ካብ ሸሞንተ ዘይበዝሑ ኣባላት ይመርጹ።
፮. ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ተጸዋዒነቱ ንመንበረ ጵጵስናን ንሃገረ ስብከት ጽ/ቤትን ይኸውን።

## ዓንቀጽ ፴፬
## ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ
## (ኣፈጻሚ ሥራሕ ኮሚቴ) ኣባላት

፩. ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ ወይ'ውን ንሱ ብዘይብሉ ጊዜ ብሃገረ ስብከት ዝተወከለ ካህን . . . ጠርናፊ ጉባኤ
፪. በዚ ዓንቀጽ ብተራ ቁጽሪ ፫፣ ፬ን ፭ን ካብ ዝተመልከቱ ንናይ ካህናትን ምእመናንን ወከልቲ ማእከል ዕድሚኦም ካብ ፴ ዓመት ዘይንእሱ ካብ ፷ ዓመት ዘይበዝሕ ብቑዕ ክእለት ዘለዎ በዚ ጉባኤ ዝተመርጸ ካህን ወይ ምእመን . . . . ምክትል ኣካቢ (ጠርናፊ) ጉባኤ
፫. ቁጽሮም ካብ ክልተ ዘይውሕዱ ካብ ኣርባዕተ ዘይበዝሑ ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ንመንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ዝውክሉ ካህናት.................ኣባላት ጉባኤ
፬. ምስ ሓደ ተወካሊ መንእሰይ ቁጽሮም ካብ ክልተ ዘይውሕዱ ካብ ኣርባዕተ ዘይበዝሑ ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ንመንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ዝውክሉ ምእመናን.................ኣባላት ጉባኤ
፭. ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ጸሓፊ ወይ'ውን ንሱ ብካልእ ጊዜ ንሃገረ ስብከት ዝተወከለ ካህን . . . ናይ ጉባኤ ኣባልን ጸሓፍን

## ዓንቀጽ ፴፭
## ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ
## (ናይ ሥራሕ ኣፈጻሚ ኮሚቴ) ሥልጣንን ተግባርን

ብቃለ ዓዋዲ ብምዕራፍ ፪ ዓንቀጽ ፭ን ፮ን ካብ ዝተዘርዘረ ዕላማን ተግባርን ብተወሳኺ ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ዝተኸተለ ሥልጣንን ተግባርን ይህልዎ።

፩. ኣብ ውሽቲ ወረዳ ዝርከቡ ናይ ኣጥቢያ ኣብያተ ክርስቲያናት ሰበኻ ጉባኤታት ንዝተቋቆሙሉ ዕላማ ኣብሸትኡ ንክበጽሑ ተግባራቶም'ውን ንከከናውኑ ይገብር፣ ይቆጻጸር።
፪. ንኣጥቢያ ሰበኻ ጉባኤ ኣባልነት ተመሪጾም ብኣምራጺ ኮሚቴ ቃለ ጉባኤ ተፈሪሙን ብኣማሓዳሪ ደብሪ መሰነይታ ደብዳቤ ንዝተላእኹሉን ውጽኢት ምርጫ መርሚሩ ንክጸድቅ ምስ ሪፖርት ንሃገረ ስብከት ጽ/ቤት የቕርብ።
፫. ካብ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ንዝቀርቡ ዝተፈላለዩ ጉዳያትን መግለጽታትን መርሚሩ ንኣድላይን ንግቡእን ተግባር ይፍጽም
፬. ካብ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ንኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ጠቕላላ ኣማሓዳርን ዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ንዝኽፈል ፳% (ዕስራ ካብ ሚእቲ) ገንዘብ ተቆጻጺሩ ብወቕቱ ነቲ ሃገረ ስብከቱ ኣታዊ ከም ዝኸውን ይገብር።
፭. ኣብ ውሽጢ ወረዳ ንሓባር ናይ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ጥቕሚ ንዝውዕሉ ናይ ሕብረት ሥራሕ ንዕቅዳትን ንናይ ኣጥቢያ ሰበኻ ኣገልግሎትን መርሐ ግብሪ ኣዳልዩ ንጉባኤ የቕርብ።
፮. ንዝተፈቕደ ናይ ሕብረት ሥራሕ ዕቅድ መፈጸምን ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት መፈጸሚ ካብ ነንሕድሕድ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ንዝተወሰነ ገንዘብ ብወረዳ ቤተ ክህነት ኃላፊነት ብሕጋዊ ክፍሊት ከም ዝእከብ ይገብር።
፯. ንዕቅዱ ተግባራዊ ንምግባር ብኣግባቡ ምስ ዝምልከቶም ተሓባቢሩ ይሥርሕ፣ ካብ ላዕሊ ንዝመሓላለፉ መምርሒታትን ትእዛዛትን ይፍጽም፣ የፈጽም።
፰. ዝሓለፈ'ውን ናይ ሥራሕ ምክንዋን፣ ንዝመጽእ ናይ ሥራሕ ዕቅድ፣ ድልድል ናይ ባጀትን ንናይ ኣጥቢያ ሰበኻ ኣባላትን ኣገልግሎትን ኩነት መግለጺ ንወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣቕሪቡ

ምስተራእየን ስምምዕነት ምስ ተገብረሉ ድሕሪኡ ንሃገረ ስብከት ጽ/ቤት ንውሳኔ የመሓላልፍ።

፱. ካብ ኣጥቢያ ንዝቀርበሉ ዕቅድ ሥራሕ መርሚሩ ብወረዳ ሊቀ ካህናት ንሃገረ ስብከቱ ጽ/ቤት ኣቕሪቡ ከም ዝጸድቅ ይገብር።

፲. ካብ ማእከል ኣባላት ኣትቢያ መፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ንሃገረ ስብከቱ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ዝውከሉ ካብ ወረዳ ቤተ ክህነት ሊቀ ካህናት ወይ'ውን ካልእ ሓደ ካህን፣ ሓደ ምእመን ሓደ መንእሰይ ይመርጽ።

፲፩. ንወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ካብ ዝተወከሉ ማእከል ንሃገረ ስብከቱ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ብምምራጾምን ብካልእ ውን ምኽንያት ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት ቁጽሪ ካብ ሓሙሽተ ዝወሓደ እንተኮይኑ ብመተካእትኦም ብቃለ ዓዋዲ ብምዕራፍ ፫ ብዓንቀጽ ፲፩ ብተራ ቁጽሪ ፬ ብዝተገልጸ መሠረት ይፍጽም።

፲፪. ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ተጸዋዒነቱ ነቲ ወረዳ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ይኸውን።

፲፫. ናይ ተመረጽቲ ኣባላት ናይ ኣገልግሎት ዘመን ብቃለ ዓዋዲ ብዓንቀጽ ፲፩ ብተራ ቁጽሪ ፪ ብዝተገልጸ ይኸውን።

## ዓንቀጽ ፴፯

## ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ጽ/ቤት

፩. ኣብ ውሽጢ ክልል ወረዳ ንዝርከቡ ገዳማት፣ ኣድባራት፣ ናይ ገጠር ኣብያተ ክርስቲያናትን በብደረጅኡ ንዝተቋቋሙ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤታት ኣመራርሓ ሥራሕን ናይ ምምሕዳር ኃላፍነት ዘለዎ መሥሪያ ቤት ኢዩ፡፡

፪. ተጸዋዕነቱ ንሃገረ ስብከቱ ሊቀ ጳጳስ ዝኾነ ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ ይኸውን።

፫. ንናይ ቃለ ዓዋዲን ካብ ሃገረ ስብከትን ንዝመሓላለፍ ደንብታትን መምርሒታትን ንዝፍጽመሉን ንዘፈጽመሉን ሓደ ናይ ምምሕዳር ጉባኤን ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታትን ይህልውዎ።
፬. ስለ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ጽ/ቤት ናይ ሥራሕ ክፍልታት ምቁቋም ብዓንቀጽ ፲፮ ካብ ሀ-ፐ ዝተዘርዘሩ ናይ ሥራሕ ዘርፍታት (ክፍልታት) ብወረዳ ቤተ ክህነት ጽ/ቤት'ውን ተግባራዊ ይኾኑ። ናይ ሥራሕ ዝርዝር ሥራሕ ብቃለ ዓዋዲ ካብ ዓንቀጽ ፲፯ ክሳዕ ፴ ዝተዘርዘረ ንናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኩነት እንዳገናዘበ ከምዘስማዕምዕ እንዳገበረ ንወረድኡ ቤተ ክህነት'ውን የገልግል።

## ዓንቀጽ ፴፯
## ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ ሥልጣንን ተግባርን

ኣብ ቃለ ዓዋዲ ኣብ ምዕራፍ ፪ ኣብ ዓንቀጽ ፫ን ፮ን ንዝተዘርዘሩ ዕላማን ተግባርን እንዳፈጸመን እንዳስፈጸመን ብተወሳኺ ናይ ወረድኡ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ እዚ ዝስዕብ ሥልጣንን ተግባርን ይህልዎ።
፩. ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ ናይ ወረድኡ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤን ናይ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤን ኣካብን ናይ ላዕለዋይ ኣፈጻሚ ሥራሕን ብምኻን ብቃለ ዓዋድን ካብ ላዕሊ ብዝወሃቦ መምርሕን ውሳነን መሠረት ንሰበኻ ጉባኤ ናይ ምእካብን ብቃለ ጉባኤ ንዝተመዝገቡን ውሳኔታት ናይ ምፍጻምን ንኸፍጸሙ ምግባርን፣ ናይ ምጽሕሓፍ፣ ናይ ሕሳብን ናይ ንብረትን ኣተሓሓልዋ ንካልኦት'ውን ንናይ ሥራሕቲ ሰበኻ ሠሪሑ ንኸሥርሕ ብጠቕላላ ንወረዳ መንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ሓላፍን ተጸዋዕን እዩ።
፪. ኣብ ወረዳ ሰበኻ ውሽጢ ዝርከቡ ኣብያተ ክርስቲያናት ብቃለ ዓዋዲ መሠረት ብመንፈሳዊ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ንኽጥርነፉን ንክጠናኸሩን ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ።

፫. ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ ንኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣፈጻጽማ ምርጫ ቅድሚ ኩሉ ኣማሓዳሪ ስለ ዝኾነ ምርጫኡ ካብ ምክንዋኑ ኣቀዲሙ ንኣጥቢያ ካህናትን ምእመናንን ንቃለ ኣዋዲ ዘጠናኽር ትምህርቲ ከም ዝህብ ይገብር።
፬. ኣብቲ ወረዳ ዝርከቡ ሠራሕተኛታት ቤተ ክህነትን ካልኦትን ኣተሓባቢሩ (ኣዋዲዱ) ኣብ ውሽቲ ምምሕዳርን ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታትን ናይቲ ጣቢያ (ቁሸት/ዓዲ) ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን ዝውፈይ ክፍሊት (ዓስቢ) ከም ዝሳተፉ ይገብር።
፭. ካብ ሃገረ ስብከት መምርሒ ተቐቢሉ ሕግን ቃለ ኣዋዲ ተሞርኪሱ ነቲ ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ዘድልዮ ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት የቐውምን ይውድብን።
፮. ምስ ቤ/ጽ ሃገረ ስብከት ብምልዛብ ንኣገልግሎት ነፍሲ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ዝውዕል ናይ ኣታውን ወጻእን ቅብሊትን ሞዴላትን (ቅጥዕን) ካልእ ሕትመታትን ብእዋኑ (ኣብ ግዜኡ) የቕርብን ይኸፋፍልን።
፯. ዝኾነ ይኹን ሥራሓትን ናይ ሰበኻ ምምሕዳርን ዝተፈላለዩ ክፍልታትን ብመሠረት ቃለ ዓዋዲ ምስላጡ ይቆጻጸር።
፰. ምርጫ ኣባላትን ናይ ካልኦት ሓለፍትን ንኸጽድቅ ኣብ ውሽጢ ናይ ወረዳ መንፈሳዊ ጉባኤ ዝርከባ ናይ ጣቢያ ቤተ ክርስቲያናት ጉባኤ መንፈሳዊ ምምሕዳር (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ናይ ቤ/ጽ ሃገረ ስብከት የቕርብ።
፱. ካብ ጣብያታት ቤተ ክርስቲያን ተዳልዩ ንዝቐረበ ውጥን ሥራሕ ናብቲ ናይቲ ወረዳ ሰበኻ ጉባኤ መንፈሳዊ ምምሕዳር ኣቕሪቡ ክጽናዕ ድሕሪ ምግባር፣ ንምጽዳቑ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከት የቕርብን፣ ድሕሪ ምጽዳቑ ከኣ ኣብ ሥራሕ ዝውዕል ይገብር።
፲. በብእዋኑ ዕለታውን መዓልታውን መርሐ ግብሪ ኣዳልዩ ናብ ሰበኻታት እንዳተንቀሳቐሰ ወንጌል ይሰብኽን የስብኽን፣ ንምእመናን

ኣንቂሑን ኣትጊሁን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ከም ዘውደብን ከም ዝድልድልን ይገብር።

፲፩. ካብ ነፍስ-ወከፍ ኣጥቢያ ቤተክርስቲያን ንሃገረ ስብከት ዝኽፈል ገንዘብ ብእዋኑ ተኣኪቡ ኣታዊ ምኺኑ ይከታተል።

፲፪. ኣብ ልዕሊ ካብ ነፍስ ወከፍ ናይ ጣብያ ቤተ ክርስቲያናት ዝቐርበሉ ጸብጻብ (መርትዖ) ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ትምህርትን ሥራሕን ናይ ዝርከቡ ካህናት መምህራን፣ ሰበኽትን ምእመናንን ምስ ስድርኦም መዝገቡ ናይቲ ወረዳ ኣኃዛዊ መርትዖ (ስታትስቲክስ) ናይ ባጀት ዓመት ኣፈጻጽማ ሥራሕን፣ ፋይናንሳዊ ጸብጻብ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከት ብእዋኑ የቕርብ።

፲፫. ናይቲ ወረዳ ናይ ባንኪ ሕሳብ ምስ ናይቲ ወረዳ ሒሳብ ሽም ብሓባር የንቀሳቕስ።

## ምዕራፍ ፮

## ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ቤት-ጽሕፈት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ሥልጣንን (መዝነትን) ተግባርን

## ዓንቀጽ ፴፰

## ኣመሠራርታን ኣወዳድባን ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ

**፩. ኣመሠራርታ (ምሥረታ)**

ሀ. ኣብ ትሕቲ ሃገረ ስብከት ዝርከባ ናይ ወረዳ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ካብ ዝተመረጹ ካህናት ሓደ፣ ካብ ምእመናን ሓደ፣ ካብ መናእሰይ ቤ/ትምህርቲ ሰንበት ሓደ፣ ናይቲ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካያዲ ሥራሕ ወሲኹ ኣርባዕተ ሰባት ዝሓዘ ልኡኽ፣ ከምኡ'ውን ኣካያዲ ሥራሕን ዋና ጸሓፍን ዝርከብዎም ሓለፍቲ ክፍልታት ዘጠቓልልን ብሊቀ ጳጳስ መሪሕነት ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ይምሥረት።

ለ. በዚ ኩነት ዝተመሥረተ ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ ዝእከብ ሓደ ጉባኤ ይህልዎ።

ሐ. እዚ ሰበኻ ጉባኤ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሥልጣኑን ተግባሩን ዝዓምም ኣብ ሠለስተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ዝእከብ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ወይ ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ ይመርጽ።

**<u>፪. ኣወዳድባ</u>**

**<u>ኣብ ትሕቲ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት</u>**

ሀ. ብናይ ሃገረ ስብከት ሊቀ ጳጳስ ዝእከብ (ዝምራሕ) ሓደ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት።

ለ. መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ሃገረ ስብከትን ምምሕዳራዊ ጉባኤ ቤተ ክህነት ሃገረ ስብከትን።

ሐ. ቤት ጽሕፈትን ሰበኻ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት (ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከት)።

መ. ኣብ ዓንቀጽ ፶፩ ተራ ቁጽሪ ፬ ሕጊ ቤተ ክርስቲያንን፣ ኣብ ዓንቀጽ ፲፯ ቁጽሪ ፩ ናይ ቃለ ዓዋዲ ዝተጠቐሱ ሕጋጋት ከም ዘነጽርዎ፣ ብናይ ዓዲታት (ጣብያታት) ዝተሠረቱ ክፍልታት ሥራሕ ኣካል ክፍልታት ሥራሕ ቤተ ክህነት ሃገረ ስብከት እዩ። ዝርዝር ኣፈጻጽማ ሥራሕ ኮሚቴ ኣብ ቃለ ዓዋዲ ካብ ዓንቀጽ ፲፮ ስጋብ ዓንቀጽ ፴ ሰፊሩ ዝርከብ መምርሒ መሠረት ኩነታት ሃገረ ስብከት ኣብ ግምት ዘእተወን ንዕኡ ዝሰማማዕን ኮይኑ ነቲ ሃገረ ስብከት ዘገልግል ይኸውን።

**<u>ዓንቀጽ ፴፱</u>**

**<u>ኣባላት ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ</u>**

፩. ናይ ሃገረ ስብከት ሊቀ ጳጳሳት.................ናይ ጉባኤ ርእሰ መንበር።

፪. ሊቀ ጳጳስ ኣብ ዘይርከብሉ እዋናት ኣካያዲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት ኣካቢ (መራሒ) ጉባኤ ይኸውን።

፫. ናይቲ ሃገረ ስብከት ዋና ጸሓፍን ሓለፍቲ ክፍልታትን ናይዚ ጉባኤ ኣባላት እዮም
፬. ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ኣካየድቲ ሥራሕ ኣባላት ናይዚ ጉባኤ እዮም።
፭. ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ካብ ዝርከባ ናይ ወረዳታት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤታት ዝውክሉ ካህናት ኣባላት ናይዚ ጉባኤ እዮም።
፮. ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ካብ ዝርከባ ናይ ወረዳታት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤታት ዝውክሉ ምእመናን ኣባላት ናይዚ ጉባኤ እዮም።
፯. ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ካብ ዝርከባ ናይ ወረዳታት ሰበካ መንፈሳዊ ጉባኤታት ዝውክሉ መንእሰያት ቤት ትምህርቲ ሰንበት ናይዚ ጉባኤ ኣባላት እዮም።
፰. እዚ ጉባኤ ብርእሰ መንበርነት ሊቀ ጳጳስ ኣብ ዝምርሓሉ እዋን ኣካያዲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት ናይዚ ጉባኤ ኣባልን ጸሓፍን ይኸውን።
፱. ኣካያዲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት ነዚ ጉባኤ ኣብ ዝመርሓሉ እዋናት ዋና ጸሓፊ ሃገረ ስብከት ናይዚ ጉባኤ ኣባልን ጸሓፍን ይኸውን።

## ዓንቀጽ ፵

## ሥልጣንን (መዝነትን) ተግባርን (ዕማምን) ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት

ኣብ ሕገ ቤተክርስቲያን ዓንቀጽ ፵፪ ኣብ ቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፭ን ፮ን ብዝተነጸረሉ መሠረት ናይቲ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዕላማን ተግባርን ይፍጽምን የፈጽምን፣ ብተወሳኺ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ነዚ ዝስዕብ ሥልጣንን ዕላማን ይኸውን።
፩. ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ በብእዋኑ ዝወጽእ ሕግን ኣብ ናይ ቃለ ዓዋዲ መሠረታዊ ሓሳብን ተሞርኩሱ ነቲ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ ዝተዳለው ውሽጣዊ ምምሕዳራዊ ሕጋግ (ደንቢ)፣ መምርሒ ዕላማን ካብ ጉባኤ ምምሕዳር ዝቐርብ ዝተፈላለየ ውጥን (ትልሚ) ሥራሕ ይርእን፣ ንውሳኔ ዝኸውን ሓሳብ ወሲኹ ናብ ሊቀ ጳጳስ የቕርብ።

፱. ብመንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ጉባኤ መንፈሳዊ ምምሕዳር (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ተዳልዩ ዝቐርብ ናይ ነፍስ-ወከፍ ጣብያን ወረዳን ብሓፈሻ ናይቲ ሃገረ ስብከት ሕሉፍ ኣፈጻጽማ ሥራሕን ናይ መጻኢ ውጥን ዕዮን ናይቲ ሰበኻ ኩነታት ካህናትን ምእመናንን መግለጺ ገንዘብን ንብረትን መርሚሩ ውሳኔ የሕልፍ (ይውስን)።
፲. ዕማማት ቤተ ክርስቲያን ንምድልዳል መንፈሳዊ ቤት ትምህርትታት ሰበኸቲ ወንጌል ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ልምዓታዊ ዕዮታት ወለንታውን ማሕበራውን ኣገልግሎታት ኣብ ውሽጢ እቲ ሃገረ ስብከት ከም ዝቖሙን ዝስስኑን (ዝበዝሑን) ይገብር።
፲፩. ብደረጃ ሃገረ ስብከት ንዝፍጸሙ ውጥናት ሥራሕን ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ዘውዕል ባጀት ይውስን። ባጀት ከም ዝተረከበን (ዝተኣከበን) ኣብ ሥራሕ ከም ዝወዓለን ድማ የረጋግጽ።
፲፪. ካብ ጣቢያታት (ዓዲታት) ዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያን ንናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሓፈሻዊ ምምሕዳርን ንዝተፈላለየ ኣገልግሎታትን ዝኸፈል ፲% (ዕስራ ሚእታዊ) ገንዘብ ኣብ እዋኑ ኣታዊ ምኳኑ የረጋግጽ።
፲፫. ኣብ ቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፴፩ ንዝምልከት ኣባላት ምምሕዳራዊ ጉባኤ ዝሰማምዑ ካብ ኣርባዕተ ዘይውሕዱ ካብ ሸሞንተ ዘይበዝሑ ካብ ካህናት ካብ ምእመናንን ካብ መናእሰይ ቤት ትምህርቲ ሰንበትን ብድምፂ ብልጫ የምርፅ።
፲፬. ናይ ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ተፀዋዒነቱ ናብ ቤ/ጽ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ይኸውን።

## ዓንቀጽ ፵፩

## ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ኣባላት ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮኒቴ ፈጻሚት ሥራሕ)

፩. ኣካያዲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት............ናይዚ ጉባኤ መራሒ (ኣካቢ) ይኸውን

፪. ብመሠረት ዓንቀጽ ፵፩ ቁጽሪ ፫ን ፬ን ካብ ወከልቲ ካህናት ወይ ውን ምእመናን ሓደ ዕድሚኡ ካብ ፴ ዓመት ዘይንእስን ካብ ፷ ዓመት ዘይሓልፍን ዓቅሚ ዝውንን (ዘለዎ) በዚ ጉባኤ ይምረጽ። እዚ ዝተመረጸ ካህን/ ምእመን/ ናይዚ ጉባኤ ምክትል መራሒ ይኸውን።

፫. ካብ ፪ ዘይውሕዱ ካብ ፬ ዘይበዝሑ ኣብ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ዝተመረጹ ካህናት ኣባላት ናይዚ ጉባኤ ይኾኑ።

፬. ሓደ መንእሰይ ወኪል ዝርከቦም ካብ ክልተ ዘይውሕዱ ካብ ኣርባዕተ ዘይበዝሑ ኣብ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ዝተመረጹ ምእመናን ናይዚ ጉባኤ ኣባላት ይኾኑ።

፭. ዋና ጸሓፊ ሃገረ ስብከት ናይዚ ጉባኤ ኣባልን ጸሓፍን ይኸውን

## ዓንቀጽ ፵፪

## ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሥልጣንን ዕማምን ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ)

መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ዕላምኡን ተግባሩን

(ዕማሙን) ብመሠረት ዓንቀጽ ፭ን ፮ን ቃለ ዓዋዲ ይፍጽምን ብግቡእ ይፍጸም ምህላዉ ዝከታተል ኮይኑ ነዚ ዝስዕብ ሥልጣንን ተግባርን ይውንን።

፩. ብቅዱስ ሲኖዶስ ዝወጸ ሕጊ፣ ሕጋጋትን መምርሒታትን፣ ብመንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዝተሓላለፍ ውሳኔን፣ ብመንበረ ጵጵስና ሓፈሻዊ ናይ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ ዝወሃብ መምርሕን ኣብ ሥራሕ ከምዝውዕል ይገብር።

፪. መንፈሳውን ዘመናውን ት/ቲ፣ ስብከተ ወንጌል፣ ልምዓትን ወለንታዊ ዕማማትን ብሓፈሻ ናይ ሃገረ ስብከት ሃብትን ኣገልግሎትን ንምስፋሕ ውጥን (ዕማም) የውጽእ፣ ካብ ወረዳታት ንዝተላእኹ ውጥናት ሥራሕ ዘጽንዑ ርኢቶኡ ብምውሳኽ ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ የቕርብን ትግባረኡ የረጋግጽን።

፫. ብናይ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ መሠረት ዝተፈቕዱ ውጥናት ሥራሕ ኣፈጻጽምኡ ይከታተል።

፬. ነዚ ውጥናት ዝተሰልዐ ገንዘብ ብግቡእ ወጻኢ ኮይኑ ነቲ ዝተወጠነሉ ሥራሕ ምውዓሉ ይቆጻጸር።

፭. ከካብ ጣቢያታት ኣብያተ ክርስቲያናት ዝተኣከበ ፳%ን ካብ ዝኾነ ይኹን ኣታዊ ናይ ሃገረ ስብከትን ዝተረኽበ ገንዘብ፣ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ኣገባብ ምብጽሑ የረጋግጽ።

ሀ/ ንመንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ.........፴፭%

ለ/ ንሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ........................፴%

ሐ/ ኣብዚ ሃገረ ስብከት ንዝርከባ ቤ/ጽ ወረዳ ቤተ ክህነት.........፴%

መ/ ኣብዚ ሃገረ ስብከት ንዝርከባ ቤ/ትምህርትታት መስፋሕፍሒ ....፭%

፮. ናይ ኣዲስ ኣበባ ሃገረ ስብከት ከካብ ኣብያተ ክርስቲያናት ዝኣከቦ ፳% ካብ ካልእ ኣታዊታት ሃገረ ስብከት

ሀ/ ንመንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ፷፭% (ስሳን ሓሙሽተን ሚእታዊ)

ለ/ ነቲ ሃገረ ስብከት . . . . . ፴፭% ከም ዝኽፈል ይገብር።

፯. ናይ ሃገረ ስብከት ልምዓታውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ንምስፋሕ ዓሊሙ ምስ መዳርግቲ ትካላትን ሰብ ሞያን ብምትሕግጋዝ ወለንታዊ ሥራሕትን ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት ሥራሕቲ ይዓምም።

፰. ካብ ናይ ጣቢያታት ኣብያተ ክርስቲያናት ተዳልዩ ዝቐርብ ዓመታዊ ምምቅራሕ ገንዘብ (ባጀት) ኣጽኒዑ ርኢቶኡ ብምውሳኽ ናብ

ቤ/ጽ ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና የቅርብ። በቲ ናይቲ ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ምስ ፈቐደሉ ከኣ ኣብ ግብሪ ንኽውዕል ናብቲ ዝሓተተ ኣካል የሕልፎ።

፱. ዝኾነ ይኹን ገንዘባዊ ኣታዊ ብእዋኑ ከም ዝተኣከበን፣ ብግቡእ ከም ዝተታሕዘን የረጋግጽ።

፲. ናይቲ ሰበኻ ምምሕዳር፣ ኣታሕዛ ገንዘብን ንብረትን ይከታተል፣ በብእዋኑ ተቖጻጸርቲ ሕሳብ ናብ ገንዘብን ንብረትን ምርመራ የግብር።

፲፩. ኣብቲ ሃገረ ስብከት ዝርከባ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ዘለዎም ዓቕሚ ሰብ ኣፈጻጽማ ሥራሕ ናይ ቅድሚት (ወጻኢ) ውጥናት ንብረታዊ ትሕዝቶን ገንዘባዊ ኣታውን ወጻኢታትን ኣነጺሮም ጸብጻብ ብእዋኑ ንኽቀርብ በብግዚኡ ምክትታል ይገብር።

፲፪. ንሓፈሻዊ ጉባኤ ንዝግበር ኣኼባ ዝኸውን መዛተዩ ኣርእስትን መርሆ ግብርን (ትልምን) ኣቐዲሙ ኣዳልዩ የቕርብ።

፲፫. ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ኣድላዩ እንተ ድኣ ኮይኑ ሓፈሻዊ ጉባኤ ንኽጽዋዕ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ርእሰ መንበር (ሊቀ ጳጳስ) የዘኻኽር።

፲፬. ካብ መንጎ ኣባላት ናይ ጣብያ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ሃገረ ስብከት ካብ ዝርከብ ገዳማትን ኣድባራትን ዝምረጹ ሓደ ካህን ሓደ ምእመን ሓደ መንእሰይ ካብ ቤት ትህርቲ ሰንበት ናይ ሃገረ ስብከት ናይ ስብከተ ወንጌልን ካብ ሓለፍቲ ክፍልታት ናይ ሰበኻ ጉባኤ ብድምር ሓሙሽተ ሰባት ንኣካያዲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት ወሲኹ ኣብ ኣኼባ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ንኽሳተፉ መሪጹ ይልእኽ።

፲፭. ካብ መንጎ ኣባላት መንበረ ጵጵስና ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ተመሪጾም ናብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ

መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ናይ ዝጎድሉ ሰባት መተካእታ ብናይ ቃለ ዓዋዲ ምዕራፍ ፫ ዓንቀጽ ፲፩ ቁጽሪ ፱ መሠረት ይፍጸም።

፲፮. ኣባላት መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ናይ ኣገልግሎት ጊዜ (ዘመን) ብቃለ ዓዋዲ ምዕራፍ ፫ ዓንቀጽ ፲፩ ቁጽሪ ፰ መሠረት ይኸውን።

፲፯. ናይ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ተጸዋዕነቱ ናብ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ እዩ።

## ዓንቀጽ ፵፫
## ቤት ጽሕፈት መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት

ኣብ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዓንቀጽ ፵፩ ቁጽሪ ፮ ከምዘነጽሮ ተጸዋዕነት ቤት ጽሕፈት መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ናብ ሓፈሻዊ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ እዩ።

፩. ቤት ጽሕፈት መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ኣብ ውሽጢ እዚ ሃገረ ስብከት ናይ ዝርከባ ገዳማት ኣድባራት ናይ ገጠር ኣብያተ ክርስቲያናት በብደረጅኡ ንዝቖሙ ሰበካ መንፈሳውያን ጉባኤታትን ንናይ ወረዳ መራሒ ሥራሕ ቤተ ክህነትን ልዑል ሓላፍነት ዝስከም ቤት ጽሕፈት እዩ።

፪. ከም ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዓንቀጽ ፵፩ ቁጽሪ ፪ ሕግ መሠረት ነፍስ ወከፍ ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከት ብሊቀ ጳጳስ ወይ ከኣ ብጳጳስ ወይ ድማ ብኤጲስ ቆጶስ ይምራሕ።

፫. ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ስብከት ኣብ ዓንቀጽ ፵፪ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ከም ዝተሓገገን ከም ናይ ቃለ ዓዋዲ ዕላማን ተግባርን ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ንዝውሃብ ሕጊ ሥርዓትን መምርሕን ዝፍጽመሉን ዘፈጽመሉን ሓደ ምምሕዳራዊ ጉባኤን፣ ኣብ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ዓንቀጽ ፵፩ ቁጽሪ ፬ን ኣብ ቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፲፮ ቁጽሪ ፩ ተነጊሩ ብዘሎ መሠረት ዝተፈላለዩ ክፍልታት ዕዮ ይውንን ኣብ ኩነታት

ሕድሕድ ሃገረ ስብከት ተሞርኲሱ ዝርዝር ዕዮታት ናይዘን ክፍልታት ካብ ዓንቀጽ ፲፮ ስጋብ ዓንቀጽ ፴ ከም ዝተገልጸ ይኸውን።
፬. ሃገረ ስብከት ኣዲስ ኣበባ ብሕጋገ ቃለ ዓዋድን ቅዱስ ሶኖዶስ ብዘውጽኦ ፍሉይ ሕጋገን መምርሕን ይመሓደር።

## ዓንቀጽ ፵፬

## መዝነትን (ሥልጣንን) ዕማምን (ተግባርን) ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት

ብመሠረት ዓንቀጽ ፴፯ን ዓንቀጽ ፵፫ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ነዚ ዝስዕብ መዝነትን ዕማምን ይውንንን ይፍጽምን፥
፩. ተጸዋዕነት ሊቀ ጳጳስ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ኢዩ። ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ናይ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ ቤት ጽሕፈት መራሕን ላዕለዋይ ሓላፊ ምምሕዳር ቤተ ክህነት ከምኡ'ውን ርእሰ መንበር ሓፈሻዊ ሰበኻ ኢዩ።
፪. ኣብ ሃገረ ስብከት ናይ ዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያናት መንፈሳዊ ኣቦ ከም ምዃኑ መጠን ንመራሕቲ ጉባኤታት ሰበኻ መንፈሳዊ ምኽሪ መምርሕን ቡራኬን ይህብ፣ የበራትዕ ንካህናት ንምእመናን ንመንእሰያት ቤ/ት ሰንበት ትምህርቲ ይህብ የጽንዕ።
፫. ሓንትን ቅንዕትን ልዕሊ ኩሉ ዝኾነት ሐዋርያዊት ቤተ ክርስቲያንና ጥንታውነታን ታሪኻውነታን ብሰላም ተሓልዩ ክነብርን ተኸተልታ ምእመናን ብናይ ባዕዲ ሃይማኖት ኣስፋሕፋሕቲ ከይምንጠሉ ብርቱዕ ጻዕሪ ይገብር
፬. ኣብ ናይ ፍትሒ ዓንቀጽ ፮ን ፯ን ፲ ብሕገ ቤተ ክርስቲያን ዓንቀጽ ፵፫ ቁጽሪ ፬ ብዘሎ ሕጋገን ኣብ ቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፳ ቁጽሪ ፷ን ፱ን ብዝተነጸረ መምዘኒ ኣማሊኦም ንዝቀርቡ ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ብክፍሊ ትምህርቲ ብኣቡነ ቀሲስን ብሃገረ ስብከትን ብዝምድቦም ካልኦት ካህናት ኣቢሉ ናይ ቃልን ናይ ጽሑፍን ፈተና ንዝሓለፈ ጥራይ ናይ ዲቁናን ናይ ቅስናን መዓርግ ይህብ። ነዚ መዓርግ ንዝረኸቡ ከኣ ወረቐት ምስክር ይህብ።

፭. ካብ ዘገልግሉሉ ናይ ጣቢያ ቤተ ክርስቲያን መፋነዊ ደብዳቤ ንዘይሓዙ ብቑዕ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ንዘይብሎምን ክህነት ኣይወሃብን።
፮. ብሃገረ ስብከት ምምሕዳራዊ ጉባኤ መጽናዕቲ ብምኽያድን፣ ውሳኔ ብምሕላፍን ውሳነ ክሓልፍ ብምግባርን፣ ነቲ ሃገረ ስብከት ዘድሊ ዝተፈላለየ ክፍልታት ሥራሕ ከም ዝቖማን ሓለፍቲ ከም ዝምደቡለንን ይገብር። ነዚ ፍጻመ ከኣ ንሓፈሻዊ ቤተ ክህነት የፍልጥ።
፯. ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ንዝትከላ ሓደስቲ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣብ ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ተሞርኲሱ ይፈቅድ፡ እምነ መሠረት የንብር ቤተ መቅደስ ይባርኽን የኽብርን።
፰. ኣብ ትሕቲ ሃገረ ስብከት ናይ ዝርከባ ገዳማትን ኣድባራትን ኣማሓደርትን ዝተፈላለዩ ሠራሕተኛታትን መምርሒ ይህብ። ንዝፍጸሙ ጌጋታት መኣረምታ ይህብ፡ ከቢድ በደል እንድሕር ተፈጺሙ ከኣ ብምምሕዳራዊ ጉባኤ ናይቲ ሃገረ ስብከት ክረኣይ ብምግባር ውሳኔ (ብይን) ይህብ።
፱. ኣብ ውሽጢ ክልል ሃገረ ስብከት ብቐዳማይ ደረጃ ይኹን ብይግባይ ንዝቐርቡ ጉዳያት ሕግን ሥነ ሥርዓትን ምስ ኣባላት ምምሕዳራዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ኮይኑ ይርኢ፡ ይግባይ ዝበሃለሉ፣ ጉዳያት እንተድኣ ኣጋጢሙ ናብ ሓፈሻዊ ቤተ ክህነት ወይ ድማ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ከም ዝሓልፍ ይገብር።
፲. ከም ሕጊ ቤተክርስቲያን ዓንቀጽ ፺፫ ቁጽሪ ፱ ዝጠቅሶ ናይቲ ሃገረ ስብከት ናይ ባንኪ ሒሣብ ምስ ኣካያዲ ሥራሕ ናይቲ ሃገረ ስብከት ኮይኑ የንቀሳቕስ።
፲፩. ሊቀ ጳጳስ ናይዚ ሃገረ ስብከት ኣካቢ ናይቲ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ኢዩ።

## ዓንቀጽ ፵፰

## መዝነትን ተግባርን ኣካያዲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት

፩. ኣካያዲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት ናይቲ ሃገረ ስብከት ጽ/ቤን ናይቲ ቤተ ክህነትን ዋና ፈጻሚ ሥራሕን ብደረጃ ሃገረ ስብከት ከኣ ኣካቢ ናይቲ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ኢዩ።

፪. ሊቀ ጳጳስ ኣብ ዘይህልወሉ (ዘይተረኽበሉ) እዋን ናይ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት ምምሕዳራዊ ጉባኤ ይመርሕ።

፫. ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ዝወጽእ መምርሒታት ካብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤን ብሃገረ ስብከት ደረጃ ናይ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤን ብሃገረ ስብከት ደረጃ ናይ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ውሳኔታትን ንቤት ጽሕፈታት ቤተ ክህነት ወረዳን ናብ ኣብያተ ክርስቲያናትን ከምኡ'ውን በብደረጅኡ ናብ ዝርከባ መንፈሳዊ ጉባኤታት ኣብ ግዚኡ ከም ዝባጻሕ ይገብርን ኣፈጻጽምኡ ይከታተልን።

፬. ካብ ናይ ጣቢያ ቤተ ክርስቲያናት ዝክፈል ገንዘብ ይቆጻጸር ብእዋኑ ኣታዊ ከም ዝኸውንን ብመሠረት ዓንቀጽ ፵፪ ተራ ቁጽሪ ፰ ብዝተደንገገ መሠረት ከም ዝፍጸም ይገብር።

፭. ወጻኢታት ብመሠረት ነቲ ሃገረ ስብከት ዝተፈቐደ ባጀት ምኻኑን ኣታሕዛ ሕሳብን ሓለዋ ንብረትን ብመሠረት ዓንቀጽ ፷፰ ክሳዕ ፷፺ ብዝተደንገገ መሠረት ምፍጻሙ የረጋግጽ።

፮. ንናይ ጣቢያ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ዘገልግሉ ናይ ኣታውን ወጻእን ካርኒ (ቅብሊት) ሞዴላትን ካልእ ሕትመታትን ብምቁጽጻር ሓፈሻዊ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክን፣ ብሓላፍነት ቤት ጽሕፈት ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ኣሕቲሙ ብወረዳ ኣቢሉ ንናይ ጣቢያ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤያት የከፋፍል ብግቡእ ምብጽሑን ኣብ መዓላ ምውዓሉን የረጋግጽ።

፺. ካብ ሊቀ ጳጳስ መምርሒ ከይተቀበለ ብናይ ሃገራዊ ስብከት ምምሕዳራዊ ጉባኤ ከየወሰነን ኣካያዲ ሥራሕ ብወነኑ ሠራሕተኛ ምቑጻር፣ ዕብየት ምሃብ ደሞዝ ምውሳኽ ቅያር ካብ ሥራሕ ምሥንባት ይኹን ካልእ ተመሳሳሊ ዕማማት ምፍጻም ኣይክእልን።

፹. ኣብ ትሕቲ ሃገረ ስብከት ንዝርከቡ ናይ ኣድባራትን ገዳማትን ኣማሓደርትን ካልኦት ሠራሕተኛታትን መምርሒ ይሀብን ይመክርን፣ ጌጋ ወይ በደል እንተድኣ ተፈጺሙ ካብ ሊቀ ጳጳስ መምርሒ ወሲዱ ከከም መጠን እቲ በደል ናይ ጽሑፍን ናይ ቃልን መጠንቀቕታ ይሀብ።

፱. ኣብ ርእሲ እቲ ካብ ቤተ ክህነት ወረዳታት ተመዝጊቡ ዝቐረበሉ መርትዖታት ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርትን ናይ ሥራሕ ትካላትን ናይ ዝርከቡ ካህናት መምህራን ሰበኽትን ምእመናንን ምስ ናይ ቤተ ሰቦም ኣሃዛዊ መርትዖ ብምቅራብን ናይ ባጀት ዓመት ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽማን ፋይናንሳዊ ጸብጻባትን ናብ ጉባኤ መንበረ ጵጵስና ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ኣብ ግዜኡ የቕርብ።

፲. ናይቲ ሃገረ ስብከት ናይ ባንኪ ሕሳብ ምስ ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ብምኽኣን የንቀሳቕስ።

፲፩. ብናይ ቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፴፬ ቁጽሪ ሕጋገ መሠረት ኣካያዲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት ተጸዋዕነቱ ናብ ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ኢዩ።

## <u>ምዕራፍ ፺</u>

## <u>ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ</u>

## <u>ዓንቀጽ ፴፺</u>

## <u>ኣመሠራርታን ኣወዳድባን ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ</u>

### ፩. <u>ምሥረታ</u>

ሀ. ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ናይ ሃገረ ስብከታት ኣካየድቲ ሥራሕ ካብ ነፍስ ወከፍ ናይ

መንበረ ጵጵስና ሰበኻ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ተመሪጾም ዝተወከሉ ካህናት ምእመናንን መንእሰያት ቤት ትምህርቲ ሰንበትን ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ካብ ጠቅላይ ቤተ ክህነት ናይ ክፍልታትን ትካላትን ሓለፍቲ ብሓባር ተኣኪቦም ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ይስርቱ (ይምስርቱ)።

ለ. ብከምዚ ዝተሰረተ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ዝእከብ ሓደ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ይህልዎ። እዚ ከኣ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ሓፈሻዊ ኣኼባ ይኸውን።

ሐ. እዚ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መዝነቱን ዕማሙን ዘፈጽሙሉ ከድሊ እንከሎ ዝእከብ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ወይ ከኣ ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ ይመርጽ።

፪. **<u>ኣወዳድባ</u>**

ሀ. ፓትርያርክ ብርእሰ መንበርነት ዝመርሖ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ (ናይ ቤተ ክርስቲያን ሓፈሻዊ ኣኼባ)።

ለ. ናይ ሓፈሻዊ ቤተ ክህነት ጠቅላሊ ኣካያዲ ሥራሕ መራሕ ኣኼባ ዝኾነሉ ሓደ ምምሕዳራዊ ጉባኤን (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ናይ ሓፈሻዊ ቤተ ክህነት ምምሕዳራዊ ጉባኤ።

ሐ. ናይ ሓፈሻዊ ሰበኻ ምምሕዳራዊ ቤት ጽሕፈት (ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ ቤተ ክህነት)

መ. ናይ ሓፈሻዊ ሰበኻ ምምሕዳር ክፍልታት ሥራሕ ናይ ሓፈሻዊ ቤተ ክህነት መምርሒታትን ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሥራሕን ዘጠቓልል ኣወዳድባ ኢዩ።

## <u>ዓንቀጽ ፵፯</u>

## <u>ኣባላት ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ</u>

፩. ፓትርያርክ . . . . . . . ርእሰ መንበር ጉባኤ

፪. ጠቅላሊ ኣካያዲ ሥራሕ . . . . . . . ምክትል ኣካያዲ ሥራሕ

፫. ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከትን በብኣብያተ ክርስቲያናትን ኣብ ዝለዓለ ሥልጣን ዝተመደቡ ሊቃነ ጳጳሳት . . . . . . ኣባላት ጉባኤ
፬. ምክትል ኣካያዲ ሥራሕ ሓፈሻዊ ቤተ ክህነት . . . . . . . ኣባልን ጸሓፍን ጉባኤ
፭. ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ (ኮሚተ ፈጻሚት ሥራሕ) . . . . . . . ኣባላት ጉባኤ
፮. ናይ ነፍስ ወከፍ መምርሒ ሓፈሻዊ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ሓለፍቲ ኮሚሽናትን ትካላትን . . . . . . . ኣባላት ጉባኤ።
፯. ኣካየድቲ ሥራሕ ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና . . . . . . . ኣባላት ጉባኤ።
፰. ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገር ስብከት መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤታት መንበረ ጵጵስና ዝተወከሉ ካህናት . . . . ኣባላት ጉባኤ።
፱. ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤታት መንበረ ጵጵስና ዝተወከሉ ምእመናን . . . . ኣባላት ጉባኤ
፲. ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤታት መንበረ ጵጵስና ዝተወከሉ መናእሰይ ቤ/ት ሰንበት . . . . ኣባላት ጉባኤ
፲፩. ናይ ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ሓለፍቲ ስብከተ ወንጌልን ክፍሊ ሰበኻዊ ጉባኤን . . . . ኣባላት ጉባኤ
፲፪. ወከልቲ ኣብ ወጻኢ ዝርከባ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያናት . . . . ኣባላት ጉባኤ።

## ዓንቀጽ ፴፰

## ሥልጣን (መዝነትን) ዕማምን ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ

ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ብናይ ቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፭ን ፮ን መሠረት ዕላማን ተግባርን (ዕማም) እዚ ጉባኤ ይፍጽምን የፈጽምን። ነዚ ዝስዕብ ሥልጣንን ዕማምን ከኣ ይውንን

፩. መግለጺታት ነናይ ሃገረ ስብከታትን ናይ መጻኢ ውጥናትን ምስ ሰምዐ ኣብ ኣቐዲሙ ዝተዳለወ መዘራረቢ ዛዕባ ሓደ ብሓደ ዘትዩ ናይ ውሳኔ ሓሳብ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ የቕርብ።
፪. ጉባኤ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ኣጻርዩ ናይ ዘቕረቦ ነናይ ሃገረ ስብከታት ልዑል (ዝለዓለ) ጉዳያት ናይ ሰበኻ ምምሕዳር መርሚሩ ኣድላይን ግቡእ'ዩ ዝብሎም ይፍጽም።
፫. መንፈሳውን ማኅበራውን ኣገልግሎታት ቤተ ክርስቲያን ዘሐይል (ዘደልድል) ንምሕያል ዝጠቕሙ ከም ቤት ትምህርቲ ኣብነት ልዑል መንፈሳዊ ቤት ትምህርትታት ናይ ካህናት ሰበኽትን መምህራን ቤት ትምህርቲ ሰንበት መሠልጠኒ ትካላት ናይ ልምዓትን ወለንታዊ ተግባር ትካላት ኣብ ሃገረ ስብከትን ብማእከል ደረጃ ንኽቐውምን ክውደብን ናይ ውሳኔ ሓሳብ የቕርብ።
፬. ብመሠረት ዓንቀጽ ፴፱ ቃለ ዓዋዲ ካብ ኣርባዕተ ዘይውሕዱ ካብ ሸሞንተ ዘይበዝሑ ንሓፈሻዊ ምምሕዳራዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ (ኣብ ኮሚቴ ፈጻሚ ሥራሕ) ዘገልግሉ ኣባላት ይመርጹ።
፭. ናይዞም ዝተመረጹ ኣባላት ናይ ኣገልግሎት ዕድመ ብመሠረት ምዕራፍ ፫ ዓንቀጽ ፲፩ ቁጽሪ ፪ ቃለ ዓዋዲ ዝተገልጸ ዝርዝር ሓሳብ ይኸውን።
፮. ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ተጸዋዒነቱ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ኢዩ።

## ዓንቀጽ ፴፱

## ኣባላት ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ (ኮሚቴ ፈጻሚ ሥራሕ)

፩. ዋና ኣካያዲ ሥራሕ ጥቅላሊ ቤተ ክህነት . . . . ኣካቢ ጉባኤ
፪. ምክትል ኣካያዲ ሥራሕ ጠቅላይ ቤተ ክህነት . . . . ቀዳማይ ምክትል ኣካቢ ጉባኤ።

፫. ኣብዚ ዓንቀጽ ቁጽሪ ፬ን ፩ን ዝተነጸሩ ካብ መንጎ ናይ ካህናትን ምእመናንን ወከልቲ ዕድሜኡ ካብ ፴ ዘይንእስ ካብ ፷ ዘይዓቢ ዓቕሚ ዘለዎ እዚ ጉባኤ ዝመረጾ ካህን ወይ ምእመን................ካልኣይ ምክትል ኣካቢ ጉባኤ።

፬. ብቁጽሪ ካብ ክልተ ዘይውሕዱን ካብ ኣርባዕተ ዘይበዝሑን ብሓፈሻዊ ጉባኤ ዝተመረጹ ወከልቲ ካህናት................ኣባላት ጉባኤ።

፭. ካብ ክልተ ዘይውሕዱ ካብ ኣርባዕተ ዘይበዝሑን ካብኦም ሓደ ወኪል መናእሰይ ኮይኑ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ዝተመረጹ ምእመናን.............
ኣባላት ጉባኤ

፮. ሓላፊ ውደባ መምርሒ ቤት ጽሕፈት ጉባኤ ሰበኻ ሓፈሻዊ ቤተ ክህነት...............ኣባል ጉባኤ።

## ዓንቀጽ ፵

## ሥልጣንን ዕማምን ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ (ኮሚቴ ፈጻሚ ሥራሕ)

ብመሠረት ዓንቀጽ ፩ን ፮ን ናይ ቃለ ዓዋዲ ኮሚቴ ፈጻሚ ሥራሕ ዕላማን ዕማምን ናይቲ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ይፍጽምን ኣብ ሥራሕ ምውዓሉ ይቆጻጸርን። ኣብ ርእሲ'ዚ ነዚ ዝስዕብ ሥልጣንን ተግባርን (ዕማምን) ይህልዎ።

፩. ቅዱስ ሲኖዶስ ዘውጽኦ ሕጋጋት ሥርዓትን መምርሒታትን፣ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ዘሕልፎ ውሳኔን መግለጽን ናበየ ኣህጉር ስብከታትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ብእዋኑ ከም ዝበጽሖም ይገብር።

፪. ብሃገር ደረጃ ዝሥርሑ ዓበይቲ ውጥናትን ንዝተፈላለዩ መንፈሳውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ዝስላዕ ገንዘብን፣ ብሥርዓት ከምዝተትሓዘን ከምዝተዓቀበን ይከታተል።

፫. ካብ ናይ ጣቢያ ኣብያተ ክርስቲያናት፣ ናብ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሓፈሻዊ ምምሕዳርን ንዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ዝከፈል ገንዘብ ብእዋኑ ኣታዊ ምኳኑ የረጋግጽ።
፬. ናይ ሓፈሻዊ ሰበኻ ምምሕዳር ኣተሓሕዛ ገንዘብን ዕቀባ ንብረትን ብመሠረት ሕጋገ ቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፳፫-፳፯ ምኳኑ ይከታተልን ብሰብ ሞያ ሕሳብ የመርምርን።
፭. ምምሕዳራዊ ሥርዓትን መምርሒ ሥራሕን ከምኡ'ውን ክመሓየሽ ዝግብኦ ሕጋጋትን ድንጋጌታትን ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤታት ብምጽናዕ (መጽናዕቲ ብምክያድ) ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ የቅርብ።
፮. ብሃገር ደረጃ ንዝፍጸሙ ናይ ቤተ ክርስቲያን ቀንዲ ተግባራት ማለት ስብከተ ወንጌል መንፈሳዊ ትምህርቲ ልምዓት ወለንታዊ ተግባራት ምስፋሕን ምዕባይን ሃብትን ኣገልግሎታትን ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤታት ውጥን ይሕንጽጽን መርሐ ግብሪ ይሰርዕን ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣቕሪቡ ምስ ጸደቐሉ ከኣ ኣብ ሥራሕ የውዕል።
፯. ኣብ መንፈሳዊ ኣኬባ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ጸብጻብ ዝዝረበሉ ኣርእስቲ (ዛዕባታት) ከምኡ'ውን መርሐ ግብሪ የዳሉ።
፰. ተጸዋዕነት ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ወይ ድማ ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ ናብ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ይኸውን (ኢዩ)
፱. ዓመት ዓመት ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ከም ዝካየድ ይገብር።

## ዓንቀጽ ፶፩

## ቤት ጽሕፈት ጠቅላሊ ቤተ ክህነት መንበረ ፓትርያርክ ብመሠረት ዓንቀጽ ፩ ሕገ ቤተ ክርስቲያን

፩. ኣብ ውሽጥን ሃገርን ኣብ ወጻእን ዝርከባ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣህጉረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ንገዳማትን

ኣድባራትን ከምኡ’ውን ንኩለን በብብርከን ዝቆማ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ማእከልን ርእሰ ምምሕዳርን ንብሙሉኡ መሪሕነትን መንፈሳዊ ኣገልግሎታትን ቤተ ክህነት ዝለዓለ ሓላፍነትን በዓል ሥልጣንን ቤት ጽሕፈት ኢያ።

፪. ሕግን ሥርዓትን ቅዱስ ሲኖዶስ ውሳኔን መምርሒታትን ቀዋሚ ሲኖዶስ ከምኡ’ውን ድንጋጌ ቃለ ዓዋዲ ብምሉእ ተግባራዊ ዝኸውን በቲ ቤት ጽሕፈትን ኣብ ትሕቲኣ ብዝርከባ ናይ መምርሒ ቤት ጽሕፈታትን ዝተፈላለያ ክፍልታትን ኣቢሉ ይኸውን።

፫. ከካብ ኣህጉረ ስብከታት ንዝቀርብ ምምሕዳራውን መንፈሳውን ጉዳያት ሰሚዑን ሪኡን ዝውስን ምምሕዳራዊ ጉባኤ ኣለዎ።

## ዓንቀጽ ፶፪

## ሥልጣንን (መዝነትን) ዕማምን ፓትርያርክ

ፓትርያርክ ብመሠረት ድንጋጌ ዓንቀጽ ፴፪ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ነዚ ዝስዕብ መዝነትን ዕማምን ይውንን።

፩. ብፁእ ወቅዱስ ፓትርያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዘኢትዮጵያ ሊቀ ጳጳስ ዘኣክሱም ወእጨጌ ዘመንበረ ተክለሃይማኖት ኣብ ውሽትን ወጻእን ንእትርከብ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ኣቦን ዝለዓለ ኳሳን ንሓድነታን ምምሕዳራዊ ነገራትን ዝለዓለ ሓላፍን በዓል ምሉእ መዝን ከም ምኳኑ መጠን ናይ ቅዱስ ሲኖዶስን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ብርእሰ መንበርነት ይመርሕ።

፪. ፓትርያርክ ናይ ኩሉ መንፈሳዊ ኣቦን መሪሕን ከም ምኳኑ መጠን በቢብርኩ (ደረጅኡ) ንዝረከቡ መራሕቲ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤታት ካህናትን ምእመናንን መምርሒ ትምህርትን ቡራኬን ይህብ (ይመርሕ ይምህርን ይባርኽን)።

፫. ንፈለማ ይኹን ብይግባይ ንዝቐርቡ ጉዳያት ብጠቕላሊ ቤተ ክህነት ወይ ድማ ብቀዋሚ ሲኖዶስ ወይ ውን ብጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ተራእዮም ውሳኔ ከም ዝረኽቡ ይገብር።
፬. ናይ ኢትዮጵያ ኦትቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ዛዕባ ካልኦት ዓበይቲ ጉዳያት ቤተ ክርስቲያን እንተጋጢሙ ንመላእ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ (ሊቃነ ጳጳሳት) ኣድላዩ እንተድኣ ኮይኑ'ውን ንኣባላት ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ህጹጽ መጸዋዕታ ናይ ምግባር (ምሕላፍ) መሰልን ሓላፍነትን ኣለዎ።
፭. ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ምስ ኣሓት ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ኣብያተ ክርስቲያናት መንፈሳውን ማሕበራውን ርክብ ኣጸቢቑ ክሰፍሕን ክድልድንል ይጽዕር።

## ዓንቀጽ ፺፫

## መዝነትን ዕማምን ጠቅላሊ ኣካያዲ ሥራሕ

ጥቅላሊ ኣካያዲ (መሪሕ) ሥራሕ ብመሠረት ድንጋጌ ዓንቀጽ ፵፪ ቁጽሪ ፲ ዓንቀጽ ፵፬ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ነዚ ዝስዕብ መዝነትን ዕማምን ይውንን።
፩. ተጸዋዕነትን ጠቅላሊ መራሒ ሥራሕ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስስ ናብ ፓትርያርክን ኮይኑ ንመላእ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣመራርሓ ሥራሕ ምሕደራ ገንዘብን ንዋትን ዝለዓለ ሓላፍን ብሓፈሻ ቀንዲ (ዋና) በዓል መዚ ቤተ ክህነት ኢዩ።
፪. ጠቅላሊ መራሒ ሥራሕ ኣብ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ከም ምክትል ኣካቢ ኮይኑ ይመርሕ።
፫. ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዝቐመሉ ዕላማን ተግባርን ንምፍጻምን ናይ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ዕዮታት መታን ከማልእ፣ ንመምርሒታትን ውድባትን ጠቅላሊ ቤተ ክህነት ናይ ሥራሕ መምርሒ ይህብ። ንነብሲ ወከፍ ሓለፍቲ ክፍልታት ሥራሕ ብግቡእ ሥርሖም ምስልሳሎም ይከታተል።

፬. ንፈለማ ይኹን ብይግባይ ንዝቐርቡ ጉዳያት ኣብ መንበረ ፓርትያርክ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ጠቅላሊ ቤተ ክህነት ከም ዝረኣዩን ከም ዝውሰኑን ይገብር። ካብ ስልጣን ናይዚ ጉባኤ ንላዕሊ ንዝኾነ ጉዳያት ናብ ቀዋሚ ሲኖዶስ ወይ ከኣ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ የቕርብ።
፭. ካብ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያናት በብእዋኑ ንሓፈሻዊ ኣገልግሎት ተባሂሉ ዝእከብ ገንዘብ ምሉእ ብምሉእ ከምዝእከቦን ኣብ ግቡእ ቦቱኡን ኣብ ሰዓቱን ኣታዊ ምኻኑ ይከታተል።
፮. ዝኾነ ይኹን ወጻኢታት ኣብ ዝፍጸመሉ እዋን በቲ ንሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ዝተፈቐደ ባጀት መሠረት ምኻኑን ኣታሕዛ ሕሳብን ዕቀባ ንዋያትን ድማ ብመሠረት ዓንቀጽ ፶፭፡ ፶፮፡ ፶፯ ከምኡ’ውን ዓንቀጽ ፶፮ ቃለ ዓዋዲ ዝፍጽም ምኻኑ ይቆጻጸር።
፯. ብመሠረት ድንጋጌ ዓንቀጽ ፴፬ ቁጽሪ ፲ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ካብ ዝተመደበ (ዝተሰልዐ) ባጀት ዝኾነ ይኹን ገንዘብን ንዋት ቤተ ክርስቲያን ምስ ዋና ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስ ብምኳን ብክልተኣዊ ክታም (ፌርማ) የንቀሳቕስ። ኣብ ዓመት ዓመት ከምኡ’ውን ኣድላዩ ኣብ ዝኾነሉ እዋናትን ብሕጋዊ ኦዲተራት መርመራ ሕሳብ የፈጽም።
፰. ናይ ኣህጉረ ስብከታት ናይ ባንኪ ሕሳብ ንዘንቀሳቕሱ ወኪላት ናብ ዝምልከቶ ባንኪ ናይ ውክልና ደብዳቤ ይጽሕፍ።
፱. ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ናይ ዝርከባ ኣህጉረ ስብከታትን ቤተ ክርስቲያናትን ኣፈጻጽማ ዕዮ ይከታተልን ይቆጻጸርን።
፲. ኣብ ዓመት ናይ ዝተፈጸመ ዕዮታትን ናይ ዝመጽእ ውጥናትን (እማመታትን) ጸብጻብ ናብቲ በቦኣመቱ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ዝግበር ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ የቕርብ በቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ተዘትዩሉ ዝሓለፈ ውሳኔታት ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ቀሪቡ ምስ ጸደቐ ኣብ ሥራሕ ከም ዝትግበር ከም ዝውዕል ይገብር።

፲፭. ካብ መምርሒታት ትካላትን ዝተፈላለየ ክፍልታት ሥራሕ ዝግበር ናይ ሓለፍቲ ቅያር (ዝውውር) ዕብየት ዝምልከት ብመሪሕ ሥራሕ ጠቅላሊ ቤተ ክህነት ይቐርብ መጽናዕቲ ተገይሩሉ ቅዱስ ፓትርያርክ እንተድኣ ተሰማሚዖምሉ ኣብ ሥራሕ ከም ዝውዕል ይገብር።

፲፮. ኣገደስቲ ጉዳያት ምስ ዝርከብ ንቅዱስ ፓትርያርክ እንዳማኸረ ይፍጽምን የፈጽምን።

## <u>ዓንቀጽ ፶፬</u>

## <u>ብዛዕባ ምክትል መራሒ ሥራሕ ጠቅላሊ ቤተ ክህነት</u>

ብመሠረት ድንጋገ ዓንቀጽ ፴፫ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ምክትል መራሒ ሥራሕ ነዚ ዝስዕብ ሥልጣንን ዕማምን ይህልዎ።

፩. ምክትል መራሒ ሥራሕ

ሀ/ ካብ ጠቅላሊ መራሒ ሥራሕ ተነጺሩ ከም መምርሒ ዝወሃቦ ተግባራት ይዓምም።

ለ/ ጠቅላሊ መራሒ ሥራሕ ኣብ ዘይህልወሉ እዋናት ንዕኡ ተኪኡ ይሠርሕ።

፪. ተጸዋዕነት ምክትል መራሒ ሥራሕ ናብ ጠቅላሊ መራሒ ሥራሕ ይኸውን።

## <u>ምዕራፍ ፰</u>

## <u>ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት</u>

## <u>ዓንቀጽ ፶፭</u>

## <u>ሥነ ሥርዓት ኣመራርሓን (መሪሕነትን) ተወሳኺ ናይ ኣኼባ ግዜ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት</u>

፩. <u>ሥነ-ሥርዓት መሪሕነት ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት</u>

ሥነ-ሥርዓት መሪሕነት በብደረጃኡ ናይ ዝርከባ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ከምዚ ዝስዕብ ይንጸር፥

ሀ/ ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጃ ናይ ዝርከባ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ካብ ኣባላተን ክልተ-ሣልሲት (ክልተ ኢድ ካብ ሠለስተ) (2/3) ኣብቲ ጉባኤ እንተድኣ ተረኪቦም ምልኣተ ጉባኤ ከም ዝተማለአ ተቆጺሩ ሥራሕ ክቕጽል ይኽእል።

ለ/ ኣብቲ ጉባኤ ዝቀረበ ሓሳባት ዝውሰን ካብቶም ኣብቲ ካልኦት ዝተረኽቡ ኣባላት ዓብላሊ ድምፂ ዝረኸበ ሓሳብ ይኸውን ድምፂ ኣባላት ብማዕረ እንድሕር ተመቒሉ ከኣ ኣካቢ ድምፅ ዝሃበሉ ወገን ዝደገፎ ሓሳብ (ጉዳይ) ይስዕር ወይ ይጸድቕ።

ሐ/ ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣኼባ ዝተወሰኑ ጉዳያት ቃለ ጉባኤ ተደልዩ በቲ ዕለት ዝተረኸቡ ኣባላት ጥራይ ይፍርሙሉ።

መ/ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዘሕለፎ ውሳኔታት ምፍጻምን ተፈጻምነትን ከም ዝረኸቡ ምግባርን ሓላፍነት ናይቲ ጉባኤ ኣካቢ ኢዩ።

፪. **ተወሳኺ ናይ ኣኼባ ጊዜ**

ኣብ ቃለ ኣዋዲ ምዕራፍ ፫ ዓንቀጽ ፯ ቁጽሪ ፩ ኣብ ፊደል (ለ)ን (ሐ)ን ኣብ ምዕራፍ ፭ ዓንቀጽ ፴፩ ቁጽሪ ፩፣ ኣብ ዓንቀጽ ፴፯ ቁጽሪ ፪ ካብቲ ዝተገለጸ ምዱብ ናይ ኣኼባ ግዜ በብደረጅኡ ዝርከባ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ህጹጽ ጉዳይ እንተኣጋጢምዎምን ብቑዕ ምኽንያት እንተሃልይዎምን ወይ ከኣ ልዕሊ ፍርቂ ዝኾኑ ኣባላት ኣኼባ ንኽግበር እንተጠሊቦምን ብመጸዋዕታ ናይ ነፍስ ወከፎም ኣከብቲ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ኣኼባ ክገብሩ ይክእሉ።

## **ዓንቀጽ ፺፮**

## **ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ኣታዊታት ቤተ ክርስቲያን**

ኣብ ቅድሳት መጻሕፍት (ኦሪት ዘሌ ፳፯፡ ፴-፴፩፣ ዘዳ ፲፬፡፳፪-፳፱፣ ዘኍ ፲፰፡፳-፳፰፣ ነህ ፲፡፴፪-፴፱፣ ትን.ሚል ፫፡፯-፲፫፣ ማቴ ፳፪፡፳፩፣ ግብ.ሐዋ ፬፡፴፪-፴፮፣ ፩ኛቆሮ ፲፮፡፩-፯) ኣብ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ዓንቀጽ ፵፰ ቁጽሪ ፲፩ ተደንጊጉ ከም ዝርከብ ዝኾነ ይኹን ምእመን ካብ ዝርከብ ኣታዊ ይኹን ካብ ዝውንኖ ሃብትን ንዋትን

ንኣገልግሎት ቤተ መቅደስ ቤተ እግዚአብሔርን ንካህናት ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያናትን ብሓፈሻ መንፈሳውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ዝውዕል ዕሽራት፣ በዅራት ቀዳምያት ምኽፋል ክርስቲያናዊ ግቡኡ ኢዩ።

ካብ ካህናትን ምእመናንን ሰበኻ ከምኡ'ውን ካብ ካልእ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝርከብ ዓይነታት ኣታዊ ቤተ ክርስቲያን ከምዚ ስዒቡ ዝምልከት ኢዩ።

## ፩. <u>ናይ ሓደ ወርሕን ናይ ዓመትን ክፍሊት</u>

ሀ/ ዝኾነ ይኹን ክርስቲያን ካብ ዝረኸቦ ኣታዊ ዕሽሪት (1/10) ምኽፋል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተኣዘዘ ግቡኡ ኢዩ።

ለ/ ኣታዊ ዘለዎ ካህን ይኹን ምእመን ኣብቲ ዘገልግለሉ ናይ ጣቢያ ቤተ ክርስቲያን ክፍሊት ኣባልነት ሰበኻ ጉባኤ ኣብ ወርሒ ፲ (ዕስራ) ብር ይኸፍል። እንተኾነ ናይቲ ከባቢ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ሊቀ ጳጳስ ሃገር ስብከት ብምምሕዳራዊ ጉባኤ ብምውሳን ካብ ፳ (ዕስራ) ብር ንላዕሊ ክፍሊት ክእዝዝ ይኽእል።

ሐ/ ብወለንትኡ ዝኸፍል ካብ ፳ (ዕስራ) ብር ንላዕሊ ክኸፍል ይኽእል።

መ/ ብገንዘብ ኪኸፍል ዘይክእል ካብ ምህርቱን ሃብቱን ብዓይነት ናይ ምክፋል ግቡእ ኣለዎ።

ሠ/ ኣብ ቁጽሪ ፩ ካብ ሀ - መ ከምዝተጠቐሰ ኪኸፍል ዘይክእል እንተድኣ ሃልዩ ብናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ተጸኒዑ ብዓቕሙ ንኽከፍል ይውስነሉ። ፈጺሙ ኪኸፍል ንዘይክእል ከኣ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ብነጻ ይረክብ።

ረ/ ብጉልበቱን ብፍልጠቱን ክሕግዝ ወይ ከበርክት ዝኽእል ከም ዓቕሙ ንቤተ ክርስቲያን ኣገልግሎቱ የበርክት።

## ፪. <u>ካብ ሰበኻን ካብ ካልኦት ምእመናንን ዝርከብ ገንዘባዊ ኣታዊ</u>

ሀ/ መብጽዓ

ለ/ ሙዳየ ምጽዋት
ሐ/ ህያብ (መባእ)
መ/ ኣታዊ ወርሓውን ዓመታውን በዓላት
ሠ/ መሸጣ ቅርጻ ቅርጽን ሞያዊ ሥራሓትን
ረ/ ካብ ናይ ጸበል ኣገልግሎት ብምጽዋት ዝርከብ ኣታውን ካብ በጻሕቲ ቤተ ክርስቲያናት ዝርከብ ኣታውን
ሰ/ ካብ ቤ/ት ሰንበት ካብ ስብከተ ወንጌል ካብ መንፈሳውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ዝተፈላለዩ ክፍልታት፡
ሸ/ ካብ ዝተፈላለዩ ዕማማት ልምዓት
ቀ/ በዚ ናይ ኣታዊ ኣርእስቲ ውሽጢ ዘይተጠቅሰ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ኣታውን ካልእ'ውን ዝተፈላለዩ ናይ ኣታዊ ምንጭን ብምፍጣር ንዝርከብ ገንዘብን ንዋይን ይኸውን።
፫. ኣብዚ ዓንቀጽ ኣብ ቁጽሪ ፩ን ፪ን ብዝርዝር ከምዝተገልጸ ዝኣተወ ገንዘብን ንብረትን ተጠቓሊሉ ምስ ኣተወ ብመሠረት ዓመታዊ ናይ ገንዘብ ምምቅራሕ (ባጀት) ወጻኢ ዝኸውን ኣካቢ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ብጽሑፍ (ብደብዳቤ) ክእዝዝ ከሎ ጥራሕ ኢዩ።
፬. ኣታዊ ዝኸውን ናይ ሰበኻ ገንዘብን ንዋያትን ንምቁጽጻር ምእንታን ክጥዕም ብላዕለዋይ ተቆጻጸርነት ጠቅላሊ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክን ብሓላፍነት ቤ/ጽ ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስናን ተሓቲሙ ብዝወጽእ ሓደ ዓይነት ሕጋዊ ቅብሊት ጥራሕ ይእከብ።
፭. ነዚ ዝተጠቐሰ ቃለ ዓዋዲ ጥሒሱ ጠቅላሊ ቤ/ጽ መንበረ ፓትርያርክ ከይፈለጠን ከይፈቐደን ብስም ናይ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ካልእ ናይ ኣታዊ ቅብሊት ኣሕቲሙ ዝሠርሕ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ይኹን ውልቀ ሰብ ብሕጊ ተሓታቲ ኢዩ። ክትቀመሉ ዝጸንሐ ቅብሊታት ዋጋ ከመይብሉ ተሓሲቡ ተኣኪቡ ይዕሸግ። በቲ ዝተትሓዘ ዘይሕጋዊ ቅብሊት ኣታዊ ዝኾነ ገንዘብን ንዋትን ሕጋዊ ቅብሊት ተቆሪጽሉ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣታዊ ይኸውን።

፮. ኣብ ናይ ጣቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዝርከብ ገንዘብ ብስም ናይቲ ጣቢያ ቤተ ክርስቲያን፣ ካብ ወረዳ ስጋብ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ መንበረ ፓትርያርክ ዝርከብ ገንዘብ ብስም በብደረጃኡ ዝቆመ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ናይ ባንኪ ሕሳብ ቁጽሪ ተኸፊትሉ ይቕመጥ። ከከም ኣድላይነቱን ብዝወሃብ ውሳኔታትን ነቲ ዓመት ብዝተሓንጸጸ ውጥን መሠረት ኣብ ሥራሕ ይውዕል።

## ዓንቀጽ ፵፯
## ብዛዕባ ዝተፈላለየ ወጻኢታት ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን

ወጻኢታት ገንዘብ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ብከምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይኸውን፥

፩. ናይ ጣቢያ ቤተ ክርስቲያን ካብ ካህናትን ምእመናንን ዝርከቦ ክፍሊት ካብ መጽብዓ፣ ሙዳየ ምጽዋት ካብ ልምዓታዊ ዕማማትን ካልእን ዝረኸቦ ኣታዊ ፳% ናብ ሃገረ ስብከት ኣታዊ ይገብር። ሃገረ ስብከት ብጊድኡ ብመሠረት ዓንቀጽ ፵፪ ቁጽሪ ፫ ናይ ቃለ ዓዋዲ ክፍሊት ይፍጽም።

፪. ካብ ላዕለዋይ ኣካል ብዝተፈቐደ ባጀታዊ ምምቕራሕ መሠረት

ሀ/ ንደሞዝ

ለ/ ንመፈጸሚ ሥራሕ

ሐ/ ብውጥን ንዝተትሓዙ ዝተፈላለዩ ሥራሓት (ዕማማት) ወጻኢ ይገብር።

፫. ካብ ቤተ ክርስቲያን ወይ ከኣ በብደረጃኡ ካብ ዝርከባ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤታት ክፍሊ ፋይናንስ ገንዘብ ወጻኢ ዝኸውን ብመሠረት እቲ ዝተፈቐደ ዓመታዊ ምምቕራሕ ገንዘብ (ባጀት) ኣማሓዳሪ ናይ ጣብያ ሰበኻ (ኣካቢ) ብጽሑፍ (ደብዳቤ) እንተኣዚዙ ጥራሕ ኢዩ።

፬. ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጃ ዝርከብ ምምሕዳር ሰበኻ ናይ ባጀት ዓመቱ (ዓመተ ባጀት) ሓምለ ዕለት ፩ ይጅምር ወርሒ ሰነ ዕለት ፴ ይዕጾ።
፭. ኣብ መወዳእታ ዓመተ ባጀት በብደረጃኡ ዝተወሃሃደ ኣታሕዛን ዕቀባን ንዋት፣ ፋይናንሳዊ ናይ ኣታውን ወጻእን ኣፈጻጽማ ሥራሕን ዝምልከት ጸብጻብ ሥጋብ ዕለት ፴ ወርሒ ሓምለ ናብ ቤ/ጽ ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ክበጽሕ ይግባእ።
፮. በብደረጃኡ ዝቖሙ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤታት ካብ ዝተፈቐደሎም ባጀት ንላዕሊ ናይ ገንዘብ ወጻኢ ክገብሩ ኣይክእሉን።
፯. ኣታዊታት ነፍስ ወከፍ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ክብን ለጠቕን ክብል ስለ ዝኽእል ንደሞዝ ንፈጻሚ ሥራሕ ንሕድሳት ቤተ ክርስቲያን ዝኸውን ከይስእንን ሕጽረት ከየጋጥምን ተጠንቂቕካ ንምጽናሕ ዝኾነ ይኹን ቤ/ጽ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ምምቅራሕ ሓድሽ ባጀት ኣብ ዝግበረሉ እዋን ካብቲ ንባጀት ዝምደብ ገንዘብ ንመሓለውታ ዝኸውን ካብቲ ዓመተ ባጀት ዝተኣከበ ኣታዊ ፳፭% (ዕሥራን ሓሙሽተን ሚእታዊ) ኣብ ባንኪ የቕምጥ እዚ ዝተቐመጠ ሕሳብ ክንቀሳቐስ ዝክእል ብፍቓድ መጽናእቲ ዝቐረበሉ ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ይኸውን።

## ዓንቀጽ ፶፰

## ኣመዘጋግባን ኣታሕዛን ንዋያትን ታሪኻዊ ሓድግታትን

፩. ብስም ቤተ ክርስቲያን ዝተትሓዙ ንዋያተ ቅዱሳትን ታሪኻዊ ሓድግታትን ኣመዘጋግብኡ ብናይ ቤተ ክርስቲያን ቋንቋ ፊደላት ግእዝን ኣኃዝን ከምኡ'ውን ፍሉጥ መለለዩ ቁጽሪ (ኮድ) ተዋሂብዎ ኣብ ቀዋሚ ባሕረ መዝገብ ብሥርዓት ይሰፍር።
፪. ኣብ ገዳማትን ኣድባራትን ናይ ገጠር ቤተ ክርስቲያናትን ዝርከብ ጥንታዊ ሓድግታት (ቅርሲ) ብተፈጥሮኣዊ ወይ ድማ ሰብ ዘምጽኦ ጸገማት ማህሰይቲ ክወርዶ ምኺኑ እንተድኣ ተኣሚኑ እሞ ኸኣ

ንውሕስነት ካብቲ ዘለዎ ናብ ካልእ ምንቅስቓሱ ኣድላዪ እንተኾይኑ ብሊቀ ጳጳስ ናይቲ ሃገረ ስብከት ዝምራሕ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ኣኼባ ገይሩ ምስ ወሰነ ብትእዛዝ ቤ/ጽ ጠቅላሊ ቤተ ክህነት ጥራሕ ከምዝኅዓዝ ይገብር። ካብዚ ኣፍልጦን ትእዛዝን ወጻኢ ግን ሓድግታት ካብቲ ዝርከቡሉ ቦታ ምንቅስቓስ (ምግዕዓዝ) ፈጺሙ ኣይፍቀድን።

፫. ናይ ሓደ ቤተክርስቲያን ሓድጊ ወይ ድማ ንዋይ ቤተ ክርስቲያን ካብ ዝነበሮ ናብ ካልእ ዘጋዓዓዘ ወይ ዝሓብአ ወይ'ውን ዝሰረቐን ከምዝሰርቐ ዝገበረን ዝሸጠ ወይ ዝለወጠ ውልቀ ሰብ ብሕጊ ተሓታቲ ኢዩ። ነዚ ተግባር ዝፈጸመ ካህን እንተድኣ ኮይኑ ካብ ክህነቱን ዝኾነ ይኹን ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ተኣጊዱ ብሊቀ ጳጳስ ናይቲ ሃገረ ስብከት ወይ ከኣ ብቤ/ጽ ሃገረ ስብከት ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ይቐርብ፣ ቅዱስ ሲኖዶስ ነቲ ጉዳይ ርእዩ ዝግብኦ መቅጻዕቲ የሰክም።

፬. ምእንቲ ድሕነት ሓድግታት ካብ ኣፍልጦን ፍቓድን ላዕለዎት ኣካላት ወጻኢ ሓድግታት ብካሜራ፣ ማይክሮ ፊልም ይኹን ካልእ ኤሌክትሮኒካዊ መሣርሒ ምቅዳሕ (ምስኣል) ክልኩል ኢዩ።

## <u>ዓንቀጽ ፺፱</u>

## <u>ብዛዕባ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዝሽየሙ ዝቑጸሩን ብወለንታ ዘገልግሉን</u>

### ፩. <u>መምዘኒታት ሹመት ኣማሓዳሪ ደብሪ</u>

ሓደ ካህን ኣማሓዳሪ ደብሪ ኮይኑ ክሽየም እንተድኣ ኮይኑ ነዚ ዝስዕብ ረቋሒታት (መምዘኒ) ከማልእ ይግባእ።

፩. ክህነት ዝተቀበለን ዕድሚኡ ልዕሊ ፴ ዓመት ዝኾነን

፪. ክቕድስን ክምህርን ዝኽእል ዝከኣል እንተኮይኑ ሓዲሳት፣ ብሉያት ሊቃውንትን መጻሓፍት ትርጓሜ ትምህርት ካብ ሠለስቲኡ ሓደ ዝተመሃረ ወይ ድማ ካብ መንፈሳዊ ኮሌጅ ብዲፕሎማ ወይ ውን ካብዚ ንላዕሊ ዝተመረቐ

፫. ኣብ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ቅኑዕ ኣገልግሎት ዝሃበ (ዘበርከተ)

፬. ብሥነ ምግባሩን ብካህናዊ ኣርኣያኡን ዝተመስከረሉ።

፭. ናይ ምምሕዳራዊ ሥራሕ ልምዲ ዘለዎ።
፮. ዝኸኣል እንተኮይኑ ናይቲ ኣከባቢ ቋንቋ ዝዛረብ
፪. **<u>ረቛሒታት ሊቀ ካህናት ወረዳ (ኣካያዲ ሥራሕ)</u>**
ሓደ ካህን ከም ሊቀ ካህናት (ኣካያዲ ሥራሕ) ወረዳ ኮይኑ ክስየም እንተድኣ ኮይኑ ነዚ ዝስዕብ ረቛሒ (መምዘን) ከማልእ ይግባእ
፩. ክህነት ዝተቐበለን ልዕሊ ፴፭ ዓመት ዝዕድሚኡን
፪. ኣማሃዳሪ ደብሪ ወይ ከኣ ኣብ ሃገረ ስብከት ብሓላፍነት እንተወሓደ ንሓሙሽተ ዓመታት ዘገልገለ
፫. ቅኔ ዝፈልጥን ቀዲሱ ዝምህርን
፬. እንተተኻኢሉ ካብ ሓዲሳት፣ ብሉያት ሊቃውንትን ትርጓሜ መጻሕፍት ካብ ሠለስቲኡ ሓደ ዝተመሃረን ወይ ከኣ ካብ መንፈሳዊ ኮሌጅ ብዲፕሎማ ወይ ልዕሊኡ ዝተመረቐ።
፭. ብሥነ ምግባሩን ብካህናዊ ኣርኣያነቱ ዝተመስከረሉ።
፮. ተሞኩሮ ምምሕዳራዊ ሥራሕ ዘለዎ
፯. እንተተኻኢሉ ኣብቲ ወረዳ ዝዝረብ ቋንቋ ዝኽእል
፫. **<u>ረቛሒታት (መምዘኒ) መራሒ ሥራሕ ሃገረ ስብከት</u>**
ሓደ ካህን መራሒ ሥራሕ ሃገረ ስብከት ኮይኑ ክስየም እንተድኣ ኮይኑ ድንጋጌ ዓንቀጽ ፶፫ ቁጽሪ ፰ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ከም ዘለዎ ኮይኑ ነዚ ዝስዕብ ተወሳኺ ረቛሒታት ከማልእ ይግባእ፥
፩. ዕድሚኡ ልዕሊ ፴፭ ዓመት ዝኾነን ክህነት ዝተቐበለን
፪. ኣማሓዳሪ ደብሪ ወይ ውን ሊቀ ካህናት ወረዳ ወይ ከኣ ኣብ ሃገረ ስብከት ወይ ድማ ጠቅላሊ ቤተ ክህነት ብሓላፍነት ዘገልገለ
፫. ቅኔ ዝፈልጥን ቀዲሱ ክምህር ዝክእልን
፬. ካብ ፍሉጣት ቤት ትምህርት ትርጓሜ ብሓዲኡ ዝተመረቐ ወይ ውን ካብ መንፈሳዊ ኮሌጃት ብሓዲኡ ዝተመረቐ
፭. ብሥነ ምግባሩን ብኣርኣያ ክህነቱን ዝተመስከረሉ
፮. ናይ ምምሕዳር ሥራሕ ልምዲ ዘለዎ

፯. እንተተኻኢሉ ብሃገረ ስብከቱ ዝዝረብ ቋንቋ ዝኽእል

## ፬. **<u>ሹመት ኣገልገልቲ ገዳማትን ኣድባራትን ናይ ውሽጢ ኣገልገልትን</u>**

ብሞይኦም ብቑዓት ትዕቢት፣ ተንኮል፣ ምንዕዓብ ካብ ስኽራንን ካልኦት ኣነወርቲ ተግባራት ዝረሓቑን፣ ብሠናይ ሥነ ምግባሮምን ብመንፈሳውነቶም ካብ መንጎ ዝተመስከረሎም ካህናት ዝተመርጹ፣

ሀ/ ብቅዱስ ፓትርያርክ ዝስየሙ ናይ ገዳማትን ኣድባራትን ኣመሓደርቲ ኣበምኔታትን እመ ምኔታትን፣ ብሃገረ ስብከት ሊቀ ጳጳስ ኣቅራብነት ብቅዱስ ፓትርያርክ ይስየሙ ተጸዋዕነቶም ናብ ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ይኸውን

ለ/ ኣማሓደሪ ናይ ካልኦት ገዳማትን ኣድባራትን ናይ ገጠር ኣብያተ ክርስቲያናትን ብሊቀ ጳጳሳት ሃገረ ስብከት ይስየሙ፡፡ ኣብ ገዳማት ናይቲ ገዳም ማሕበር መሪጹን ነቲ መሥርሕ ምርጫ ብቃለ ጉባኤ ኣሰንዩን ምስ ዝቐርብ። ንናይ ገጠር ኣብያተ ክርስቲያናት ብናይ ነፍስ ወከፍ ሰበኻ ካህናትን ምእመናን ተመሪጾም ብምምሕዳራዊ ጉባኤ ቤ/ጽ ቤተ ክህነት ተወሲኑ ምስ ዝቀርብን፥ ብሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ሸመቶም ይጸድቅ፡፡

ሐ/ ኣማሃዳሪ ደብሪ ኮይኑ ዝስየም ካህን ብስሙ መኣርግ ናይቲ ደብሪ ይጽዋዕ።

፭. እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተደንገገ ከም ዘሎ ኮይኑ ብሓድነት ብመቑነን ዝመሓደሩ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ወይ ድማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ መነኮሳት ወይ መነኮሳይያት ብመሠረት ሥርዓት ናይቲ ገዳም ኣበምኔቶም ወይ እመምኔታተን መሪጾም/መሪጻን እንተቕረቡ እንተቕረባ ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት የጽድቐሎም/የጽድቐለን።

፮. ሀ/ ሊቀ ጠበብት ቄስ ገበዝ፣ ቀኝ ጌታ፣ ግራ ጌታ፣ ርእሰ ደብሪ፣ ኣጋፋሪ፣ ሊቀ ዲያቆናት ንዝብሉ መዓርጋት ቤተ ክርስቲያን ዝወሃብ ሽመት ብጉባኤ ካህናት ዓቕሚ ሞያን ሥነ-ምግባርን ተጸኒዑ

ንዝምረጹ ካህናት ብሠናይ ፍቃድ ላዕለዋይ ኣካል ብኣማሓደርቲ ዝፍጸም ስምየት (ምርጫ) መዓርግ ኢዩ።
ለ/ ስምየት መዓርግ ክረኽቡ ዝግብኦም ካህናት ዘመነ ኣገልግለቶም ሞይኦምን ሥነ ምግባሮምን ብጉባኤ ሰበኻ ተራእዩ ምስ ተወሰነ ናብ ሃገረ ስብከት ቀሪቡ ሓቅነቱ ምስተረጋገጸ ብሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ስምየት መዓርግ ይፍጸም።
ሐ/ ምእመን ንቤተ ክርስቲያን ብቕንዕና ዘገልገለ ንምኧኑ ብናይ ጣብያ ሰበኻ ጉባኤ ተወሲኑ ምስቀረበን ሓቅነቱ ብምምሕዳራዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ምስተመስከረን ብሊቀ ጳጳስ ሹመት ይረከብ።
መ/ ናይ ቤተክርስቲያን ናይ ካህናትን ናይ ምእመናንን ስምየተ መዓርግ ብቅዱስ ፓትርያርክን ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከትን እምበር ብካልኦት ክወሃብ ኣይክእልን።
፺. ጣብያ ቤተ ክህነት መምህራን፣ ሰባኸያን፣ ኣቕሽሽቲ፣ድያቆናት መምህራን ይኹን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሠራሕተኛታት ንናይ ኣጥብያ ቤተ ክርስቲያን ክቖጽር ዝኽእል ካብ ሃገረ ስብከት ብዝወሃብ መምርሒ ረቛሒታት ጠባይን ሞያዊ ዓቕምን ዓይነት ሥራሕን ዝድለየሉ ቦታን ብዕሊ ብምልክታ ኣፍሊጡ ምስ ኣወዳደረ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት እንተ ኣሚኑሉን ሊቀ ጳጳስ እንተፈቒዱን ጥራይ ይኽውን።
፺፩. ኣብ ሃገረ ስብከት ኣዲስ ኣበባ ንዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያናት ዝቑጸሩ ሠራሕተኛታት ቅዱስ ሲኖዶስ ብዘውጽኦ ደንቢ መሠረት በቲ ሃገረ ስብከት ብፈተና ተወዳዲሮም ዝሓለፉ ጥራይ እንተዘይኮይኑ ብናይ ኣጥቢያ ኣማሓዳሪ ወይ'ውን ብሥልጣን ሰበኻ ጉባኤ ዝፍጸም ምቑጻር ሠራሕተኛታት ኣይህሉን።
፺፪. ካብ መንበረ ፓትርያርክ ስጋብ ቤተ ክህነት ወረዳ ዝምደቡ ሠራሕተኛታት ኩነታት ኣቆጻጽራ ብማእኸልነት ጠቅላሊት ቤተ ክህነት ኣድላይነት እቲ ሥራሕ እንዳተጸንዐን ይፍጸም።

፲. ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ምትሕግጋዝ ሕብረት ካህናትን ምእመናንን ዝተሠረተ ከም ምኳኑ መጠን ኣብ ርእሲ ብደሞዝ ዝሠርሑን ብቀዋምነት ዝተመደቡን ካህናት ናይ ካልኦት ፍልጠትን ጉልበትን ወሲኽኻ ንምርካብ ምእንታን ክከኣል።
ሀ/ ኣብ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ወጻኢ ብውልቆም ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ኣብ ሥራሕ ዝርከቡ ካህናት ብሠናይ ፍቃድ ላዕለዋይ ኣካል ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዝየኦም ከም ሞያኦምን ምርጫኦምን ብሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ ኣቢሎም ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለየ ክፍልታት ሥራሕ ሰበኻ ተመዲቦም ብነጻ (ብወለንታ) ኣገልግሎቶም ንከበርክቱ ኩነታት ምጥጣሕ።
ለ/ ምእመናን ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዘይምልከት ዝኾነ ይኹን ዓይነት ሥራሕ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዝመደበትሎም ብጽሒት ኣገልግሎትን ብወለንትኦም ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዚኦም ዝግባእን ዝድለን ኣገልግሎት ምብርካብ ክርስቲያናዊ መሰልን ግቡእን ኢዩ።

## ዓንቀጽ ፳

## መሰልን ግቡእን ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ካህናትን ካልኦት ሠራሕተኛታትን

ድንጋገ ዓንቀጽ ፲፪ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ከምዘሎ ኮይኑ ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ካህናትን ካልኦት ሠራሕተኛታትን ነዚ ዝስዕብ መሰልን ግቡእን ይህልዎም፥

፩. **መሰል**

ሀ/ ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ዘገልግሉ ካህናትን ካልኦት ሠራሕተኛታት ከም ሥርሖም ከም መዮኦምን ብመጠን ዘበርከትዎ ኣገልግሎትን ደሞዝ ምርካብ ሕጋዊ መሰሎም ኢዩ
ለ/ ብወርሓዊ ደሞዝ ክሰርሑ ዝጸንሑን ክፍሊት ጡረታ ዘማልኡን ካህናትን ካልኦት ሠራሕተኛታትን ካብ ቤተ ክርስቲያን ናይ ጡረታ ኣባል ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

ሐ/ ዝኾነ ይኹን ኣገልጋሊ ቤተ ክርስቲያን ካህን ይኹን ካልእ ሠራሕተና ብመሠረት ሕጊ ዘፍቀዶ ዓመታዊ ዕረፍትን ናይ ሕማም ፍቃድን ኣብ ርእሲ'ዚ ንዓል ኣንስተይቲ ሠራሕተኛ ናይ ሕርሲ ፍቃድ ዕረፍቲ ክረክቡ መሠሎም ሕሉው ኢዩ።

መ/ ዝኾነ ይኹን ኣገልጋሊ ቤተ ክርስቲያን ካህን ይኹን ካልእ ሠራሕተኛ ብሞያ ብኣገልግሎት ብጽሕፈት ሥራሕ እምነት (ቅንዕና) ብዘበርከቶ ውጽኢት ሥራሕ ብቕዓትን ህርኩትነትን ወሰኽ ደሞዝን ዕብየት ሥራሕን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

ሠ/ ካብ ናይ ጣቢያ ቤተ ክርስቲያን ስጋብ ጠቅላሊ ቤ/ጽ መንበረ ፓትርያርክ ዘለው ብደሞዝ ዘገልግሉ ሠራሕተኛታት ናይ ጡረታ መውጽኢ ዕድመ ፷ ዓመት (ሱሳ ዓመት) ኢዩ። እንተኾነ ጡረታ ዕድሚኡ ዝበጽሐ ሰብ ንሥራሕ ኣድልዩ ኮይኑ ምስ ዝርከብ ብናይ ቀረባ ሓለቅኡ ዝወሃብ ርኢቶ ብኮሚቴ ጡረታ ተጻርዩ ናብ ምምሕዳራዊ ኮሚተ ቀሪቡ ኣድላይነቱ እንተ ተኣሚንሉ ብሠናይ ፍቓዱ ሊቀ ጳጳስ ብመልክዕ ኩንትራት ተቆጺሩ ክቕጽል ይኽእል ኢዩ።

ረ/ ካብዚ ዝተጠቐሰ ወጻኢ ዝግበር ናይ ኮንትራት ምቁጻር ሠራሕተኛ ሕጋውነት የብሉን።

ሰ. ኣብ መንግሥታዊ ይኹን ህዝባዊ ትካላት ክሰርሑ ጸኒሖም ጡረታ ዝወጹ ሰባት ኣብ ዝኾነ ይኹን ጽፍሒ ናይ ሥራሕ (ካብ ቤተ ክርስቲያን ጣብያ ስጋብ መንበረ ፓትርያርክ) ብነጻ ከገልግሉ እምበር ብደሞዝ ኣይቑጸሩን ኮይኑ ግን ፍሉይ ክእለት ዝውንን እንተኮይኑን ኣገዳስነት ዘለዎን እንተ ኮይኑ ብኩንትራት ተቖጺሩ ንክሠርሕ ይፍቀደሉ።

ሸ/ ካብ ቤተ ክርስቲያን ኣጥቢያ ስጋብ መንበረ ፓትርያርክ ኣብ ዘለዋ ቤት ዕዮታት ተቖጺሩ ዘገልግል ዝነበረ ሠራሕተኛ ኣብ ሥራሕ እንከሎ

ወይ ከኣ ጡረታ ምዝወጸ ብሞት እንተድኣ ተፈልዩ መሰል ጡረታ ሕጊ ናብ ዘፍቅደሎም ቤተ ሰቡ ይሓልፍ።

ቀ/ ሓደ ሠራሕተኛ መሰል ጡረታ ዝፍቀደሉ ቀዋሚ ሠራሕተኛ ኮይኑ ክፍሊት ጡረታ እንዳኸፈለ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ዘገልገለ እንተድኣ ኮይኑ እዩ። ትሕቲ ዓሰርተ ዓመት ንዘገልገለ ሠራሕተኛ ግን ዘገልገሎ ዓመታት ተጸብጺቡን ኣብ ወርሒ ዝረኸቦ ዝነበረ ደሞዙ ተሓሲቡ ብጥቅልሉ ሓደ ጊዜ ጥራሕ ይኸፈል።

በ/ ሓደ ሠራሕተኛ ካብ ሓደ ቤተ ክርስቲያን ኣጥቢያ ካብ ካልእ ወይ ከኣ ካብ ሓደ ቤተ ዕዮ ናብ ካልእ ብሥራሕ ምኽንያት እንተድኣ ተቐይሩ ካብ ደሞዙ ንጡረታ ዝኸፈሎ ፬% ውን ዝሠርሓሉ ትካል ብስም ሠራሕተኛ ኣታዊ ዝገበሮ ፮% ተወራሪዱ ንጡረታ ኣባል ንምክፋል ንዝጥዕም መንገዲ ናብቲ ጡረታ ዝወጸሉ ቤተ ርስቲያን ኣጥቢያ ወይ ቤት ዕዮ ብማእከል ደረጃ ናብ ዝቐውም ትካል ይዛወር/ ይሓልፍ።

ተ/ ካብ መንበረ ፓትርያርክ ስጋብ ጣብያ ቤተ ክርስቲያን በብደረጅኡ ዝርከባ ቤት ትምህርታት ትርጉም መጻሕፍቲ ቅኔ (ግእዝ) ጸዋት ዜማ ኣቋቋምን ቅዳሴን ዝምህሩ መምህራን ዕድሚኦም ዋላ'ኳ ንጡረታ ዘብቅዖም እንተኾነ ሓይሎም እንተዘይደኺሙ ጡረታ ከይወጹ ሥርሖም ክቕጽሉ መሰሎም ሕሉው እዩ።

፪. **<u>ግቡእ (ግዴታ)</u>**

ሀ/ ካህናትን ካልኦት ሠራሕተኛታት ቤተ ክርስቲያን ነቲ ኣሚኖምን ፈቒዶምን ዝተቖጸሩሉ ሥራሕ ብምሉእ ሓይልን ዓቕምን ምሥራሕ ግዴትኦም እዩ።

ለ/ ዝኾነ ይኹን ካብ ጣብያ ስጋብ መንበረ ፓትርያርክ ዘሎ ሠራሕተኛ ቤተ ክርስቲያን ፬% ናይ ጡረታ መዋጮ ምኽፋል ግዴትኡ ኢዩ።

ሐ/ ነፍስ ወከፍ ካህን ኣባት ነፍሲ ንዝኾኖም ሃይማኖታዊ ደቁ ክምህሮምን ኣብ ሰበኻ ጉባኤ ከመዝግቦምን ዝተመደበሎም ክፍሊት ብእዋኑ ንክከፍሉ ከትግሆምን ክርስቲያናዊ ሓላፍነት ኣለዎ።
መ/ ንተኸተልትን ምእመናንን ምእመናትን ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ካብ ጥምቀት ስጋብ ጸሎተ ፍትሓት ዘሎ ኣገዳሲ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ምሃብ ናይ ካህናት ግቡእን ሓላፍነትን ኢዩ።
ሠ/ ነፍስ ወከፍ ካህን ወይ'ውን ሠራሕተኛ ሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን ብመሠረት ሕገ ቤተ ክርስቲያን ከኽብርን ምስ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ዘየሳኒ ዘነውር ሥራሕ ንቤተ ክርስቲያን ካብ ዘዓንቅፍ ተግባራት ምርሓቕ ግዴታኡ ኢዩ።
ረ/ ካብ ቤተ ክርስቲያን ኣጥቢያ ስጋብ መንበረ ፓትርያርክ ዝርከቡ ካህናትና ሠራሕተኛታትን ካብ ሓደ ወረዳ ናብ ካልእ ወረዳ ካብ ሓደ ጣብያ ናብ ካልእ ጣብያ ከም ኣድላይነቱ እንዳተዘዋወሩ ምስራሕ ግዴትኦም ኢዩ።
ሰ/ ካብ ቤተ ክርስቲያን ኣጥቢያ ስጋብ መንበረ ፓትርያርክ ዝርከቡ ካህናትን ሠራሕተኛታትን ሥርሖም ብግቡእ ምስልሳል ብጉዳይ ሥራሕ ሓለፍቲ ዝህብዎ መምርሒ ምቕባልን ትእዛዝ ምኽባርን ብሥነ ምግባርን ብቕንዕናን ምግልጋል ሥራሕን ናይ ሥራሕ ሰዓት ምኽባርን ግዴትኦም እዩ።
ሸ/ ብሕማም ወይ ከኣ ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ብዘጋጥም ጸገም እንተዘይኮይኑ ሓደ ካህን ካብ ሥራሕ ከብኩር ኣይፍቀደሉን። ካብ ፈጣሪ ኣምላኽ ብዝተዓደሎ ጸጋ ሓደ ካህን ብሙሉእ ዓቅሙ ከገልግል ይግባእ። ምእመናንን መናእሰይን ካብ ባዕዳዊ ሃይማኖት ምሕላውን ግቡእ ኣስተምህሮ ምሃብን ሓላፍነቱን ግዴትኡን ኢዩ።
ቀ/ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣገልገልቲ ዝኾኑ ዲያቆናት፣ ብዲቁና መዓርጎም ክቕድሱ ዝኽእሉ ካብ ፲፰ ስጋብ ፳፰ ኣብ ዘሎ ክልል ዕድመ ይኸውን። ዕድሚኦም ልዕሊ ፳፰ ዓመት እንተኾይኑ ብሕጊ

መዓርግ ክውሰኑ ወይ ከኣ ብድንግልና ክነብሩ እንተወሲኖም ገዳም ሰፈሮም ብሥርዓተ ምንኩስና ብምጽናዕ ኣገልግሎት ክበርክቱ ይኽእሉ።

## <u>ዓንቀጽ ፳፩</u>

## <u>መሰልን ግቡእን ናይ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ምእመናን</u>

ድንጋገ ዓንቀጽ ፲፫ ሕገ ቤተ ክርስቲያን ከምዘሎ ኮይኑ ምእመናን ነዚ ዝስዕብ መሰልን ግቡእን ይህልዎም።

**፩. <u>መሰል</u>**

ሀ/ ኣብ ሰበኻ ዝነብር ብኣጥቢያ ሰበኻ ጉባኤ ከም ኣባል ተፈሊጡ ዝተመዝገበን ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዘማልእን መለለዩ መንነት ዝተዓደለ ምእመን ቤተ ክርስቲያን እትህቦ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ምርካብ መሰሉ ኢዩ።

ለ/ ኣብ ዝቕመጠሉ ዝነበረ ናይ ጣቢያ ቤተ ክርስቲያን ናይ ኣባልነት ክፍሊት ከፊሉ ዝወደአ ምእመን፣ ናብ ካልእ ቤተ ክርስቲያን ከባቢ ግዒዙ እንተቀይሩ እሞ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ኣብቲ ሓድሽ ከባቢኡ እንተጠለበ ካልእ ተወሳኺ ክፍሊት ኣይሕተትን።

ሐ/ ጋሻ ሰብ ሃንደበት ኣብዘይነብረሉ ከባቢ እንተሞይቱ መለለዩ መንነት ኣባልነት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ እንተጸኒሕዎ ወይ ድማ ኦርቶዶክስ ንምኳኑ ዝገልጽ ማዕተብ ኣብ ክሳዱ እንተተረኺቡ ወይ ድማ ተኸታሊ እምነት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምኳኑ እንተተመስከረሉ ነታ ዕለት ጸሎት ፍትሓት ብነጻ ይግበረሉ።

መ/ ዝኾነ ይኹን ምእመን ኣብ ሰበኻ ጉባኤ ተመዝጊቡ ወርሓውን ዓመታውን መዋጮ ዝኸፈለን እንተኮይኑ ንሱ ኣመዝጊብዎም ካብ ዝጸንሑ ኣባላት ቤተ ሰብ ሓደ ብሞት እንተተፈልዩ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ጸሎተ ፍትሓት ይግበረሉ። ሥርዓተ ቀብሩ'ውን ይፍጸም።

ሠ. ኣብ ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ጉባኤ ተመዝጊቡ ግቡእ ክፍሊት ክኸፍል ዝጸንሐ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ንክልተ ዓመት

ክፍሊት ዘቋረጸ ነቲ ዝተረፎ ውንዙፍ ዕዳ ይኸፍል፡ ልዕሊ ክልተ ዓመታት ዘቋረጸ ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ውንዙፍ ዕዳ መቕጻዕቲ ተወሲኽዎ ይኸፍል። ከምኡ እንተጌሩ ከኣ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

ረ/ ኣብ ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ዘይተመዝገበ ግቡእ ወርሓውን ዓመታውን መዋጮ ዘይከፈለ ብሞት እንትፍለ ኣባል ተዋሕዶ ኦርቶዶክስ ኢትዮጵያ ንምኳኑ ብኣቦ ነፍሱ እንተድኣ ተረጋጊጹ ስድርኡ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ብምኽፋል ጸሎተ ፍትሓት ንክግበረሉ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎም።

ሰ/ ዝኾነ ይኹን ኣባል ቤተ ክርስቲያን ተዋሕዶ ኦርቶዶክስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢ ጸሎተ ፍትሓት ምስተገብረሉ ናይ መቃብር ስፍራ ምርካብ መሰሉ ኢዩ።

**፪. ግዴታ**

ሀ/ ኣብ ነፍስ ወከፍ ጣብያ ዝነብር ምእመን ብመዋጮ ኣብ ምሕደራዊ ሥራሕ ትምህርቲ ኣብ ልምዓታውን ማሕበራን መነባብሮ ኣገልግሎትን ብሓፈሻ ብሃብቶም ጉልበቶምን ፍልጠቶምን ምሕጋዝን ኣብቲ ናይ ሰበኻ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ኣብ ውሽጢ ብምስታፍ ንቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ምግልጋል ክርስቲያናዊ ጉቡኦም ኢዩ።

ለ/ ዝኾነ ይኹን ብሓንቲ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ዝነብርን ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እምነት ተኸታሊ ዝኾነ ምእመን ኣብ ኣጥቢኡ ቤተ ክርስቲያን ምምዝጋብ፣ በዚ ደንቢ (ሕጊ) ንዝተወሰነ ወርሓውን ዓመታውን ቅብሊት ምኽፋል ናይ ኣባልነቱ መንነት ምሓዝ ከምኡ'ውን ቤተ ሰቡን ደቁን ብዝርዝር ምምዝጋብን ኣካል መጠን ንዝበጽሑ'ውን ናይ ርእሶም ናይ ኣባልነት መንነት ከምዝሕዙ ምግባር ብሰንበት ት/ቤት ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ከም ዝከታተሉን ንሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን ከም ዝሕልዉ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ።

ሐ/ ዝኾነ ምእመን ንሕገ ቤተ ክርስቲያን ዝመሓላለፍ (ዝጻረር) ንሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን ነቒፉ ዘንቅፍ፣ ንክብረ ቤተ ክርስቲያን ደፊሩ ዘድፍር ክኸውን የብሉን፣ ብቤተ ክርስቲያን ሥርዓትን ብቅድሳት መጻሕፍቲ ትምህርቲ ምምራሕን ብዝተወሰነሉ ናይ ምእመንነት ደረጃ ጸኒዑ ንኽነብር ግዴትኡ ኢዩ።

መ. ሓደ ምእመን ካብ ዝነብረሉ ናይ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ወይ ካልእ ኣጥቢያ ቤተ ክርስቲያን ምስ ዝዘዋወር ኣቀዲሙ ኣብ ዝነበሮ ሰበኻ ጉባኤ ንዝተቀበሎ ናይ ኣባልነት መንነት ድሕሪ ምርካቡ ናይ መሰነይታ ደብዳቤ ምቅባልን ንዝተዘዋወረሉ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ብወቅቱ ኣቕሪቡ ክምዝገብ ይግብኦ።

ሠ/ ሓደ ምእመን ብሰበካኡ ቤተ ክርስቲያን ንኣባላት ሰበካ መንፈሳዊ ጉባኤ ናይ ምምራጹ መሰል ከም ዘለዎ ናይ ምምራጹን ናይ ምግልጋልን ግዴታ'ውን ኣለዎ።

ረ/ ነፍሲ ወከፍ ምእመን ካብ ማእከል ሥልጣነ ክህነት ምስ ዘለዎም ካህናት ንሓደ መሪጾም ናይ ንስሓ ኣቦ ምሓዝ ግዴትኦም ኢዩ።

## ዓንቀጽ ፷፪

## ናይ ኣገልገልቲ ካህናት ብዝሒ ስለምውሳን

ብገዳማት ብኣድባራትን ብገጠራትን ኣብያተ ክርስቲያናት ብቀዳምነት ዘገልግሉ ካህናትን ዝተፈላለዩ ሠራሕተኛታት ብዝሒ ከም ቤተ ክርስቲያኑ ናይ ኣገልግሎት ስፍሓትን ናይ ኣታዊ መጠን ብሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ብወረዳ ቤተ ክህነትን ብደረጃ ሃገረ ስብከት እንዳተጸንዐ ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝወሃቦ መምርሒ ይውስን።

## ዓንቀጽ ፳፫
## እዚ ቃለ ዓዋዲን ሕገ ቤተክርስቲያንን ኣብ ልዕሊ ዝተሓላለፍ ዝወሃብ ውሳኔ

፩. ዝኾነ ይኹን ክርስቲያን ኣገልጋሊ ካህን ወይ'ውን ሠራሕተኛ ብቃለ ዓዋዲ ብዓንቀጽ ፳ ተራ ቁጽሪ ፪ ንዝተደንገገ ተመሓላሊፉ (ሕጊ ጥሒሱ) እንተተረኺቡ ከምጥፍኣቱ መጠን ብመጀመርታ ምክርን ተግሣጽን፣ ካልኣይ መጠንቀቕታ ይወሃቦ፣ ብሣልሳይ ጊዜ መቕጻዕቲ ይውሰኖ። መቕጻዕቱ'ውን ከም ክብደት ጥፍኣቱ ተመዛዚኑ ብገንዘብ ወይ ብቀኖና፣ ካብ ሥራሕ ብምዝዋር (ብምቕያር) ካብ ሥራሕ ብምእላይ፣ ካብ ሥራሕ ብምስንባት ወይ'ውን ካብ ኣባልነት ብምፍላይ ክውሰን ይኽእል። ኮይኑ ግን ናይ መወዳእታ ውሳኔ ማለት ካብ ሥራሕ ናይ ምስንባቱ ወይ'ውን ካብ ኣባልነት ናይ ምፍላዩ መቕጻዕቲ ክጸንዕ ዝኽእል ናይ ወረዳ ቤተ ክህነት ተሰማሚዒሉ ናብ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ቀሪቡ ብሊቀ ጳጳስ ምስ ዝጸድቕ ይኸውን።

፪. ሓደ ካህን ካብ ሥራሕ ክእገድ ወይ'ውን ክሰናበት ወይ ጠቕሊሉ ካብ ክህነት ክእገድ ዝወሃብ ውሳኔ ተግባራዊ ክኸውን ዝኽእል፥

ሀ/ እቲ እግድ ብጣቢያ ቤተ ክርስቲያን ወይ ብወረዳ ደረጃ እንተኾይኑ ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ምምሕዳራዊ ጉባኤ ሪኡ እንተ ኣጽዲቕዎ።

ለ/ ካብ ሃገረ ስብከትን ካብኡ ንላዕልን ኣብ ዘሎ ናይ ሥራሕ ቦታ ክሠርሕ ዝጸንሐ እንተድኣ ኮይኑ ጠቕላሊ መራሒ ሥራሕ ብምምሕዳራዊ ጉባኤ ጥቕላሊ ቤተ ክህነት ሪኡ እንተኣጽዲቕዎ ጥራይ ይኸውን።

፫. ሓደ ካህን ክህነት ዘደስክል (ዘትሕዝ) ጌጋ እንተፈጺሙ ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ብዝመርሖ ኣኼባ ብምምሕዳራዊ ጉባኤ ምስተወሰነ ክህነቱ ይተሓዝ (ይእገድ)

፬. በዚ ዓንቀጽ ቁጽሪ ፩ መሠረት ምኽሪ ተግሳጽ ከምኡ'ውን መጠንቀቕታ ተዋሂብዎ ከብቅዕ ሓደ ካህን ኣቦ ነፍሲ ንዝኮነሉ ሰብ ኣብ ሰበኻ ጉባኤ ከየመዝገበ ወርሓውን ዓመታውን መዋጭኡ ከየኸፈሎን ካልእ መንፈሳዊ ግቡኣቱ ምፍጻሙን ዘይምፍጻሙን ከይተኸታተለ ጸኒሑ እቲ ውሉደ ንስሓ እንተሞይቱ ናብ ፍትሓት ምቕራብ ጥራሕ እንተደኣ ኮይኑ ሥርሑ፥

ሀ/ መጀመርታ ናይ ጽሑፍ መጠንቀቕታ

ለ/ ካልኣይ ናይ ሓንቲ ወርሒ ፍርቂ ደሞዝ ይቁረጽ

ሐ/ ሣልሳይ ምሉእ ናይ ወርሒ ደሞዙ ተቖሪጹ ናይ መወዳእታ መጠንቀቕታ ይበጽሖ

መ/ ብመወዳእታ ካብ ሥልጣነ ክህነቱ ይእገድ።

፭. ሓደ ምእመን መንፈሳዊ ግቡኡ ከማልእ እንተዘይ ክኢሉን ንድንጋጌ ቃለ ዓዋዲ ዓንቀጽ ፷፩ ቁጽሪ ፪ ዝተደንገገ ጥሒሱ ምስ ዝርከብ፥

ሀ/ ብመጀመርታ ጊዜ ብኣቦ ነፍሱ ወይ ድማ ካብ ቤተ ክርስቲያን ብዝተወከለ ኣቦ ምክርን ትምህርትን ይወሃብ።

ለ/ ብካልኣይ ጊዜ ተግሣጽን ቀኖናን ይወሃብ

ሐ/ እንተዘይ ተኣሪሙን ንሣልሳይ ጊዜ መጠንቀቕታ ተዋሂብዎ ንዝተወሰነ እዋን ካብ ኣባልነት ይእገድ።

፮. ሓደ ምእመን ካብ ኣባልነት ምሉእ ብምሉእ ንክስረዝ ዝመሓላለፍ ውሳኔ ክጽናዕ ዝከኣል ናይ ሃገረ ስብከት ሊቀ ጳጳስ ብፍሉይ ጉባኤ ተመልኪቱ ምስ ዘጽድቆ ጥራሕ ኢዩ።

## <u>ዓንቀጽ ፷፬</u>

## <u>ናይ ኣፈጻጽማ ሥነ ሥርዓት</u>

፩. ኣብ ናይ ጣብያ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚ ሥራሕ) ብዝተወሃበ (ዝሓለፈ) ውሳኔ ቅሬታ ዘለዎ እንተኮይኑ ደረጃኡ ሓልዩ ነቲ ጉዳይ ክርኣየሉ ናብ ቤተ ክርስቲያን ወረዳ ብመልክዕ ይግባይ ከቕርብ ይክእል።

፪. ኣብ ወረዳ ዝወሃብ ውሳኔ ቅሬታ እንተሕዲሩ (እንተ ኣስሚዑ) ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ኣብ ዝተረኸበሉ ብምምሕዳራዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ተራእዩ ውሳኔ ይረክብ።

፫. ካብ ታብያ ቤተ ክርስቲያን ስጋብ ወረዳ ዝርከቡ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት ተመሪጾም ሥራሕ ምስ ጀመሩ ገንዘብ እንተ ኣጓዲሎም ወይ'ውን ካልእ ጸገም (በደል) እንተፈጢሮም ምምሕዳራዊ ጉባኤ መንበረ ጵጵስና ሃገር ስብከት ሊቀ ጳጳስ ብዝመርሖ ኣኬባ ተራእዩ ነቶም ኣባላት ናይ ሰበኻ ጉባኤ ናይ ምስዓር ሥልጣን ኣለዎ።

፬. ኣብ ሃገረ ስብከት ዝተመረጹ ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምህዳራዊ ጉባኤ (ኮሚቴ ፈጻሚት ሥራሕ) ኣባላት ሥራሕ በደሎም ወይ ከኣ ጌጋ እንተፈጸሙ ብምምሕዳራዊ ጉባኤ ጠቅላሊ ቤተ ክህነት ተራእዩ ይውሰን፥ ኣብ ክንዲ እዞም ዝተሰጎጉ (ዝተሰናበቱ) ኣባላት ከኣ ካልኦት ተመሪጾም ይትክኡ

፭. ካብ ቤተ ክርስቲያን ኣጥቢያ ጀሚሩ በብደረጅኡ ዝርከባ መንፈሳውያን ጉባኤታት ኣተሓሕዛ ሕሳብን ዕቀባ ንብረትን ብምእኹል ኣሠራርሓ ብጠቅላሊ ቤተ ክህነት ተዳልዩ ብዝቐርብ ሞዴላትን (ቅጥዕታትን) ቅብሊታትን መዝገብን ተጠቂሞም ናይ ሥራሕ ግዴታ ኣለዎም። ካብዚ ወጻኢ ዝሥራሕ ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

፮. እዚ ንስለ ሓለዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ንምምሕያሽ መነባብሮ ኣገልገልቲ ካህናት ደንብን ሕገ ቤተ ክርስቲያንን ቃለ ዓዋዲ ኣብ ሥራሕ ንኸይውዕል ብቐጥታ ይኹን ብኢድ ኣዙር ዝቃወም ካህን ካብ ክህነቱ ምእመን ካብ ኣባልነቱ ይስረዙ።

፯. ቅድሚ ሎሚ (ኣቐዲሙ) ኣብ ሚያዝያ ዕለት ፲፱፣ ፲፱፻፸ ዓ.ም ዝወጸ ቃለ ዓዋዲ ታኅሣሥ ዕለት ፲፡ ፲፱፻፸፬ ዓ.ም ዝወጸ መማሓየሺ ቃለ ዓዋዲ ግንቦት ዕለት ፱፣ ፲፱፻፸፯ ዓ.ም ዝወጸ ውሽጣዊ ደንቢ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ግንቦት ዕለት ፲፣ ፲፱፻፺፩ ንሣልሳይ ጊዜ

ተመሓይሹ ዝወጸ ቃለ ዓዋዲ በብጊዚኡ ዝተመሓላለፈ ምምርሒታት ኩሎም በዚ ቃለ ዓዋዲ ተመሓይሾም።

## ዓንቀጽ ፻፩

## ናይ ኣፈጻጽማ ወሰን

እዚ ቃለ ዓዋዲ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እምነት፣ ሥርዓት፣ ትውፊት መሠረት ገይሮም ኣብ ኩሉ ሸነኽ ክፋላተ ዓለም ተቛቊሙን ብዝቛቛሙን ኣህጉረ ስብከት ወረዳ ቤተ ክህነት ገዳማት ኣድባራት።
ኣጥቢያ ኣብያተ ክርስቲያናት፣ ብዝኾነ ይኹን ደረጃ ብዝርከቡ ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ኣገልገልትን ሠራህተኛታትን ምእመናንን ምእመናትን ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ቤተ ክርስቲያን ልምዓትን ዕቤትን ንምፍላጥን ኣብ ልዕሊ ብዝተቛቆሙን ብዝቛቛሙን መንፈሳዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማኅበራዊን ተቅዋማት ተፈጻሚነት ይህልዎ።

እዚ ቃለ ዓዋዲ ብደረጃ ማእከል ብቛንቛ እንግሊዝኛ ተተርጉሞም ኣብ ሥራሕ ከም ዝውዕል ይግበር። ካብ ኢትዮጵያ ወጻኢ ንዘለው ኣህጉረ ስብከት ንናይ ቃለ ዓዋዲ ትሕዝቶ ከይለቐቑ ምስ ሃገሩ ሕጊ ብምጥዕዓም በቢሃገሩ ቛንቛ እንዳኣተርጎሙ ኣብ ሥራሕ ከምዝውዕል ይገብሩ።

## ዓንቀጽ ፻፪

## ምምሕያሽ ቃለ ዓዋዲ

እዚ ቃለ ዓዋዲ ብሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዓንቀጽ ፺፫ ብተራ ቁጽሪ ፩ን ፪ን ብዝተወሰነ መሠረት ክመሓየሽ (ክምራሕ) ይክእል።

## ዓንቀጽ ፻፫

## ቃለ ዓዋዲ ዝጸንዓሉ ጊዜ

እዚይ ቃለ ዓዋዲ ብቅዱስ ሲኖዶስ ጉባኤ ጸዲቑ
ካብ ዝወጸሉ ካብ ሓምለ ፳፻፱ ዓ.ም.
ጀሚሩ ዝጸንዐ ይኸውን።
ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን
ቅዱስ ሲኖዶስ
ኣዲስ ኣበባ ሐምለ ፳፻፱ ዓ.ም